# ኣድላይነትን ግደን ውዳቤ

## ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ
## ካልኣይ መጽሓፍ

ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን
ማእከላይ ቤት ጽሕፈት
ለካቲት 2006

ኣሕተምቲ ሕድሪ
178 ጐደና ተጋደልቲ
ቀ᎐.ገዛ 35
ቀ᎐.ሳ.ጶ. 1081
ቴሌ 291-1-126177
ፋክስ 291-1-125630
ኣስመራ
ኤርትራ

ኣድላይነትን ግደን ውዳቤ
© 2006 ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን

ISBN 99948-0-028-0

ኣብ ኤርትራ ብኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር እተሓትመ

# ትሕዝቶ


**መእተዊ ..........................................................................1**

**ውዳቤ መሰረት ስልጣኔ .......................................................3**

**ታሪኽ ኣመዓባብላ ፖለቲካዊ ውዳቤ ሕብረተሰባት ..............10**

ናይ ሃደንትን ማእረርትን ፍልመ-ዴሳዊ ሕብረተሰብ
ናይ ሕርሻን ጉስነትን ሕብረተሰብ
ኣብ ጊላነት ዝተመስረተ ጥንታዊ ስልጣኔታትን መንግስታትን
መስፍናዊ ስርዓታት
ዘበናዊ ኢንዱስትሪያዊ ሕብረተሰብ -- ርእሰማልነት፣ ማሕበርነት፣ ካልእ
በበይኑ መልክዓት ፖለቲካዊ ውዳቤ

**ታሪኽ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣብ ኤርትራ ...............................38**

**ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ...............................46**

ቀዳማይ መድረኽ -- ምጅማር ሃገራዊ ፖለቲካ (1941-1951)
ካልኣይ መድረኽ -- ምድንፋዕ ሃገራዊ ቃልሲ (1952-1961)
ሳልሳይ መድረኽ -- ምጅማር ብረታዊ ቃልስን ፖለቲካዊ ጉድለታቱን (1961-1970)
ራብዓይ መድረኽ – ምእራምን ምምዕባል ሰውራዊ ውድብን (1971-1981)
ሓሙሻይ መድረኽ -- ምድልዳል መሪሕ ውድብን ታሪኻዊ ዓወቱን (1981-1991)

**ህዝባዊ ግንባር ከም ሰፊሕ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኣብ ናጻ ኤርትራ ..........................................................................72**

ተመክሮ መሰጋገሪ እዋን (1991-94)
ዳግመ–ምውዳብ ህዝባዊ ግንባር (1994-)
ህግደፍ – እንታይ ዓይነት ውድብ?

ምህናጽ ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ..........................85

ቀዳማይ፡ እዋን ግዝያዊ መንግስቲ (1991-93)
ካልኣይ፡ መሰጋገሪ እዋን (1993-98)
ሳልሳይ፡ እዋን ምክልኻል ሃገር (1998-)
ብድሆታት ምህናጽ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ

# መእተዊ

ሕጂ ናይ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ካልኣይ ኣርእስትና “ኣድላይነትን ግደን ውዳቤ’’ ንጅምር ኣሎና። ኣብ’ቲ ቀዳማይ መጽሓፍ፡ “መባእታ ስነ-ሓሳብን ፖለቲካን’’፡ ብዛዕባ ኣድላይነትን ግደን ስነ-ሓሳብን ፖለቲካን ዘቲና ኔርና። ስነ-ሓሳብን ፖለቲካን ከኣ፡ ከምቲ ኣብ’ቲ ቀዳማይ መጽሓፍ ዝረኣናዮ፡ ብዘይ ውዳቤ ክህሉ ስለ ዘይክእል፡ ከም መቐጸልታ ኣብ’ዚ ካልኣይ መጽሓፍ ብዛዕባ ኣድላይነትን ግደን ውዳቤ ክንዝተ ኢና።

ኣድላይነትን ግደን ውዳቤ ብገፊሑ፡ ብፍላይ ድማ ፖለቲካዊ ውዳቤ፡ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብግብሪ ተረጋጊጹ’ዩ። ኣውራ ኣብ ታሪኽ ሰውራና፡ ውዳቤ ንድኻም ናብ ሓይሊ፡ ንዋሕዲ ናብ ብዝሒ ብምቕያር ዓወት ዝፈጠርናሉ ጥበብ’ዩ። ስለ’ዚ ኣድላይነትን ግደን ውዳቤ ንዓና ጓና ኣርእስቲ ኣይኮነን። ብዛዕባኡ ግን ዝሰፍሐን ዝዓመቘን መረዳእታ ክህልወና ኣዝዩ ኣድላይ’ዩ። ኣብ ታሪኽ ደቅሰብ፡ ምንጪ ውዳቤ እንታይ ምዃኑ፡ ውዳቤ ከመይ ኢሉ ከም ዝማዕበለን ኣድላይነቱን ግዲኡን እንታይ ከም ዝኾነን ምምርማር፡ ብዛዕባ ውዳቤ ዝሓሸ መረዳእታ ንምሓዝ ከገልግለና ይኽእል እዩ። ስግሩ ኸኣ፡ ውዳቤና ንምምዕባልን ንምድልዳልን ዝሕግዘና ፍልጠትን ንቕሓትን ስለ ዝህበና ግብራዊ ኣገዳስነቱ ዓቢ’ዩ። ስለ’ዚ፡ ኣብ’ዚ መጽሓፍ’ዚ፡ ውዳቤ እንታይ፡ ስለምንታይ፡ ብኸመይ፡ ንዝብሉ መሰረታዊ ሕቶታት ብመባእታዊ ደረጃ ክንዝተ ኢና።

ኣብ’ዚ መጽሓፍ’ዚ፡ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ኣመዓባብላን ውዳቤ፡ ኣብ ታሪኽ ስልጣኔታት ዝነበሮ ግደ፡ ፖለቲካዊ ውዳቤ

ሕብረተሰባትን ኣብ ታሪኽ ዘማዕበሎ ዝተፈላለየ መልክዓትን ከም መበገሲ ብላዕሊ-ላዕሊ ክንርኢ ኢና። ነዚ ከም ሓፈሻዊ መእተዊ ብምውሳድ ከኣ፣ ናብ'ቲ ቀንዲ ኣርእስትና ናብ ታሪኽና ብምምጻእ፣ ኣመዓባብላ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣብ ኤርትራ ኣብ ናይ ቅድመ-መግዛእቲ፣ መግዛእቲ፣ ናይ ሃገራዊ ቃልስን ድሕሪ ናጽነትን መድረኻት ብዝያዳ ዝርዝር ክንዝቲ ኢና። እዚ ከነልዕሎ ንደሊ ዘሎና ኣርእስታት ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ሰፊሕን ስለ ዝኾነ፣ ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ከም መላለይን መምሃርን ንኸገልግል ከም ዝተኻእለ መጠን ኣቃሊልናን ናብ ገለ ቀንዲ ጉዳያት ብምትኳርን ከነቕርቦ ምኺንና ምግንዛብ የድሊ። ስለ'ዚ እዚ ጽሑፍ'ዚ ከም መባእታ ዕላማኡ ንቐጻሊ ንባብን ዘተን መበገሲ ክኸውን ጥራይ'ዩ።

# 1
# ውዳቤ መሰረት ስልጣኔ

“ጥበብ ምትሕብባር፣ ጥበብ ውዳቤ፣ መሰረት ስልጣኔ’ዩ’’ ክብሃል ንሰምዕ ኢና። እዚ ኣባሃህላ’ዚ ከኣ ኣብ መንጎ ውዳቤን ስልጣኔን ከመይ ዝበለ ዝምድና ከም ዘሎ ንምምርማርን ምፍታሽን ይድርኽ። ውዳቤ ምንጩ እንታይ’ዩ? ምስ ስልጣኔኸ ብኸመይ ይዛመድ? ዝብል ሕቶታት ድማ የበግስ። ዘተና እምበኣር በዚ ሕቶታት’ዚ ክንፍልሞ ኢና።

ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ቀዳሞት ሰባት ብንኣሽቱ ጉጅለታት ፋሕ ኢሎም ይነብሩ ነበሩ። ኣብ’ዚ ብኻብ 30-40 ሰባት ዝቖሙ እንዳታት ብሓባር እንስሳታት መሮር እናሃደኑ፣ ፍረታት መሮር እናማእረሩ ይነብሩ ኔሮም። እዚ ንዓሰርተታት ኣሽሓት ዓመታት ብዘይ ዓቢ ለውጢ ዝቐጸለ ዝነውሐ መዋእል ኣብ ታሪኽ ደቅሰብ’ዩ።

ኣብ’ዚ ፍልማዊ መዋእል’ዚ፣ ሰብ ብሓባር ዕለታዊ መግቡ እናማእረረ ይነብር ነበረ። ዝጥቀመሉ ዝነበረ ናውቲ ዕዮ ኣዝዩ ጥንታዊ -- ካብ እምኒ፣ ዓጽሚ፣ ዕንጸይቲ ዝተሰንዐ ድሑር መጋበርያታት -- ስለዝነበረ ከኣ፣ እቲ ዘፍርዮ ካብ ዕለታዊ መግቡ ዝሓልፍ ኣይነበረን። ስለ’ዚ ድሕሪ ዕለታዊ መግቡ ዝተርፍ ትርፊ እቶት ዘይነበሮ ናይ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ መነባብሮ የሕልፍ ነበረ። ብሓፈሻ ሰብ ንባህሪ ኣብ ረብሕኡ ናይ ምውዓል ዓቕሙ ኣዝዩ ውሱን ስለ ዝነበረ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ምሕረት ባህሪ ይነብር ነበረ ። እዚ መዋእል’ዚ ፍልመ-ዴሳዊ መዋእል ይብሃል።

ፍልመ-ዴሳዊ ሕብረተሰብ ብድሑር ናውቲ ዕዮ ዝካየድ፣ ትርፊ እቶት ዘየፍሪ ናይ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ቁጠባ (Subsistence

Economy) እዩ ኔርዎ። ምክፍፋል ዕዮ ኸኣ ኣብ ዕድመን ጾታን ዝተመስረተ ፍልማዊ እዩ ኔሩ። ካብ ዕለታዊ መግቢ ንላዕሊ ዝተርፍ እቶት ስለ ዘይነበረ ከኣ ብሕታዊ ጥሪት (Private Property) ኣይነበረን። በዚ ኸኣ ኣብ ሃብቲ ዝተመስረተ ፍልልይን ዘይማዕርነትን ኣይነበሮን። ስለ'ዚ ፍልመ-ዴሳዊ እንዳታት ማዕርነታዊ እዩ ኔሩ። ኣብ መንጎ ውልቀሰባት ናይ ጉልበት፡ ተመክሮ፡ ፍልጠትን ዓቕምን ፍልልይ ኔሩ'ዩ። ግን ናብ ማሕበራዊ ዘይማዕርነት ክቕየር ዘኽእሎ ቁጠባዊ ባይታ ኣይነበሮን። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ መንጎ ገዛእን ተገዛእን ንዘሎ ምክፍፋል ዘንጸባርቕ ናይ ስልጣን ፍልልይ፡ ብውሱናት ሰባት ዝተባሕተን ዝካየድን ስልጣን ኣይነበሮን። እዚ ማለት ስልጣን ከም ነብሱ ዝኽኣለን ብፍሉያት ሰባት ዝካየድን ዓውዲ ኣይማዕበለን ኔሩ። ስለ'ዚ ልምዲ ብዘፍቅዶ፡ ኩሉ ኣባል እንዳ ዝሳተፎ ሓባራዊ ጉዳያት ብሓባር ይመሓደር፡ ዝርአ ግጭታትን ዘይምርድዳእን ከኣ ብልምድን ያታን፡ ብኮማዊ ጸቕጥን ምርድዳእን መግናሕትን ይፍታሕ ኔሩ።

ዳርጋ ኣብ ኩሉ ፍልማዊ እንዳታት ማሕበራዊ ቦታን ተራን ደቀንስትዮ፡ ማዕረ ወይ ከኣ ልዕሊ ደቂተባዕትዮ ስለዝነበረ እናታዊ ባህሊ ዓብላሊ'ዩ ኔሩ። ዝበዝሕ ግዜ ደቀንስትዮ ኣብ ምምእራር ፍረታትን ኣቑጽልትን መሮር፡ ደቂተባዕትዮ ድማ ኣብ ሃድን ይዋፈሩ ስለዝነበሩ'ሞ፡ ሃደን ከኣ ዘየተኣማምን ስለ ዝነበረ፡ ቁጠባዊ ተራ ደቀንስትዮ ወሳኒ'ዩ ኔሩ። ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ዝነውሐ መዋእል'ዚ ኣብ ኣባታዊ ባህሊ ዝተመስረተ ልዕልናን ጭቆናን ደቂተባዕትዮ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ኣይነበረን።

ድሕሪ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዓመታት ዝወሰደ ኣዝዩ ዘገምታዊ መስርሕ ግን ርኡይ ለውጢ ክመጽእ ጀመረ። እቲ ዝዓበየ ለውጢ ምጅማር ሕርሻን ጉስነትን እዩ ኔሩ። እዚ ኣብ ከባቢ 10 ሽሕ ቅ.ል.ክ. ዝተራእየ ለውጢ'ዚ እቲ ዝዓበየ ቁጠባዊ ሰውራ ኣብ ታሪኽ ደቅሰብ'ዩ። ካብ ምምእራር ፍረታት መሮር፡ ሕርሻ እኽልን ፍረታትን፤ ካብ ሃድን ድማ ጉስነት ዘቤታዊ እንስሳታት ማዕበለ ። ክልቲኡ፡ ሰብ ንባህሪ ብዝፈልጦን

ዝቆጻጸሮን መገዲ ምግቡን ካልእ ኣብ ጥቕሙ ዘውዕሎ ነገራትን ከም ዘፍሪ ዝገብር ጥበብ'ዩ። እዚ ቁጠባዊ ሰውራ'ዚ ብምምሃዝ ሓድሽ ናውቲ ዕዮ ናህሪ ደለበ። ሰብ እቲ ኣብ ምጥባስ ካይላ ዝድልቦ ዝነበረ ፍልጠት፡ ኣብ ከባቢ 6 ሽሕ ቅ.ል.ክ. ነሓስ ንምርካብ ኣኽኣሎ። ከምኡ ኢሉ ታኒካ፡ ቀጺሉ ድማ ነሓሰን ታኒካን ብምሕዋስ ዝስራሕ ኣስራዚ ተረኽበ። ኣብ ኣስታት 1300 ቅ.ል.ክ. ድማ ሓጺን ተመልከ። እዚ ማዓድናዊ ሰውራ'ዚ ኸኣ ብግዲኡ ንፍርያምነት ሕርሻን ጉስነትን ዓቢ ድርኺት ኮኖ። በዚ ኸኣ ሂወት ሰብ ካብ ፍጹም ምሕረት ባህሪ እናተገላገለ፡ ሰብ ዝቆጻጸሮ ዓውዲ እናሰፍሐ መጸ።

እዚ ሱር-በተኽ ምቅይያራት'ዚ፡ ንሰብ ካብ'ቲ ካልእ ከም ዘይገብር ኩሉ ዓቕሙ ጸሚዱ ሒዝዎ ዝጸንሐ ምፍራይ ዕለታዊ መግቢ ብምንጋፍ፡ ኢደ-ስርሓት፡ ምርምርን ምምሕዳርን ዝኣመሰለ ንጥፈታት ንኽካየድ ዘኽእል ትርፊ እቶት (Surplus Produce) ብምፍራይ ንሓድሽ ምዕባሌታት ባይታ ጸረገ። ኣብ ሕርሻን ጉስነትን ፍርያምነት ዕዮ ክብ ምባሉ፡ ዕለታዊ ዝሃልኽ መግቢ ኾነ ትርፊ መግቢ እናወሰኸ ክኸይድ ኣኽኣለ። እዚ ትርፊ መግቢ'ዚ ኸኣ ተመሊሱ፡ ካብ ምፍራይ መግቢ ወጻኢ ኣብ ካልእ ኣድላይ ሞያታት ዝተዋፈሩ ሰባት ንኽህልዉን እናበዝሑ ንኽኸዱን ኣገልገለ። በዚ እምበኣር፡ እናዛየደ ዝኸደ ምክፍፋል ዕዮ፡ መጀመሪያ ኣብ መንጎ ሕርሻን ጉስነትን፡ ሰዒቡ ድማ ኢደ-ስርሓት፡ ምርምር፡ ምምሕዳር፡ ንግዲ፡ ምክልኻልን ኰናትን.... መጸ።

ብዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ ብዝኸደ ኣሽሓት ሰባት ብሓባር ዝቕመጡለን ከተማታት ተመስረታ። ናይ ከተማን ገጠርን ፍልልይ ከኣ ጀመረ። እተን ብዙሓት ሰባት ብሓባር ክቕመጡለንን ኣብ ዝተፈላለየ ሞያታት ተዋፊሮም እናዓ የዩ ዝተሓባበሩለንን፡ ብዛዕባ ዕለታዊ መግቦም ከይተሰከፉ ብዛዕባ ንሂወቶም ዘመሓይሽን ዘደንፍዕን ጉዳያት ክሓስቡን ክመራመሩን ሓድሽ ጥበባት ክምህዙን ዝጀመሩለን ጥንታውያን ከተማታት ከኣ፡ ምንጪ ሰብኣዊ ስልጣኔ ኮና። እቲ ፍልማዊ

ብእንዳታት ዝቖመ ዘይሰልጠነን ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝነባበርን ኣብ መንጎ ሒደት ሰባት ኣብ ዝግበር ቀሊል ምትሕብባር ዝተመስረተን ሕብረተሰብ፣ ናብ ብኣማኢት ኣሽሓት በበይኑ ዕዮታት ዝፍጽሙ ሰባት ዝቖመን ኣብ ትርፊ እቶት ዘፍሪ ሕርሻን ጉስነትን ዝተመስረተን፣ ማእከል ምምሕዳርን ኢደ-ስርሓትን ምርምርን ዝኾና ከተማታት ዘለውኦን፣ ምምሕዳሩ ቀሊል ስለዘይኮነ ምሉእ ግዜኦም ዝሰርሑ ኣመሓደርቲ ዘድልይዎን ዝተሓላለኸ ሕብረተሰብ ተቐየረ።

ትርፊ እቶት፣ ዝውነን ንብረት ክህሉ ስለዘኽኣለ ብብሕቲ ዝውነን ንብረት ተቐልቀለ። ሕብረተሰብ ናብ ዝተፈላለየ ረብሓታትን ድሌታትን ዘለዎ ደርብታት ተኸፋፈለ። በዚ ኸኣ እቲ ክሳብ ሕጂ መልክዑ እናቐያየረ ዝቕጽል ዘሎ ኣብ መንጎ ርኹባትን ስኡናትን፣ ገዛእትን ተገዛእትን ደርብታት ዘሎ ፍልልይን ቃልስን መጸ።

ስልጣኔ እምበኣር ኣብ'ተን ቀዳሞት ኣብ ገማግም ኣፍላጋት ቲግሪስን ኢፍራጡስን ኣብ ሜሶፖታምያ (ዒራቕ) ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ገማግም ኒል ኣብ ግብጺ ኣብ ኣስታት 4 ሽሕ ቅ.ል.ክ. ዝተመስረታ ከተማታት ተበገሰ። ኣብ'ዘን ጥንታውያን ከተማታት፣ ካብ ፍልማዊ እንዳታት ብብዝሒ ህዝቢ ይኹን ዓይነት መነባብሮን ምክፍፋል ዕዮን ኣዝዩ ዝተፈልየ፣ ዝሰፍሐን ዝተሓላለኸን ምትሕብባርን ውዳቤን ዝሓትት ብሓድሽ መልክዕ ዝተወደበ ሂወት ዘለዎ ሕብረተሰብ ንረክብ። ኣብ'ዚ ናይ ፈለማ ከተማዊ ሕብረተሰብ'ዚ ከኣ፣ ፍልጠት ብውዱብ መገዲ ብምትሕብባር ሓያለይ ሰባት ክፍጠርን ክውህለልን ክሰጋገርን ጀመረ። ኣብ ምፍራይን ምዝርጋሕን ፍልጠት፣ ምምሃዝ ጽሕፈት ኣብ ጥንታዊ ሜሶፖታምያ ወሳኒ መቐይሮ እዩ ኔሩ። ፍልጠት ኣብ ግብራዊ መዓላ ሕብረተሰብ እናወዓለ፣ ቴክኖሎጂ እናማዕበለ ከደ። መስኖኣዊ ሕርሻ ንምክያድን ንምምዕባልን ዘድሊ ናይ መሬት፣ ማይ፣ ክሊማ፣ ምህንድስና፣ ስነጠፈር.... ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ደንፍዐ። በዚ ኸኣ፣ ፍልጠት ውጽኢት ምትሕብባር ኣብ በበይኑ ዓውድታት ዝተዋፈሩ ሰባት ስለዝኾነ፣

ምክፍፋል ዕዮን ትርፊ እቶትን መሰረት ገስጋስ ፍልጠት ኮነ። ስለ'ዚ ሰብ፡ ካብ ሓውሲ-እንስሳዊ ናብራ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ፡ ናብ ስልጡን ብዛዕባ ሂወቱ ምምሕያሽን ምምዕባልን ዝሓስበሉን ዝሰርሓሉን ናብራ፤ ካብ ፍጹም ምቁጽጻር ባህሪ፡ ናብ ባህሊ ብምምዕባል ንባህሪ ዝፈልጠሉን ዝቆጻጸረሉን ደረጃ ክሰጋገር ጀመረ። ታሪኽ ሰብኣዊ ስልጣኔ ኸኣ ካብ'ዚ ምቕሉል መጀመርታ'ዚ ነቒሉ፡ ድሕሪ ናይ 6 ሽሕ ዓመታት ነዊሕ ጉዕዞ ኣብ'ዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ በሪኽ ደረጃ ክድይብ ክኢሉ ኣሎ።

ጥንታዊ ስልጣኔ ኣብ ሜሶፖታሚያን ግብጽን'ኳ እንተጀመረ፡ ኣብ ገማግም ካልኦት ዓበይቲ ኣፍላጋት ኣብ ቻይናን ህንድን'ውን ተመሳሳሊ ምዕባሌ ስልጣኔታት ንርኢ ኢና። ቀጺሉ ኸኣ፡ ኣብ ግሪኽ፡ ፐርሺያ፡ ሮማ፡ ኑቢያ፡ ኣዱሊስን ኣኽሱምን.... ስልጣኔታት ማዕበለ። ኣብ መንጎ'ዚ ጥንታዊ ስልጣኔታት'ዚ ናይ ንግድ፡ ምስግጋር ፍልጠትን ቴክኖሎጅን፡ ከምኡ'ውን ኲናትን ወራርን፡ ዝቕጽልን ዝብተኽን፡ ዝቐርብን ዝርሕቕን ርክባት ኔሩ'ዩ። እዚ ርክባት'ዚ ኸኣ፡ ስልጣኔ ደቅሰብ ካብ ሓድሕዱ እናተለቓቐሐን እናተመላልአን ከም ዝማዕበለ የረድእ።

ዘበናዊ ስልጣኔ እምበኣር ውጽኢት ናይ'ዚ ቅድሚ 6 ሽሕ ዓመታት ኣብ ውሑዳት ጥንታውያን ከተማታት ዝጀመረ ዝተሓላለኸን ብቕልውላውን ዕግርግርን ኲናትን ዝመልአን መስርሕ ስልጣኔ እዩ። ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ ኸኣ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ታሪኽ፡ ማእከል-ስሕበት ስልጣኔ ካብ ሓደ ዞባ ናብ ካልእ ዞባ ክሰጋገር ንርኢ ። እተን ማእከላት ስልጣኔ ዝነበራ ከም ሜሶፖታምያ፡ ግብጺ፡ ቻይና፡ ህንዲ.... ከኣ ኣብ ዘበናዊ መዋእል ንነዊሕ ዓመታት ተገሊለን ኣብ ወሰናስን ዘበናዊ ስልጣኔ እየን ኔረን። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ማእከል-ስሕበት ስልጣኔ ናብ ምዕራብ ስለ ዝዘበለ፡ ዘበናዊ ስልጣኔ ብኤውሮጳውያን እዩ ተበጊሱን ማዕቢሉን። ድሕሪ ውድቀት ሮማ ኤውሮጳውያን ንዘበናት ኣብ ምንቁልቋልን ምብትታንን

ኣትዮም ኣብ ናይ ጸላም መዋእል ድሕሪ ምጽንሖም ኣብ መበል 15 ዘበን ናይ ስልጣኔ ተበግሶ ክውሰዱ ንረኽቦም። ካብ ጥንታዊ ስልጣኔታትን ካብ'ቲ ሽዑ ኣብ ከባቢኦም ዝነበረ ስልጣኔታትን (ብፍላይ ዓረባዊ ስልጣኔ) ዘድልዮም ብዘይ ደረት ብምርዓም፥ ብቐንዱ ኸኣ ሓድሽ ባእታታት ብምምሃዝ፥ ኣብ ቅልጡፍን ቀጻልን ለውጢ ዝተመስረተ ዘበናዊ ስልጣኔ ኣበጊሶም። እዚ ስልጣኔ'ዚ ኸኣ ካብ ዝቐደምዎ ስልጣኔታት ብዝተፈልየ መጀመርያ ብመግዛእትን ወራርን፥ ቀጺሉ ኸኣ ብኹሉ ሸነኻዊ ምትእስሳር ናብ መላእ ዓለም ዝተዘርግሐ ቀዳማይ ዓለማዊ ስልጣኔ ኮነ።

እዚ ኣብ ኢንዱስትሪያዊ ቁጠባን ስነፍልጠታውን ቴክኖሎጂያውን ሰውራን ዝተመስረተ ስልጣነ'ዚ፥ እናሓደረ እናተዳቐቐ ብዝኸደ ኣዝዩ ልዑል ምክፍፋል ዕዮን ፍልጠትን ክእለትን ዝልለ፥ ማዕረ-ማዕሪኡ ኸኣ ልዑል ምትሕብባርን ዝተራቐቐ ውዳቤን ዝሓትት'ዩ። እቲ ዘበናዊ ኩነታት ዝጠልቦ ምትሕብባርን ውዳቤን እምበኣር፥ ሚልዮናት ሰባት ንዝሓቖፉ ሃገራትን ከምኡ'ውን ንዞባን ዓለምን ዝምልከት ስለ ዝኾነ፥ ዓንኬሉን ዕምቆቱን ኣዝዩ ወሲኹ ኣሎ።

ምጅማር ስልጣኔ ምስ ምስፋሕን ምዕማቑን ምትሕብባር ኣብ መንጎ ሰባትን ዝመልክዎ ዓቕሚ ውዳቤን ከም ዝተኣሳሰር ካብ'ዚ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ኣብነታት ክንርዳእ ንኽእል ኢና። ኣብ'ቲ ኣብ ንጹላትን ንኣሽቱን ጉጅለታት ፋሕ ዝበሉ ሰባት ዕለታዊ መግቦም ብምርካብ ብሂወት ንምቕጻል ብምሉእ ዓቕሞም ዝቃለስሉ ዝነበሩ ፍልማዊ ሕብረተሰብ፥ ስልጣኔ ክምዕብል ይኽእል ኣይነበረን። ምኽንያቱ፥ ውሑዳት ዝተነጸሉ ሰባት፥ እሞ ኸኣ ነዛ ብሂወት ንምንባር ዝቃለሱ፥ ንምዕባሌ ባህሊ፤ ንምዕባሌ ናይ'ቲ ንሰብ ካብ ባህሪ/እንስሳታት ዝፈልዮ ናይ ምሕሳብ፥ ምምሃዝ ፥ ምስትንታን፥ ምውጣን ዓቕሚ፤ ብሓፈሻ ንምዕባሌ ስልጣኔ ዝምችእ ኩነታት ኣይነበሮምን። ድሕሪኡ ግን፥ ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ገጻት ዝተመልከትናዮ፥ ኣብ'ተን ጥንታውያን ከተማታት ስልጣኔ ከም ውጽኢት ምትሕብባር ኣብ ዝበዝሐ

ዕዮታትን ሞያታትን ዝተዋፈሩ ዝበዝሑ ሰባት ክምዕብል ጀሚሩ። ስለ'ዚ ስልጣኔ ካብ'ቲ ዕለታዊ መግቢ ንምፍራይ ዘድሊ ፍልማዊ ምትሕብባር ዝማዕበለ ምትሕብባር የድልዮ። ብሓጺሩ፡ ሰብ ሂወቱ ብቐጻሊ ዘመሓይሽሉን ዘሀብትመሉን ኩነታት ንኽፈጥር፤ ንመሰረታዊ ስነ-ሂወታዊ ድሌታቱ ኣርዊዩ ናብ ምምዕባል ባህልን ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ንኽዋፈር፤ ናይ ምሕሳብን ምርቓቕን ዓቕሙ ንኽደንፍዕን ንኽርውን ብቐጻሊ እናማዕበለን እናተራቐቐን ዝኸይድ ምትሕብባር ከምዘድልዮ ታሪኽ የረድኣና።

ስልጣኔ እምበኣር ውጽኢት እቶም ዝያዳ ካልኦት ክተሓባበሩን ክውደቡን ዝኽኣሉ ሕብረተሰባት እዩ። ስለ'ዚ ጥበብ ምትሕብባርን ውዳቤን ከየማዕበለን ከይመለኸን ዝሰልጠነን ዝሓየለን ሕብረተሰብ የለን። እምበኣርከስ ጥበብ ምትሕብባርን ውዳቤን መሰረት ስልጣኔ ስለ ዝኾነ፡ ብፍላይ ንዓና ኤርትራውያን ኣብ'ዚ ዝሰልጠነትን ዘበናዊትን ሃገር ንምህናጽ እነካይዶ ዘሎና ቃልሲ፡ ብዛዕባ ታሪኽ ኣመዓባብላን መልክዓትን ፖለቲካዊ ውዳቤ ብሓፈሻን፡ ታሪኽ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣብ ሃገርና ብፍላይን ክንፈልጥ ኣገዳስነቱ ዓቢ'ዩ።

ቀጺልና ብዛዕባ ታሪኽ ኣመዓባብላ ፖለቲካዊ ውዳቤ ሕብረተሰባት ክንዝቲ ኢና።

# 2
# ታሪኽ ኣመዓባብላ ፖለቲካዊ ውዳቤ ሕብረተሰባት

ብመጀመሪያ ቅድሚ ብዛዕባ ታሪኽ ፖለቲካዊ ውዳቤ ሕብረተሰባት ምዝታይና፣ ውዳቤ ማለት እንታይ ማለት'ዩ? ዝብል ሓፈሻዊ ሕቶ ከም መበገሲ ከነልዕልን ክንምልሽን ኣድላይ'ዩ።

ውዳቤ ማለት ሰባት ዕላማታቶም ንምፍጻም ኣብ መንጎኦም ዝምስርትዎ ስሩዕን ፍሉጥን ዝምድናታት ማለት'ዩ ኢልና ብቐሊሉ ክንትርጉሞ ንኽእል ኢና። ስለ'ዚ ውዳቤ፡ ሰባት ዕላማታቶም ንምፍጻም ዝጥቀምሉ መሳርሒ'ዩ። መብዛሕትኡ ግዜ መሳርሒ ክንብል ከሎና ዝጭበጥ ኣካላዊ ነገር ጌርና ስለ እንወስዶ፡ ውዳቤ ከም ካልእ መሳሪሒታት -- ካብ ማርቴሎ ጀሚርካ ክሳብ ዓበይቲ ማሺነሪታት -- ኣካላውን ዝጭበጥን ስለ ዘይኮነ ግር ክብለና ይኽእል ይኸውን። እዚ ግን ሰብ ዝጥቀመሉ መሳሪሒታት ገሊኡ ኣካላውን ዝጭበጥን፡ ገሊኡ ኸኣ ረቂቕን ብውጽኢቱ ጥራይ ዝረአን ስለ ዝኾነ ከደናግረና የብሉን። ስለ'ዚ ውዳቤ ዝተፈልየ መልክዕ'ኳ እንተለዎ፡ ኣብ ኣገልግሎቱ ልክዕ ከም ግዙፍ ማሺነሪታት ሰብኣዊ ዕላማታት ንምፍጻም ዘገልግል መጋበርያ'ዩ። ልክዕ ከም ካልእ መተዓየይታት፡ ሰብ ንጥቕሙ ኢሉ ዝፈጥሮ ባህላዊ ንዋት'ዩ። እቲ ሰብ ንዝተፈላለየ መዓላታት ዝግልገለሉ ግዙፍ መሳ ርሒታት ከኣ ብዘይ ውዳቤ ክሰርሕን እቲ ዝድለ ውጽኢት ከምጽእን ኣይክእልን'ዩ። ስለ'ዚ ውዳቤ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ንጥፈት ኣብ ዝተወሰነን ዝተደልየን ዕላማ ንምብጻሕ ሰብኣዊ ዓቕምታት ምስ ናውቲ ዕዮን መሳለጥያታትን ዘወሃህድ ወሳኒ ቀለቤት እዩ።

ካብ'ዚ ክብ ኢሉ ብኣዚዩ ሓፈሻዊ መገዲ ዝተገልጸ መረዳእታ'ዚ እምበኣር፡ ኩሉ ሰብኣዊ ንጥፈታት፡ ይውሓዱ ይብዝሑ

ብምትሕብባር ሰባት ስለ ዝፍጸም፡ ብዘይ ውዳቤ ዝካየድ ንጥፈት ከም ዘየለ ክንድምድም ንኽእል። ስለ'ዚ፡ ማእቶት፡ ምውላድ፡ ፍልጠት፡ ምምሕዳር፡ ትምህርቲ፡ ኲናት… ኩሉ ሰብኣዊ ንጥፈታት ነናቱ ውዳቤታት ኣለዎ።

ኣብ'ዚ፡ ዕላማና ብጠቕላላ ብዛዕባ ኩሉ መልክዓት ውዳቤ ምዝታይ ስለ ዘይኮነ ግን፡ ነዚ መረዳእታ'ዚ ከም ድሕረ-ባይታ ብምውሳድ፡ ቀጺልና ብዛዕባ'ቲ ቀንዲ ኣርእስትና፡ ማለት ኣመዓባብላ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣብ ሕብረተሰባት ክንዝቲ ኢና።

ታሪኽ ምዕባሌ ሕብረተሰብ ንምርድኡ ኝኽቐልል ነቲ ዝተፈላለየ ኩነታት መነባብሮን ባህልን ኣወዳድባን ከም መፍለይ ብምውሳ ድ፡ ኣብ መድረኻት ብምክፍፋል ይቐርብ'ዩ። ሽሕ'ኳ ታሪኽ ብሓደ ትኽ ዝበለ መስመር ስለ ዘይጓዓዝን፣ ብቕልውላዋትን ሓደጋታትን ፡ ኲናትን ምምዝባልን ዝመልኣን ዝወራረስን ዝተጠናነገን ዝተሓዋወሰን መስርሕ ስለዝኾነ ፡ ብዝተሰርዐ መድረኻት ምግላጹ ርኡይ ጸገም እንተለዎ፡ መድረኻት ከም ነጥበ-መወከሲ ታሪኽ ንምትርጓምን ንምርዳእን ክውሰድ ጠቓሚ'ዩ። ስለ'ዚ፡ ንታሪኽ ኣመዓባብላ ፖለቲካዊ ውዳቤ ሕብረተሰባት ኣብ'ዚ ዝስዕብ መድረኻት ኣእቲና ክንዝትየሉ ኢና፡-

1. ናይ ሃደንትን ማእረርትን ፍልመ-ዴሳዊ ሕብረተሰብ
2. ናይ ሕርሻን ጉስነትን ሕብረተሰብ
3. ኣብ ጊላነት ዝተመስረተ ጥንታዊ ስልጣኔታትን መንግስታትን
4. መስፍናዊ ስርዓታት
5. ዘበናዊ ኢንዱስትሪያዊ ሕብረተሰብ -- ርእሰማልነትን ማሕበርነትን ካልእን

## 1. ናይ ሃደንትን ማእረርትን ፍልመ-ዴሳዊ ሕብረተሰብ

ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝረኣናዮ፡ ናይ ሃደንትን ማእረርትን ፍልማዊ ሕብረተሰብ፡ እቲ ንዓሰርተታት ኣሽሓት ዓመታት ዝጸንሐ ዝነውሐ መዋእል ኣብ ታሪኽ ደቅሰብ'ዩ። ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ሽኣ ብመሰረቱ ናይ ሃድንን ምምእራር ፍረታትን ንጥፈታት ንምክያድን ምውህሃድን ዘገልግል፡ ናይ ቁንጣሮ ሰባትን ጥንታዊ መተዓይታቶምን ዘይማዕበለ ፍልማዊ ውዳቤ ኢና ንረክብ።

ኣብ'ዚ ፍልማዊ ሕብረተሰብ'ዚ፡ ስልጣን ብምትካል ምምሕዳር ዘድልዮ ናይ ረብሓ ፍልልይን ግጭትን ስለ ዘይነበረ፡ ኣብ ልምድን ያታን ዝተመስረተ ኮማዊ ምትሕብባር ደኣ'ምበር ፖለቲካ ኣይነበረን። ስለ'ዚ እቲ ሕብረተሰብ ብስሩ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣይነበሮን። ምኽንያቱ ናይ ገዛእትን ተገዛእትን ፍልልይ ኣይነበሮን። ምሉእ ግዚኡም ኣብ ምምሕዳር ዝተዋፈሩ ሰባት ክዕንገል ዝኽእል ትርፊ እቶት'ውን ስለዘይነበሮ፡ ኮማዊ ጉዳያቱን ዝረአ ግጭታትን ነቲ ኮም ዝሃሲ ተግባራትን ከከም ኩነታቱ ኩሉ ብዝሳተፎ ሓባራዊ ምርድዳእን ዕርቅን መግናሕትን ይመሓደር ነበረ። እዚ ፍልማዊ ኮማት'ዚ ብልምድን ያታን ጥራይ ክመሓደር ዝኽእል ዘይሰልጠነን ብሒደት ሰባት ዝቖመን ብዝተነጻጸለ እንዳታት ዝተወደበን እዩ ኔሩ። ብሓጺሩ፡ እዚ መድረኽ'ዚ፡ ስልጣን ዘዘውትር ስርዓት ብምትካል ጥራይ ዝመሓደር ናይ ረብሓታት ምክፍፋልን ግጭትን ዘይነበሮ፡ ኣብ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ መነባብሮ ዝተመስረተ ናይ ስእነት ማዕርነት ዝነበሮ ሕብረተሰብ ስለዝነበረ፡ ስልጣንን ፖለቲካዊ ውዳቤን ዘይማዕበለሉ ፍልማዊ መድረኽ ኢና ንረክብ።

## 2. ናይ ሕርሻን ጉስነትን ሕብረተሰብ

እቲ ኣብ ኣስታት 10 ሽሕ ቅ.ል.ክ. ዝጀመረ ሕርሻዊ ሰውራ፡ ቀስ ብቐስ ውሕስነት ዕለታዊ መግቢ ብምርግጋጽ ካልእ ኣድላይ ንጥፈታት ከካይዱ ዝኽእሉ ሰባት ዝምግብ ትርፊ

እቶት ምፍራዩ ቀንዲ ውጽኢቱ እዩ ኔሩ። ትርፊ እቶት ከኣ ፋሕ ኢሉ ብኣድማዕነት ከገልግል ስለዘይክእል ክምእከልን ክመሓደርን ኔርዎ። ትርፊ እቶት ብኸመይ ይመሓደር፤ መን፥ መዓስ፥ እንታይ ይረክብን ስለምንታይን ዝብል ሕቶታት ክምለስ ኔርዎ። በዚ ኸኣ ምሉእ ግዚኦም ኣብ ምምሕዳር ሕብረተሰብ ዝተዋፈሩ፥ ትርፊ እቶት ብግብርን ካልእ መገድን ብምእካብ ዝሃብተሙ ጉጅለ ሰባት ተቐልቀሉ። ስለ’ዚ ትርፊ እቶት ዝቆጻጸሩን ዘመሓድሩን፥ ካብ’ቲ ዘፍርን ዝመሓደርን ስለዝተፈልዩ ፍልማዊ ሕብረተሰብ ናብ ዝተፈላለየ ረብሓ ዘለዎ ጉጅለታት፥ ማለት ገዛእን ተገዛእን፥ ወናንን ዘይወናንን ደርብታት ተመቐለ። እዚ ናይ ረብሓ ፍልልይ’ዚ ብዘይ ስልጣን ክመሓደር ስለ ዘይክእል ከኣ ሕብረተሰብ ዘመሓድር ፍልማዊ ስልጣን ማዕበለ። ኣብ ኮማቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ሓዱሎም ብዝመጹ ውልቀሰባት ዝተመስረተ ናይ ሹመኛታት ስልጣን (Chieftainship) ከኣ እቲ ቀዳማይ መልክዕ ስልጣን ነበረ።

እቶም ዝሓየሉ ሹመኛታት ግዝኣቶም ብሓይሊ እናኣስፍሑ ንብዙሓት ጎረባብቲ እንዳታት ዝሓቁፍ ስፍሕ ዝበለ ግዝኣት ብምምስራት ስልጣኖም ኣዕበዩ። ኣብ’ዚ ግዝኣታት’ዚ ኸኣ፥ ካብ ልምዳዊ ኣካይዳ ዝተፈልየ፥ ሓያለይ ሰባት ብዝተፈላለየ ደረጃታት ዝሳተፍዎ ስልጣን ዘዘውትር ምምሕዳር ሕብረተሰብ፥ ማለት ፖለቲካ ከም ነብሱ ዝኽኣለ ዓውዲ ማዕበለ። ኣብ መንጎ ብሹማምንቲ ዝመሓደር ግዝኣታት ዝርአ ናይ ረብሓ ግጭታት ብሓይሊ ጥራይ ክፍታሕ ይኽእል ስለ ዝነበረ ኲናት ክካየድ ጀመረ። ኣብ ኲናት ዝተሳዕሩን ዝተማረኹን ከኣ ናብ ጊላታት ክቕየሩ ጀመሩ። ከምዚ ኢሉ ኸኣ ስርዓት ጊላነት ተተኽለ። ዘገም ኢሉ ሕብረተሰብ ካብ ቀሊል ናብ ዝተሓላለኸ ውዳቤ እናተቐየረ ከደ። ጉጅለታት ገዛእቲ፥ ወተሃደራት፥ ሓረስቶት፥ ጓሶት፥ ጊላታት ጥራይ ዘይኮኑ፤ ፍላስፋታትን መራሕቲ ፍልማዊ ሃይማኖትን እውን ተቐልቀሉ።

ግዝኣት ሹማምንቲ፥ ድቂ መንግስቲ ዝተራእየሉ መሰጋገሪ

ስልጣን እዩ ኔሩ። ኣብ'ቲ ሰፊሕ ግዝኣት፡ ዝያዳ ዘፍሪ መስኖኣ ዊ ሕርሻ፡ ስለ'ዚ ኸኣ ዝያዳ ዝማዕበለ ምምሕዳር ክዓብየሉ ምቹእ ኩነታት ዝነበሮ ገማግም ኣፍላጋት ከኣ፡ ብደፋኢታ ናብ ጥንታዊ መንግስትታት ተቐየረ። ኣብ መብዛሕትኡ ክፍልታት ዓለም ግን፡ እዚ ፍልማዊ መልክዕ ስልጣን'ዚ ንነዊሕ ዘበናት፡ ኣብ ገሊኡ ድማ ክሳብ መበል 20 ዘበን ጸንሐ።

## 3. ኣብ ጊላነት ዝተመስረተ ጥንታዊ ስልጣኔታትን መንግስታትን

እቲ ፈለማ ብዙሕ ትርፊ መግቢ ከፍሪ ኣብ ዝኽእል ገማግም ኣፍላጋት ዝተደኮነ ጥንታዊ ስልጣኔታት፡ ሰፊሕ ግዝኣ ትን ብዙሕ ህዝብን ዘለዎ፡ ኣቃውማኡ ዝያዳ ዝተሓላለኸ፡ ንምምሕዳሩ ዝተራቐቐ ዓቕምን ክእለትን ዘድልዮ እዩ ኔሩ። ስለ'ዚ ጥንታዊ መንግስታት ኣብ ሰፊሕ ግዝኣት ዝተዘርግሐ፣ ዝተፈላለየ ቛንቋታት ዝዛረብ፡ በበይኑ እምነታትን ባህልታትን ዘለዎ ሚልዮናት ኣህዛብ ዘመሓድር ስለ ዝነበረ፡ ልዕል ዝበለ ደረጃ ዘለዎ ፖለቲካዊ ውዳቤን ርቀትን ኔርዎ። ዓበይትን ንኣ ሽቱን ከተማታት፡ ወደባት፡ ናይ መሬትን ባሕርን መስመራትን መጎዓዓዝን፡ ኣብ ውሽጢ ግዝኣቱን ምስ ካልኦት መንግስታትን ዝካየድ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ንግድን ልውውጥን ንዕኡ ዘገልግል ስርዓተ-ገንዘብን ዝኣመሰለ ተግባራት ዝውድብን ዘመሓድርን ዓቕሚ ኔርዎ። ውሽጣዊ ናዕቢ ንምድቋስ፡ ግዳማዊ ወራር ንምክልኻል፡ ግዝኣት ንምስፋሕ፡ ሃብቲ ንምዝማት፡ ጸላእቲ ንምድምሳስ.... ኩናት ዘካይድ ፍሉይ ወተሃደራዊ ኣወዳድባ ዝነበሮ ቀዋሚ ሰራዊት ኔርዎ። ሃጸይ ወይ ንጉስ፡ ንጉሳ ዊ ስድራቤት፡ ላዕለዎት ሰበስልጣንን ወተሃደራዊ መራሕትን ዝቕመጥሉ ማእከል መንግስቲ፡ ማእከል ፖለቲካን ምምሕዳርን፡ ማእከል ሃብትን ንግድን፡ ከምኡ'ውን ማእከል ባህሊ፡ ሃይማኖት፡ ፍልስፍና፡ ምርምር፡ ስነ-ጥበብ ዝኾነ ዓብን ሃብታምን ግሩምን ርእሰ-ከተማ'ውን ኔርዎ። ካብ ርእሰ-ከተማ ተበጊሱ ናብ ካልኦት ከተማታትን ዞባታትን ዝዝርጋሕ፡ ንመላእ እቲ ግዝኣት ዘራኽብ ናይ ጽርግያታት ትሕተ-ቕርጺ'ውን ኔሩ። ብኣጠቓላሊ

እምበኣር፡ ጥንታዊ መንግስታት ሰፊሕን ሃብታምን ሕብረ-ኤትኒካዊ ኢምጲራጦርያ ዘመሓድር፡ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ፖለቲካዊ ውዳቤ ብዓይነት ዝተፈልየን ዝማዕበለን ፖለቲካዊ ውዳቤ እዩ ኔሩ።

ጥንታዊ ስልጣኔታት ኣብ ርእሲ በበይኑ ህዝብታት ዝሓቑፍ ምንባሩ፡ ማሕበራዊ ኣቃውማኡ'ውን ናብ ሓያለይ ደርብታትን ጉጅለታትን ዝተሸፋፈለ እዩ ኔሩ። ንምግላጹ ንኽጥዕመና ነቶም ደርብታትን ጉጅለታትን ኣብ ሰለስተ ምድባት ከፋፊልና ክንሪኦም ንኽእል ኢና፡-

1. ኣፍረይቲ - ጊላታት፡ ገባሮ፡ ጓሶት፡ ነደቕቲ፡ ሓጓዶ፡ ሰናዕቲ፡ ዝተፈላለዩ ሰራሕተኛታት
2. ገዛእቲ - ሃጸይ፡ ንጉሳዊ ቤተሰብ፡ ኣመሓደርቲ፡ መራሕቲ ሰራዊት፡ ሃብታማት ነጋዶ.....
3. ሓሰብቲ - ፍላስፋታት፡ ፈላጣት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ስነጥበበኛታት፡ ጸሓፍቲ፡ መምህራን፡ መሃንድሳት....

ኣብ ታሪኽ፡ ኣብ ኩሉ ድሕሪ ጥንታዊ ስልጣኔታት ዝስዓበ ዝተፈላለየ ኣቃውማ ዘለዎ ሕብረተሰባት፡ ሽሕ'ኳ መልክዑ ዝፈላለ እንተኾነ፡ በዚ ሰለስተ ምድባት'ዚ ዝቖመ እዩ ክበሃል ይክኣል።

ስለ'ዚ ጥንታዊ መንግስታት፡ ንዝተጠናነገ ውሽጣዊ ኣቃውማኡ፡ ከምኡ'ውን ምስ ካልኦት መንግስታትን ግዝኣታትን ዝነበሮ ናይ ንግድን ወራርን ግዳማዊ ርክባቱ ንምቁጽጻርን ምክያድን ዘኽእሎ ቀዋምነትን ስርዓትን ዝሓዘ ፖለቲካዊ ኣወዳድባ ኔርዎ'ዩ። ሃጸይ ወይ ንጉስ፡ ከምኡ'ውን ንሱ (ሳሕቲ ጥራይ ንሳ) ዝመርሖ ወለዶኣዊ ስርወ-ንግስነት፡ እቲ ዝለዓለ ስልጣን እዩ ኔሩ። ስልጣን ሃጸይ ብሓይሊ ኣጽዋር ጥራይ ዘይኮነስ ብሓይሊ ሓሳባትን እምነትን'ውን ክጸንዕ ስለ ዝነበሮ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ሃጸያት ከም ልዕለ-ባህርያዊ ሓይልን

ግርማን ዘለዎም፣ ከም ካብ ተራ መዋቲ ሰብ ብዓይነት ዝተፈልዩ ደቂ ኣማልኽቲ ወይ ብኣማልኽቲ ዝተሓርዩን ዝተቐብኡን ብርቂ ሰባት ይእመኑ ኔሮም። ነዚ እምነት'ዚ ዘፈልፍሉን ዝሰብኩን ዝከላኸሉን መራሕቲ ሃይማኖትን ፍላስፋታትን ከኣ ምስ ሰራዊት ዝስርዑ ሓለውትን ኣጽናዕትን ስልጣን ሃጸይ እዮም ኔሮም። እምነታትን ክብርታትን ቀስብቐስ መልክዕ እናሓዙ ናብ ጽሑፍ ሕግታትን መምርሒታትን ስለዝተለወጡ ኸኣ፣ ጽሑፍ ሕግን ስርዓተ-ፍርድን ናይ ስልጣን ሃጸይ ተወሳኺ ዓንዲ እዩ ኔሩ።

ናይ ላዕለዎት ስልጣንን ሃብትን ዘለዎ ጉጅለታት ውሱን ተሳታፍነት ኣብ ፖለቲካ ዘረጋግጽ፣ ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝተወደበ መጋባእያታትን ባይቶታትን ዝነበሮ መንግስታት'ውን ኔሩ'ዩ። ኣብ ሮማዊ ኢምፔራጦርያ ንኣብነት ብሰኔት (Senate) ዝፍለጥ ስልጣንን ሃብትን ዘለዎም ዝሳተፍዎ ባይቶ ኔሩ። ብኻልእ መዳይ፣ እቲ ገዛኢ ጉጅለ ኣብ ውሽጡ ናይ ስልጣንን ረብሓን ፍልልይን ቃልስን ስለ ዝነበሮ፣ ነዚ ዘንጸባርቕ ናብ ሓድሕዱ ዝወዳደርን ዝቃለስን ፖለቲካዊ ጃንዳታት (Factions) ዝተኸፋፈለ እዩ ኔሩ። ኣብ ኩሉ ጥንታዊ ስልጣኔታት ከኣ፣ ናይ ስልጣን ጃንዳታትን ኣብ መንጎኡ ዝካየድ ብዙሕ ግዜ ካብ ምቁጽጻር ብምውጻእ ሓባራዊ ዕንወትን ውድቀትን ዘስዕብ ጃንዳዊ ቃልስታትን ኔሩ'ዩ።

ኣብ'ዚ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዝተመስረተን ዝጸንዐን መንግስታት'ዚ፣ ፖለቲካዊ ተራ ሰራዊትን መራሕቱን ወሳኒ'ዩ ኔሩ። ዳርጋ ኩሎም ሃጸያትን ነገስታትን መራሕቲ ኲናት ዝነበሩ'ሞ ስልጣን መንዚዖም ናይ ገዛእ-ርእሶም ስርወ-ንግስነት ዝመስረቱ፣ ወይ ስልጣኖም ኣብ ዓውደ-ኲናት ክከላኸሉን ግዝኣቶም ከስፍሑን ዝተዓወቱ መራሕቲ ኲናት እዮም ኔሮም። ካብ'ዚ ጥንታዊ መንግስታት ኣትሒዙ ኸኣ ምክያድ ኲናት ሓደ ካብ ቀንዲ ተግባራት መንግስቲ ምንባሩ ታሪኽ የረድእ። ስለ'ዚ ንኹናት ብብቕዓት ክቀራረብን ብዓወት ክካይድን ዘይክእል መንግስታት ይኹን ፖለቲካዊ መሪሕነታት ዕምሩ

ሓጺር ካብ ምዃን ከምልጥ ይኽእል ኣይነበረን።

ጥንታዊ ስልጣኔታት፡ ባህሊ ክዕንብብ ዝጀመረሉ ናይ ፈጠራውነትን መሃዝነትን ዳህሳስን ክላሲካዊ እዋን እዩ ኔሩ። ኣስታት 2-3 ሽሕ ቅ.ል.ክ. ዝተደርሰ ከም ጊልጋመሽ ናይ ሜሶፖታሚያ፡ ቬዳ ናይ ህንዲ ዝኣመሰለ ጥንታዊ ጽዋታትን፡ ከምኡ'ውን ድሕሪኡ ዝተደርሰ ናይ ግሪኻዊ ሆመር ቅያዊ ግጥምታትን፡ ክሳብ ሎሚ ንወለዶታት ባህታ ይህብን ፈጠራ የበራብርን ኣሎ። ሰብ፡ ማሪትን ሽሕርን ብምንጻግ ኣብ ሰብኣዊ ርትዒ ዝተመስረተ ብፈተነን ትዕዝብትን ምምዝዛንን ዝውህለል ውድዓዊ ፍልጠት ከፍሪ ጀመረ። በዚ ኸኣ ሕሳብ፡ ስነ-ጠፈር፡ ስነ-ማዓድን፡ ምህንድስና፡ ስነ-ህንጻ..... ሰጕመ። ኣብ ኩሉ ጥንታዊ ስልጣኔታት ከኣ፡ ሰብ ብዛዕባ ነባሪ ግድላት ሂወት ከስተንትንን መልሲ ንምርካብ ሃሰስ ክብልን ስለ ዝጀመረ ፍልስፍናን ሃይማኖትን ተቐልቀለ። ኣውራ ኣብ'ታ ቀንዲ ማእከል ግሪኻዊ ስልጣኔ ዝነበረት ኣቴንስ ከኣ፡ ብሓፈሻ ፍልስፍና፡ ብፍላይ ከኣ፤ ዕላማ ሕብረተሰብ እንታይ'ዩ? ሰብ ብኸመይ ጽቡቕ ሂወት ከሕልፍ ይኽእል? እቲ ብሉጽ ሂወት ከመይ ዝበለ'ዩ? ስነ-ምግባር እንታይ'ዩ? ዝብል ሕቶታት ዘልዕ ልን ንምምላስ ዝፍትንን ፖለቲካዊ ፍልስፍና ማዕበለ። ብኣ ጠቓላሊ፡ ሰብ መሰረታዊ ነገራዊ ድሌታቱ -- መግቢ፡ ክዳን፡ መዕቆቢ -- ድሕሪ ምርዋይ፡ መንፈሳዊ ድሌታቱ ክበራብርን ክድንፍዕን ስለ ዝጀመረ፡ ንመንፈሳዊ ድሌታቱ ንምዕጋብ፡ ከም ስነ-ጽሑፍ፡ ሙዚቃ፡ ፍልስፍና፡ ሃይማኖት.... ዝኣመሰለ ባህላዊ ንጥፈታት ማዕበለ።

ኣብ ግሪኻዊ ስልጣኔ ኣብ መንጎ 6ይን 5ይን ዘበን ቅ.ል.ክ. መንግስታት-ከተማ (City States) ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ስልጣነን ዝበጽሓሉ ወርቃዊ እዋን እዩ ኔሩ። እተን ቀንድን ውሩያትን ግሪኻውያን መንግስታት-ከተማ ኣቴንስን ስፓርታን እየን ኔረን። ኣቴንስ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝያዳ ዘፍለጣ ምዕባሌ ፍልስፍናን ስነ-ጥበብን፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሓሳባትን ውዳቤን'ውን ክሳብ ሎሚ ውሩይ ተመክሮ ኣለዋ። ምኽንያቱ፡ ዳርጋ ኩሉ ግዜ መበቆል

ደሞክራሲ ምስ ተመክሮ ኣቴንስ ተተሓሒዙ እዩ ዝግለጽ። ኣብ ኣቴንስ ንገለ ዓሰርተታት ዓመታት ዝተተኽለ ጥንታዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት፣ ዋላ'ኳ ካብ'ቶም 400 ሽሕ ተቐማጦ ኣቴንስ ነቶም ሓደ-ዕስሪት፣ ማለት 40 ሽሕ ዘሳትፍ፣ ንኹለን ደቀንስትዮን ጊላታትን ካልኦት መሰል ዘይነበሮምን ዘግልል እንተነበረ፣ ኣብ ታሪኽ ኩሉሳዕ ከም ቀዳማይ ደሞክራሲያዊ ፈተነ ዝጥቀስ ንሱ'ዩ -- ካልእ ዘይተሰነደ፣ ዘይፍለጥ ወይ ዘይዝከር ጥንታዊ ደሞክራሲያዊ ተመክሮታት ክህሉ ከም ዝኽእል ከይተዘንግዐ።

በንጻር ኣቴንስ፣ ስፓርታ ብጽኑዕ ወተሃደራዊ ውዳቤን ዲስፕሊንን እትልለ መንግስቲ-ከተማ እያ ኔራ። ኣብ ስፓርታ ዜጋታት ደቂ ተባዕትዮ ካብ ደቂ ሸውዓተ ዓመት ንድሓር ጽኑዓትን ብቑዓትን ወተሃደራት-ዜጋታት ንኽኾኑ ንመላእ ሂወቶም ኣብ ዝምደቡለን ኣሃዱታት ተሰሪዖም ብሓባር ከም ሓደ ስድራቤት ብመንግስቲ ይዓብዩን ይምልመሉን ነበሩ። ስፓርታ፣ ክልተ ሕድሕዶም ዝቆጻጸሩ ነገስታትን ሓደ ላዕ ለዋይ ባይቶን ብዝነበሮ ጽኑዕ ምምሕዳርን ሓያል ሰራዊትን ዝልለ፣ ኣብ ዲስፕሊንን ስርዓትን ምእዙዝነትን ተወፋይነትን ንሓባራዊ ረብሓን ዝተመስረተ ድልዱል ፖለቲካዊ ውዳቤ ነበራ። ብሓጺሩ ስፓርታዊ መንግስቲ ኣብ ክብርታት ጅግንነት፣ ዲስፕሊን፣ ጽንዓት፣ ተጻዋርነት፣ ምቕሉልን ቁጡብን ሂወት ዝተሰረተ እዩ ኔሩ።

ኣብ መንጎ ጥንታዊ ስልጣኔታትን መንግስታትን ዝነበረ ዝምድናታት፣ ናይ ንግድን ባህላዊ ልውውጥን ጥራይ ዘይኮነ፣ ብቐንዱ ናይ ግጭትን ውድድርን፣ ወራርን ኲናትን እዩ ኔሩ። ብውሽጢ ኸኣ ኣብ ነፍሲወከፉ ፍኑውን ውዱብን ናዕቢ ግዙኣት ህዝብታትን ጊላታትን ገባሮን ሳሕቲ ዘጓንፍ ተርእዮ ኣይነበረን። ካብ ናይ'ዚ ጥንታዊ ስልጣኔታት ደባት ወጻኢ ዝነብሩ ዝነበሩ ዘይሰልጠኑ "ባርባራውያን" ዝበሃሉ ዝነበሩ ህዝብታት'ውን ገዚፍ ሰራዊት ብምኽታት ወሪሮም ይዘምትዎን ጠንቂ ውድቀት ይኾኑን ኔሮም'ዮም። ውድቀት ሮማ ናይ'ዚ

ዓይነታዊ ኣብነት'ዩ። ናይ ጥንታዊ ቻይና ዓቢ መንደቕ'ውን ካብ ወራር ባርባራውያን ንምክልኻል እዩ ተሰሪሑ። ኣብ ዘባና'ውን ኣብ መንን ንግስነት ኣኽሱምን ፐርሺያን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን የመንን ንምቁጽጻር ዝነበረ ውድድርን ኲናትን ከም ኣብነት ክጥቀስ ይክኣል። ንግስነት ኣኽሱም ኣብ'ዚ ኲናት'ዚ ተሳዒሩ ናይ ባሕሪ ኣፍደገታት ምስ ስኣነን ካብ ግዳማዊ ንግድን ባህላዊ ልውውጥን ምስ ተበትከን፡ ከምኡ'ውን ብሰሜን ብወራራት በጃ ምስ ተጠቕዐን ከኣ'ዩ ዝወደቐ።

## 4. መስፍናዊ ስርዓታት

ኣብ ኤውሮጳ፡ ድሕሪ ውድቀት ሮማ ኣብ 5ይ ዘበን ንዓ ሰርተታት ዘበናት ዝቐጸለ ብዝተጨራረመን ኣብ ሓድሕድ ዝቃለስን ግዝኣታት ዝቖመ መስፍናዊ ስርዓት ንረክብ። ጥንታዊ ስልጣኔ ተደምሲሱን ተረሲዑን፡ እተን ማእከላት ስልጣኔ ዝነበራ ከተማታት ከኣ ዓንየንን ኣንቆልቊለንን ኔረን። ገስጋስ ፍልጠት ከኣ ደው ኢሉ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንድሕሪት'ውን ተመሊሱ፡ ንዘበናት ዝቐጸለ ናይ ጸላም መዋእል ነጊሱ ኔሩ። እቶም ሰፊሕ መሬት ዝውንኑ መሳፍንቲ ኣብ ትሕቲኦም መሬት ዘይብሎም ወይ ጭራም መሬት ዝውንኑ ገባሮ እናኣስርሑን እናኣመሓደሩን ይገዝኡ ነበሩ። ብቤተ-ክህነት ኣብ ዝውነን ሰፊሕ መሬት ብመስፍናዊ ዝምድና ተቖሪኖም ዝነብሩ ኣእላፍ ገባሮ'ውን ኔሮም'ዮም ። ሽሕ'ኳ ገለ እዋን ሓደ ካብ መዛንኡ ዝሓየለ መስፍን ኣብ ልዕሊ ጎረባብቱ ጎይትቱ ስፍሕ ዝበለ ንግስነት ይምስርት እንተነበረ፡ እቲ ንዝነውሐ ግዜ ዝጸንሐ ሓፈሻዊ ኩነታት'ሲ እቲ ብዝተጨራረመን ተሃላለኽትን ግዝኣ ታት ዝቖመ መስፍናዊ ስርዓት እዩ ኔሩ። ኣብ'ዚ እዋናት'ዚ ኸኣ ኤውሮጳ ናብ ልዕሊ 500 ዝኸውን መስፍናዊ ግዝኣታት ተመቓቒላ ኔራ።

ሓደ መስፍን ኣብ ግዝኣቱ እቲ ዝለዓለ ሓጋጊ፡ ፈጻሚ፡ ፈራዲ ስልጣን እዩ ኔሩ። እዚ ማለት ኣመሓዳርን ወተሃደራዊ መራሕን፡ ሓጋግን ፈራድን እዩ ኔሩ። ቤተ-ክህነት ከኣ፡ ኣብ

ርእሲ ናይ'ዚ መስፍናዊ ስርዓት'ዚ ኣካል ምንባሩ፡ መንፈሳዊ ስልጣኑ ብምጥቃም፡ ነዚ ስርዓት'ዚ ቀጻልነቱ ንምርግጋጽ ዝሕግዞ ዘይንዓቕ ስነ-ሓሳባዊ ኣገልግሎት የበርክተሉ ነበረ። ስለ'ዚ ኣብ መስፍናዊ ስርዓት እቶም ኣቐዲምና ዝዘተናሎም ሰለስተ ምድባት፡ ማለት ኣፍረይቲ፡ ገዛእቲ፡ ሓሰብቲ ክነለሊ ንኽእል ኢና።

ኣብ ኤውሮጳ፡ እዚ እዋን'ዚ ፍረ ጥንታዊ ስልጣኔ ዝነበረ ፍልስፍናን ፍልጠትን ሓፈሻዊ ባህልን፡ ብመስፍናዊ ባህሊ ተደቑሱ፡ ድስካሌን ምንቁልቋልን፡ ሓፈሻዊ ድሕረትን ድንቁርናን ዓብላሊ ዝነበረሉ እዋን እዩ ኔሩ። ጥንታዊ መጻሕፍትን ፍልጠትን ጠፊኡ፡ ድርኺት ፈጠራውነትን ዳህሳስን ሃሲሱ፡ ኣብ ማሪትን ድርቅናን ሃሜንነትን ብዝተመስረተ ጸቢብ መስፍናዊ ስነሓሳብ ተተኪኡ ኔሩ። ስለ'ዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ኤውሮጳ እቲ ዝነበረ ጠፊኡ ደኣ'ምበር ሓድሽ ዝምዝገብ ገስጋስ ፍልጠትን ባህልን ኣይነበረን። ብሓጺሩ ሽዑ ማእከል ስልጣኔ ኣብ ቻይና፡ ህንዲ ፡ ዓረባዊ ማእከላይ ምብራቕ እዩ ኔሩ።

እቲ ብትንሳኤን ምስፍሕፋሕን ሃይማኖት ምስልምና ዝተደረኸ ዓረባዊ ስልጣኔ፡ ናይ'ቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ገማግም ማእከላይ ባሕርን (ባሕሪ መዲቴራንያን) ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣኔታት ታሪኻዊ ወራስን መቐጸልታን እዩ ኔሩ። ኣብ ጥንታውያን ከተማታት ደማስቆስን ባቕዳድን ካይሮን ዝማእከላቱ፡ ናብ ሰለስተ ክፍላተ ዓለም፡ ኤሲያን፡ ኣፍሪቃን ኤውሮጳን ዝተዘርግሐ ሰፊሕ ኢምፔራጦርያ ድማ መስረተ። እዚ ድሒሩ ብቱርካውያን (ዑስማናውያን) ዝተወርሰ ኤምፔራጦርያ'ዚ፡ ኣብ'ዚ ኤውሮጳ ኣብ መዋእለ-ጸላም ዝነበረትሉ ነዊሕ ዘበናት፡ ኣብ ከባቢኡ እቲ እንኮ ቀለቤት ምስ ጥንታዊ ስልጣኔታት እዩ ኔሩ። ነቲ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ 15 ዘበን ዝተኸስተ ባህላዊ ትንሳኤ ኸኣ ከም ቀንዲ ምንጪ ኣገልጊልዎ'ዩ።

እዚ ክሳብ መጀመርያ 20 ዘበን ዝቐጸለ ዑስማናዊ ኢምፔራጦርያ፡

ከም መስፍናዊ ስርዓት ዝግለጽ ኣይኮነን። ብመጀመሪያ ሰረቱ እቲ ንብዙሓት ሕብረተሰባትን ባህልታትን ዝሓቖፈ እስላማዊ ስልጣኔ እዩ ኔሩ። ቀጺሉ ኸኣ፡ ምስ ግዜ እናደኸመ'ኳ እንተኸደ፡ ድልዱል ማእከላይ መንግስትን ሰራዊትን፡ ናብ ኩሉ ጫፋት ክሳብ ገማግም ኤርትራ ዝተዘርግሐ ፖለቲካውን ምምሕዳራውን መሓውራት ዝነበሮ'ዩ። እቲ ዝለዓለ ስልጣን ዝነበሮ ከሊፋ ኸኣ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ምስ ሃይማኖታዊ መሪሕነት ዘጣመረ እዩ ኔሩ። ብሓጺሩ፡ ብፖለቲካዊ ውዳቤኡ መቐጸልታ ጥንታዊ ስልጣኔታት እዩ ኔሩ።

ኣብ'ዚ እዋናት'ዚ፡ መስፍናዊ ጥራይ ተባሂሉ ክግለጽ ዘይክእል ንግስነታትን ኤምፔራጦርያታትን ኣብ ካልኦት ክፍላተ ዓለም ንረክብ ኢና። እቲ ንኣሽሓት ዓመታት ቀጻልነቱ ዘረጋገጸ -- እናሓንሳብ እናተበትከ -- ቻይናዊ ስልጣኔ፡ ብሃጸይ ዝምራሕ ከከም ኩነታቱ ዝሕይልን ዝደከምን ማእከላይ መንግስቲ ዓቂቡ፡ ኣብ ትሕቲኡ ሰፊሕ መሬት ዝውንኑን ገባሮ ዘመሓድሩን መሳፍንቲ ዝነበሮ ስርዓት እዩ ኔሩ። ኣብ ሰሜንን ደቡብን ኣሜሪካ ዝነበረ፡ ክሳብ 16 ዘበን ኤውሮጳውያን ገዛእቲ ብሓይሊ ዝድምሰስዎ ዝጸንሐ ናይ ኣዝቴክን ኢንካን ስልጣኔታት'ውን ናቱ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኔርዎ'ዩ። ኣብ ኣፍሪቃ ከኣ፡ ኣውራ ኣብ ምዕራብን ደቡብን ዝነበረ፡ ናይ ጋና፡ ማሊ፡ ዚምባብወ፡ ዙሉ ንግስነታት ናይ ገዛእ ርእሱ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኔርዎ'ዩ። እቲ ክሳብ መወዳእታ 19 ዘበን ዝቐጸለ ጃፓናዊ መስፍንነት፡ ንታሪኹን ባህሉን ዘንጸባርቕ ከም ንውትህድርናን ኩናትን ምድናቕ ዝኣመሰለ ፍሉይ ባህርያት ኔርዎ'ዩ። እቲ ኣብ ሰሜን ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ዓብላልን ንገለ ክፍላት ኤርትራ ዝጸሉን ዝነበረ ሓበሻዊ መስፍንነት ከኣ፡ ቀዋምነትን ርግኣ ትን ብዘይነበሮ ንግስነትን ዝሓየለ ዞባዊ መስፍንነትን ዝልለ እዩ ኔሩ። እቶም ሰፊሕ መሬት ዝውንኑን ኣሽሓት ገባሮ ዘመሓድሩን ቀዋሚ ዕጡቕ ጉጅለታት ዝነበሮምን መሳፍንቲ ናጽነቶም ብቑጠባውን ወተሃደራውን ሓይሎም ዝውሰን እዩ ኔሩ። ኣብ'ዚ ተመክሮ'ዚ፡ ቤተ-ክህነት፡ ከም ኣብ ኤውሮጳዊ መስፍንነት፡ ክሳብ ሓደ-ሲሶ መሬት ብምውናንን መንፈሳዊ

ጽልዋኡ ብምዝውታርን፣ ከም ቁጠባውን ስነ-ሓሳባውን ሓይሊ፣ መሰረታዊ ኣካል ናይቲ መስፍናዊ ስርዓት እዩ ኔሩ።

ናብ ታሪኽ ኤውሮጳ ክንምለስ። ኣብ ከባቢ 15 ዘበን ኣብ ኤውሮጳዊ መስፍንነት ዘገም ኢሉ ለውጢ ክግሃድ ጀመረ። ሕጂ'ውን ከም ኣብ ጥንቲ፣ ድቂ ሓድሽ ስልጣኔ ኣብ ከተማታት እዩ ዝተራእየ። እዚ ለውጢ'ዚ ኸኣ ከም በዓል ቬኒስ ብዝኣመሰላ ውሩያት ናይ ባዕለን መንግስታት ብዝነበረን ከተማታት ተመርሐ። እዘን ናይ ኤውሮጳ ግዳማዊ ንግዲ፣ ኣውራ ኸኣ ምስ ኤሲያ ዝነበረ ንግዲ ዝቆጻጸራ ዝነበራ ወደባዊ ከተማታት፣ ካብ ንግዲ ብዝረኽብኦ እቶት ሃብትን ሓይልን ደሊበን ነበራ። ስልጣኔ ውጽኢት ምትሕንፋጽን ምድቓልን በበይኑ ሓሳባትን ባህልታትን ተመክሮታትን ስለዝኾነ፣ ንግድን ሰፊሕ ርክባትን ባብ ስልጣኔ ኣርሓወ። በዚ ኸኣ እግረ-እግሪ ንግዳዊ ሃብቲ መንቀሕቀሕታ ስልጣን ክኣቱ ጀመረ። እዘን ከተማታት ከኣ ማእከል ናይ'ቲ ንኤውሮጳ ናብ ኀደና ዘበናዊ ስልጣኔ ዝደፍኣ፣ ጥንታዊ ስልጣኔን ባህልን ፍልጠትን ከም ብሓድሽ ዝዳህሰሰ፣ ባህላዊ ትንሳኤ (Renaissance) ኮና።

ኣብ'ዘን ከተማታት፣ ምስ'ቲ ዓብላሊ መስፍናዊ ስርዓት መሰረታዊ ናይ ረብሓ ግጭት ዝነበሮ፣ ብንግዲ፣ ምስናዕ፣ ካልእ ጥበባትን ሞያታትን ዝነባበር ማሕበራዊ ጉጅለ "በርጌሳት" (Burgher) ይዓቢ ነበረ። እዚ ጉጅለ'ዚ ከኣ ድቂ ናይ ደርቢ ብርዥዋ እዩ ኔሩ። እቲ ብምስፍሕፋሕ ንግዲ፣ ጆኦግራፊያዊ ዳህሳስ፣ ምምስራት ግዝኣታት፣ ንግዲ ገላዩ ዝተዋህለለ ሰፊሕ ሃብቲ ድማ ሰረት ቁጠባውን ፖለቲካውን ስልጣኑ ኮነ።

ብባህላዊ ትንሳኤን ንሱ ዘርሓዎ ሓድሽ ናይ ምንቕቓሕን ምርምርን ባህልን ተደሪኹ፣ ኩሉ ዓውድታት ፍልጠት ቅድሚኡ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ዓንኬልን ናህርን ገስገሰ። ሓድሽ ስነ-ፍልጠታት፣ ሓድሽ ቴክኖሎጅታት፣ ሓድሽ ኣረኣእያታት ተሃንጸ። ስነ-ፍልጠታውን ቴክኖሎጅያውን ገስጋስ ድማ ድሕሪ'ቲ ቀዳማይ ዝዓበየ ቁጠባዊ ሰውራ -- ሕርሻዊ ሰውራ

-- ዝመጸ ዝዓበየ ቁጠባዊ ሰውራ -- ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ -- ፈጠረ። ካብ መላእ ዓለም ብመግዛእታዊ ምዝመዛን ዝምታን ከምኡ'ውን ንግዲ ብዝተዋህለለ ልዑል ሃብቲ ተሰሪቱን፡ ስነ-ፍልጠት ብዝወለዶ ሓድሽ ቴክኖሎጅታት ተደሪኹን ከኣ ዘበናዊ ኢንዱስትሪያዊ ቁጠባ ክምዕብል ጀመረ።

እቲ ሓድሽ ኢንዱስትሪያዊ ቁጠባ፡ መስፍናዊ ስርዓት ስለዝቐየዶን ንዕኡ ዝሰማማዕ ሓድሽ ፖለቲካዊ ውዳቤ ግድን የድልዮ ስለዝነበረን፡ ብመሪሕነት እቲ ሓድሽ ደርቢ ብርኽርዋን ተሳ ታፍነት ምሁራትን ገባሮን ሰራሕተኛታትን ካልኦት ማእከሎት ጉጅለታትን ብዝተኻየደ ፖለቲካዊ ሰውራ፡ መስፍንነት ዓነወ። ንዘበናዊ ኢንዱስትሪያዊ ሕብረተሰብ ብዝሰማማዕ ሓድሽ ፖለቲካዊ ስርዓት ከኣ ተተክአ።

## 5. ዘበናዊ ኢንዱስትሪያዊ ሕብረተሰብ -- ርእሰማልነት፡ ማሕበርነት፡ ካልእ

ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ፡ ፍርያምነት ብዕጽፍታትን ብቐጻልን ከም ዝውሰኽ ብምግባር፡ ቅድሚኡ ተራእዩ ብዘይፈልጥ መጠን፡ ምክፍፋል ዕዮ፡ ምዕባሌን ምርቓቕን ፍልጠት፡ ብዝሒ ህዝቢ፡ ምስፋሕ ከተማታት (ምኽታም)... ብናህሪ ክዓቢ ኣኽኣለ። ብዘበናዊ ናይ መጓዓዝያን ኩናትን ቴክኖሎጅታት ተጠቒሞም ከኣ፡ ኤውሮጳውያን ገዝእቲ፡ ስልጣኖም ናብ መላእ ዓለም ዝዝርግሕን ረብሓኦም ዘረጋግጽን ዘደንፍዕን ዓለማዊ መግዛእታዊ ስርዓት ተኸሉ። ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ንመጀመሪያ ግዜ፡ ንመላእ ዓለም ዝሓቁፍ -- ኣብ ጭቆናን ምዝመዛን ዝበዝሐ ህዝብታት ግዙእ ዓለምን ዘይተመጣጠነ ምዕባሌን ዝተመስረተ ምኽኑ ከይተዘንግዐ -- ዘበናዊ ስልጣኔ መስረቱ።

ስለ'ዚ፡ ከም ውጽኢት ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ ኣብ ዝተሃንጸ ርእሰማላዊ ቁጠባ፡ ካብ ዝሓለፈ ሕብረተሰባት ብዓይነት ዝተፈለየ፡ ዝያዳ ዝተሓላለኸን ዝተራቐቐን ኣቃውማን ዝምድናታትን ዘለዎ፡ ብቐጻሊ ለውጥን ምቅይያርን ጥራይ ዝነብር ዘበናዊ ርእሰማላዊ

ሕብረተሰብ ማዕበለ። ድኹን'ምበር ርእሰማላዊ ሕብረተሰብ ብመሰረቱ ደርባዊ፣ ማለት ኣብ ልዕልናን ዕብለላን ትርፊ እቶት ዝቆጻጸርን ዝጥቀምን ዝወሓደ ገዛኢ ደርቢ ብርኸዋን፣ ዝበዝሐ ተጸቒጡ ብዕዮኡ ዝነብር ሰራሕተኛ ህዝብን ዝቖመ ስለዝኾነ፣ ከም ቅድሚኡ ዝነበሩ ደርባዊ ሕብረተሰባት ኣብ ልዕልና ውሑዳት ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ስለ ዝተመስረተ በዚ መዳይ'ዚ ኣይፍለን'ዩ።

ዘበናዊ ርእሰማላዊ ሕብረተሰብ፣ መነባብሮኡ ኣብ ሕርሻ ዘይኮነስ ኣብ ኢንዱስትርን ኣገልግሎታትን ዝምርኮስ፣ ናብ ሓያለይ ዝተፈላለየ ዕዮታትን ሞያታትን ዝፍጽሙ ጉጅለታትን ደርብታትን ዝተኸፋፈለ፣ ቅድሚኡ ዘይነበረ ኣዝዩ ልዑል ትርፊ እቶት ብቐጻሊ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ ዘለዎ እዩ። እዚ ልዑል ትርፊ እቶት'ዚ፣ ሚልዮናት ሰባት ብዛዕባ ዕለታዊ መግቦም ከይሓሰቡ ካልእ ዋኒኖም ክገብሩ ውሕስነት ፈጠረ። ምፍራይን ምዝርጋሕን ንግድላት ሕብረተሰብ ኣብ ምፍታሕ ዝውዕልን ፍልጠት ሚልዮናት ዘሳትፍን ዓቢ ኢንዱስትሪ ኮነ። ኣብ'ተን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት፣ ኣብኣን'ውን ንውሱን ሓለፉ ዘለዎ ርኹብ ጉጅለታት ዝምልከት'ኳ እንተኾነ፣ ባህልን ስነ-ጥበብን ንምፍራይን ምስትምቓርን እኹል ሃብትን ግዜን መሳለጥያታትን ዘለዎ ተዛናዪ ደርቢ (Leisure Class) ተፈጥረ። ይኹን'ምበር፣ ርእሰማላዊ ሕብረተሰብ ኣብ ታሪኽ ካብ ዝኽሰት ኣትሒዙ፣ መልክዑ ዝቀያይር'ኳ እንተኾነ፣ ብውሽጢ ኣብ ናይቲ ዝበዝሐ ሰራሕተኛ ህዝብን ማእከሎት ጉጅለታትን ዘይፍትሓዊ ቁጠባውን ፖለቲካውን ባህላውን ምግላልን ተዛማዲ ድኽነትን ስእነትን፣ ብደገ ድማ ኣብ ናይ መብዛሕትኡ ህዝቢ ዓለም፣ ማለት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበረ ህዝብታት ሕሉፍ ድኽነትን ወጽዓን ዝተመስረተ ኮይኑ እዩ ቐጺሉ።

ዘበናውነት ኣብ ታሪኽ ሱር-ብተኽ ምዕባሌ፣ ነጥበ-መቐይሮ እዩ ኔሩ። በዚ ኸኣ ዘበናውነት ኣብ ታሪኽ ሓድሽን ፍሉይን ምዕ ራፍ ከፈተ። ምስ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ኩሉ መድረኻት ርኡይ መፍለይ-ዶብ ብምፍጣር ከኣ፣ ታሪኽ ብኽልተ ኣብ ሓድሕዱ

ዝነጻጸር ዝተፈላለየ ቅድመ-ዘበናውን ዘበናውን መዋእላት ከም ዝግለጽ ገበረ። ምኽንያቱ ዘበናውነት ካብ ቅድመ-ዘበናውነት ብዝተፈልየ፡ ንነብሱ ከም ወራስን መቐጸልታን ዘይኮነስ፡ ከም ፈጺሙ ዝተፈልየን ሓድሽን ክገልጽ፤ ንኹሉ ቅድሚኡ ኣብ ነዊሕ ታሪኽ ሰብ ዝተዋህለለ ፍልጠት፡ ያታዊ ልምድታትን ኣረኣእያታትን፡ ብሓፈሻ ጸኒሓዊ ባህሊ ክብድህን፡ ብሓድሽ ኣብ ስነ-ፍልጠትን (Science and Reason) ርትዕን ዝተሰረተ ፍልጠትን ባህልን ክትክእን ዝተበገሰ መስርሕ'ዩ። ስለ'ዚ እቲ ኣብ ሰብኣ ዊ ርትዕን ዓቕምን ዝኣምን ሰብኣውነቱ ምስ'ቲ ኣብ ማሪትን ልዕለ-ባህርያዊ ሓይልን ዝኣምን ያታውን ሃይማኖታውን ባህሊ ተራጸመ። ዘበናውነት ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታዊ ድርቅናን ሃሜንነትን፡ ማሪታውን ያታውን ልምድታትን ኣረኣእያታትን ኵናት ብምእዋጅ፡ ዓንኬል ሰብኣዊ ፍልጠትን ምርምርን ምትሕብባርን ኣስፍሐ።

ኣብ ኤውሮጳ ብሓፈሻ መስፍናዊ ስርዓት፡ በቲ ሓድሽ ደርቢ ብርኸቦዋ ዝተመርሐን ህዝቢ ዝተሳተፎን ፖለቲካዊ ሰውራታት እዩ ተወጊዱ። ሰውራ፡ ካብ ቅድሚኡ ዝነበረ ፍኑው ናዕ ብታት ብዝተፈልየ፡ ከም ውዱብን ንቑሕን ዘበናዊ ፖለቲካዊ ተግባር፡ ማለት ፍሉጥን እዉጅን ስነ-ሓሳብን ፕሮግራምን ዘለዎ ዝተወደበ ተግባር፡ ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ ተኸስተ። ኣብ እግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ኣሜሪካ ወዘተ ዝተኻየደ ብርኸቦዋ ሰውራታት እምበኣር ንስልጣን ነገስታትን መሳፍንትን ብምስዓር፡ ዘበናዊ ሃገራዊ መንግስታት ተኸለ። ብቐንዱ ካብ 19 ዘበን ኣትሒዙ ድማ፡ ፍሉጥ ዶባት ዘለዎ፡ ብሓደ ስርዓተ-ሕጊ ዝግዛእ፡ ብሓደ ሃገራዊ ዕዳጋ ዝተጠምረ ቁጠባዊ ሂወት ዘሕልፍ፡ ተመሳሳሊ ባህልን መንነትን ዘማዕብል ሃገራዊ መንግስታት፡ ናይ ዘበናዊ ዓለም መሰረታዊ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኮነ። ካብ ቅድሚኡ ዝነበሩ ዓይነት መንግስታት ብስፍሓትን ዕምቆትን ተግባራቱን ተራኡን ዝተፈልየ፡ ናብ ሕብረተሰብ ክሳብ ስድራቤት ብዕ ምቆት ብምእታው ዘመሓድር፡ ትምህርትን ጥዕናን ካልእ መሰረታዊ ኣገልግሎታትን ዘካይድ ዘበናዊ መንግስቲ ክምዕብል ጀመረ። ዘበናዊ መንግስቲ ብልዕል ዝበለ ደረጃ ዝተወደበን፡

ስልጣን ካብ ሰብ ናብ ትካላት ዝተሰጋገረሉን፣ ኣብ ሓጋጊን ፈጻምን ፈራድን ኣካላት ዝተኸፋፈለን ልዑል ትካላውነት ዘለዎ ፖለቲካዊ ስርዓት'ዩ። ከም'ዚ ይኹን'ምበር፣ ኣብ ርእሰማልነት ዘበናዊ መንግስቲ ንልዕልና ውሑዳት ኣብ ልዕሊ ቡዙሓት፣ ንጭቆናን ምዝመዛን ሓፋሽ ህዝቢ፣ ንመግዛእትን ሃጸይነትን ከም ዘገልግል ክርሳዕ ኣይግባእን።

ሓደ ካብ ፍሉይነት ዘበናዊ መንግስቲ፣ ንምምሕዳርን ኲናትን ብኣማኢት ኣሽሓት ወይ ሚልዮናት ብዘሳትፍ ኢንዱስትሪያዊ መልክዕ ዝውድብ ምዃኑ'ዩ። ስለ'ዚ ኣብ ልዑል ሞያውነት ዝተሰረተ ዘበናዊ ሲቪላዊ ኣገልግሎትን ዘበናዊ ቀዋሚ ሰራዊትን ቀንዲ ኣካላት ዘበናዊ መንግስቲ'ዩ። ኣብ ዘበናዊ መዋእል ኲናት ከም ቀንዲ ተግባር መንግስቲ ስለ ዝቐጸለን፣ ውጽኢት ዘበናዊ ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ኣብ መዓላ ኲናት ስለ ዝወዓለን፣ ኲናት ብኣወዳድባኡን መጋበርያታቱን ኣዕናውነቱን ብዝድንጹ መጠን ብዕጽፍታት ከም ዝዓበየ፣ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ኲናት ዓለም ተጋሂዱ'ዩ። እቲ ኣብ መበል 20 ዘበን ኣብ ዝተኻየደ ዓበይትን ንኣሽቱን ኲናታት ዝሃለቐ ልዕሊ 100 ሚልዮን ሰብ ካብ'ቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ 6 ሽሕ ዓመታት ኣብ ዝተኻየደ ኩሉ ኲናታት ዝሃለቐ ሰብ ብዕጽፍታት ዝዛይድ ምዃኑ፣ ኢንዱስትሪያውነት ኝኲናት ክሳብ ክንደይ ከም ዝቐየሮ የርኢ።

ብኻልእ መዳይ፣ ዘበናዊ መንግስታት ኤውሮጳ፣ ስልጣኑ ናብ መላእ ዓለም ብምዝርጋሕ፣ ዶባት ሃገራቱ ዝሰገረ ምስፍሕፋሕ ርእሰማላዊ ኢንዱስትሪ ኣብ ዝፈጠሮ ጭቆናን ምዝመዛን ዝበዝሐ ህዝቢ ዓለም ዝተመስረተ ናይ መጀመርያ ዓለም-ለኸ ስርዓት፣ ዓለማዊ መግዛእታዊ ስርዓት ተመስረተ። እዚ ስርዓት'ዚ፣ ንረብሓ ውሑዳት ሓያላትን ሃብታማትን ሃገራት ዘገልግል፣ ኣብ መንጎ ሃገራትን ዝተፈላለየ ክፍልታት ዓለምን ዘይተመጣጠነ ዝርጋሐ ሃብትን ስልጣንን ዘርግእ ስርዓት'ዩ። እቲ ድሕሪ ምፍራስ ዓለማዊ መግዛእታዊ ስርዓት ዝመጸ ናይ ናጻ ሃገራት ሓድሽ ኣህጉራዊ ስርዓት'ውን -- ግሎባውነት

ብህቡብ ኣጸዋውዓ -- ታሪኻዊ መቐጸልታ ናይቲ ዝቐደሞ ስርዓት ዝኾነ ብመሰረቱ ዘይፍትሓውን ዕብለላን ረብሓን ውሑዳት ዘረጋግጽን ስርዓት ኮይኑ'ዩ ቀጺሉ ዘሎ።

ዓለማዊ መግዛእቲ ፈለማ ኣብ 19 ዘበን ኣብ ላቲን ኣሜሪካ ብዝተኻየደ ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ተበዲሁ፣ ከም ውጽኢቱ ሓያለይ ነጻ ሃገራዊ መንግስታት ተመስሪተን። ድሕሪ ልዕሊ ሓደ ዘበን ድማ፣ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ኤስያን ኣፍሪቃን እቲ ኣንጻር ምዕራባዊ መግዛእትን ሃጸይነትን ዝቐንዐ ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ሓደ ድሕሪ ሓደ ተዓዊቱ፣ ዓሰርተታት ሓደስቲ ሃገራዊ መንግስታት ተኣወጀ። ይኹን'ምበር እቲ ግዳማዊ ናይ ተጸጋዕነትን ዕብለላን ዝምድና ብናጽነት ኣይተበትከን። ብውሽጢ ኸኣ፣ ዘበናዊ መግዛእቲ ኣብ'ቲ ግዙእ ሕብረተሰብ ነቲ ቅድመ-ኢንዱስትሪያዊ ኣቃውማ ብመሰረቱ ከይቀየረ፣ ኣብ ረብሓኡ ዝኾነ ክፋላት ጥራይ ለውጢ ስለ ዘተኣታተወ፣ ኣብ'ተን ናጻ ሃገራት ዝተፈራረቐ ኲነታት ንረክብ። ስለ'ዚ ኣብ'ተን ሓደስቲ ናጻ መንግስታት ዘበናውን ቅድመ-ዘበናውን ባእታታት ተደባሊቑ ይርከብ። በዚ ኸኣ፣ ምህናጽ ኣብ ኢንዱስትሪያዊ ቁጠባ ዝተሰረተ ዘበናዊ ሃገርን መንግስትን ክሳብ ሕጂ ዘይተፈትሐ ግድል ኮይኑ'ሎ።

ርእሰማልነት ግን ብደገ ጥራይ ኣይኮነን ተቓውሞ ዘጓነፎ። ብውሽጢ'ውን ብሰንኪ'ቲ ዘስዓቦ ምምዝባልን ድኽነትን ምዝመዛን፣ ናይ ውጹዓት ደርብታትን ጉጅለታትን ተሪር ተቓውሞ ገጢምዎ'ዩ። ማሕበርነት ከኣ ናይ'ዚ ተቓውሞታት'ዚ ቀንዲ ስነ-ሓሳባዊ መግለጺ ኮይኑ ተኸስተ። ካብ መወዳእታ 19 ዘበን ንድሓር ድማ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ኢንዱስትሪያዊ ሃገራት ሰፊሕ ደገፍ ሰራሕተኛታት ዝነበሮ ማሕበርነታውን ዴሳውን ምንቅስቓሳት ዓበየ። ኣብ ትሕቲ ሰንደቕ ማሕበርነት ኣብ ሩሲያ ብ1917 ዝተኻየደ ሰውራ ጥቅምቲ፣ ንርእሰማልነት ዝገጠሞ ዝዓበየ ብድሆ እዩ ኔሩ። በዚ ውሽጣዊ ቃልስታት ከኣ ርእሰማልነት ጽገና ክገብር ስለ ዝተገደደ፣ መነባብሮ ሰራሕተኛ ህዝቢ ዘመሓይሽ ስጉምትታት ተወስደ። ድሕሪ ካልኣይ ኲናት

ዓለም ድማ፡ ኣብ ገለ ሃገራት ምዕራብ ንርእሰማልነትን ማሕበርነትን ክዓርቕ ዝፍትን ማሕበረ-ዲሞክራሲያዊ ስርዓታት ተተኽለ። ድሕሪ ሰውራ ጥቅምቲ፡ ኣብ ሩሲያ ዝተተኽለ ሶቬታዊ ስርዓት ግን፡ ዋላ'ኳ ኣብ ካልኣይ ኵናት ዓለም ብምዕዋቱ ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ ስዓብቲ መንግስታት ክተክልን ጽልዋኡ ብደረጃ ዓለም ክዝርግሕን እንተኸኣለ፡ ኣብ መወዳእታ 1980'ታት ብናይ ምዕራባዊ ደንበ ምትእትታውን ጸቕጥን ዝተጋደደ ክፈትሖ ዘይክእል ፖለቲካውን ቁጠባውን ቅልውላዋት ስለ ዝገንፈለ፡ ተበታቲኑ ተረፈ። እቲ ኣብ ትሕቲ ሰንደቕ ማሕበርነት ብመሪሕነት ዴሳዊ ሰልፊ ኣብ ቻይና ዝተዓወተ ሰውራ ግን፡ ዘበናዊት ቻይና ንምህናጽ ኣብ ዝጀመሮ ጉዕዞ፡ ኣብ ፕሮግራሙ ጽገናታት ብምግባር ብዙሕ ሰጕሙ ኣሎ።

ማሕበርነት ካብ ርእሰማልነት ዝማዕበለ፡ ኣብ ሓባራዊ ዋንነትን ማዕርነትን ዝተመስረተ፡ ዕብለላን ምዝመዛን ዘየፍቅድ ፖለቲካውን ቁጠባውን ውዳቤ ኢንዱስትሪያዊ ሕብረተሰብ ክህነጽ ዝእምም ስነ-ሓሳብ'ዩ። ሽሕ'ኳ እቲ ብስም ማሕበርነት ዝተኻየደ ሰውራታትን ዝተኸሉ ስርዓታትን ብግብሪ ማዕረ እቲ ዕላማ ኮይኑ እንተ ዘይተረኸበ፡ እቲ ሓሳብ ኣይተሳዕረን። ምኽንያቱ፡ ካብ ርእሰማልነት ዝሓሸን ዝያዳ ሰብኣውን ሕብረተሰብ ናይ ምህናጽ ባህጊ ኣይሞተን። ማሕበራዊ ፍትሒ ከም ዕላማ ኽኣ ኣይበለየን። ስለ'ዚ፡ ሕጂ'ውን ነቲ ኣብ ጸቢብ መኽሰብን ስሱዕ ድሌታትን ዘይረዊ ኣህላኽነትን (Consumerism) ዝተመስረተ ርእሰማላዊ ስርዓት፡ ብኣብ ፍትሕን ሽርክነትን ማዕ ርነትን ሚዛናውነትን ዝተመስረተ ዝሓሸ ፖለቲካውን ቁጠባውን ውዳቤን ምሕደራን ሕብረተሰብን ባህርን ጸጋታትን ዘለዎ ስርዓት ንምትካእ ዝሕልን ሓሳባትን ምንቅስቓሳትን ይቕጽል ኣሎ። ዋላ'ኳ ገነታዊ (Utopian) ዕላማታትን ፕሮግራማትን፡ ንሱ ዝድርኾን ዝኹስኵሶን ጥሩፍነትን ሃሜንነትን (Extrimism and Dogmatism) ብሓፈሻ እንተተነጽገ፡ ዝበለጸ ሂወት ንምህናጽ ዘገልግል ካብ ርእሰማልነትን ዕዳጋን ዝሓሸ ካልእ ፖለቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ባህላውን ውዳቤ ሕብረተሰብ ንምምጻእን መተካእታ ንምርካብን ምፍታን ኣየቋረጸን። ስለ'ዚ ንርእሰማልነት

ዝነጽግ፡ ንተመክሮ ማሕበርነት ብነቐፌታዊ ዓይኒ ዝምርምር፡ ዝማዕበለን ፍትሓውን ውዳቤ ሕብረተሰብ ንምህናጽ ዝቃለስ ንረብሓ ሓፋሽ ሰራሕተኛ ህዝቢ ዝውክል ዝተፈላለየ ገስጋሲ ምንቅስቓሳትን ፈተነታትን ይምዕብል ኣሎ።

## 6. በበይኑ መልክዓት ፖለቲካዊ ውዳቤ

ነዚ ኣብ ዝሓለፈ ገጻት ዝተገልጸ ታሪኽ ኣመዓባብላ ፖለቲካዊ ውዳቤ ሕብረተሰባት ከም ድሕረ-ባይታ ብምውሳድ፡ ቀጺልና ብዛዕባ'ቲ ቀንዲ መልክዓት ፖለቲካዊ ውዳቤ፡ ማለት መንግስቲ፡ ኣመሓዳድራ፡ ሰልፍን ግንባርን ክንዝቲ ኢና።

መንግስቲ፡- ኣብ ኩሉ ደርባዊ ሕብረተሰብ መንግስቲ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ውዳቤ'ዩ። ሕብረተሰብ ካብ ፍልማዊ ኩነታት ወጺኡ ናብ ዝተፈላለየ ዕዮታት ዝፍጽም ደርብታትን ጉጅለታትን ምስ ተኸፋፈለን፡ ብዘይካ ብስልጣን ብኻልእ ክመሓደር ዘይክእል ግጭት ረብሓታትን ድሌታትን ምስ መጸን፡ መንግስቲ ከም ዝለዓለ ስልጣን ከም ዝተተኽለ ኣ ቐዲምና ርኢና ኔርና። መንግስቲ እምበኣር ኣብ ሓደ ግዝኣት እቲ ዝለዓለ ስልጣን ዘዘውትር፡ ማለት ኩሉ ናይ ጎነጽ መሳ ርሒታት ዝቆጻጸር -- ሰራዊት፡ ፖሊሲ፡ ጸጥታ -- ፖለቲካዊ ውዳቤ'ዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ ካብ ጥንቲ ክሳ ብ ሎሚ፡ መንግስቲ ብኣወዳድብኡ፡ ስፍሓቱን ዕምቆቱን ተግባራቱን ተራኡን እናማዕበለ እዩ መጺኡ። ስለ'ዚ ዘበናዊ መንግስቲ ብኣወዳድባኡን ዝፍጽሞ ተግባራትን ዘለዎ ተራን ካብ ጥንታዊ ይኹን መስፍናዊ መንግስታት ዝተፈልየ እዩ። ዘበናዊ መንግስቲ ንኣዝዩ ዝተሓላለኸን ዝተኸፋፈለን ኣቃውማ ዘለዎ ኢንዱስትሪያዊ ሕብረተሰብ ስለዘመሓድር፡ ኣወዳድባኡን ኣካይዳኡን ዝተራቐቐን ኣማኢት ኣሽሓት ክሳብ ሚልዮናት ሰባት ዘስርሕ፡ ልዑል ሞያውነት ዝሓትት'ዩ። ተግባራቱን ተራኡን ከኣ፡ ከም ቀደም ኣብ ምክልኻል ወይ ምክያድ ወራር፡ ከምኡ'ውን ምሕላው ስርዓትን ጸጥታን ከይተሓጽረ ሰፊሕ ፖለቲካውን ቁጠባውን ባህላውን ማሕበራውን ተግባራት

ይፍጽም። ብኻልእ ቓላት፣ እቲ ቅድመ-ዘበናዊ መንግስቲ ብቐንዱ ኣብ ምክልኻልን ምኽባር ስርዓትን ምእካብ ግብርን ዝተሓጽረ ተግባራት ዝፍጽም ስለዝነበረ ውዳቤኡ ማዕረኡ ውሱን'ዩ ኔሩ። እቲ ዘበናዊ መንግስቲ ግን፣ ልዕሊኡ ብምኻድ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ሂወት ሕብረተሰብ መሰረታዊ ተግባራትን ኣገልግሎታትን ስለ ዝፍጽምን ዝህብን ውዳቤኡ ማዕረኡ ዝዓበየን ዝተራቐቐን ክኸውን ግድን'ዩ።

ኣብ ሕብረተሰብ መንግስቲ መሳርሒ ረብሓታት'ዩ። እቲ ጸጋታት ሕብረተሰብ ዝቆጻጸር ዓብላሊ ደርብታትን ጉጅለታትን ከኣ መንግስታዊ ስልጣን ብምቁጽጻር ረብሓታቱ ንምግልጋል ይጥቀመሉ። ስለ'ዚ ኩሉ መንግስታት ተመሳሳሊ ዘይኮነስ ብዝውክሎ ረብሓታትን ዝምርሓሉ ስነሓሳብን ዘለዎ ኣወዳድባን ይፈላለ'ዩ።

ኣብ ታሪኽ፣ ስልጣን ናይ መን? ንዝብል ሕቶ ሰለስተ መልስታት ክወሃቦ ንርኢ -- ስልጣን ናይ ሓደ፣ ናይ ውሑዳን፣ ናይ ብዙሓት ወይ ህዝቢ። ነዚ ሕቶ'ዚ ብዝወሃቦ መልሲ ኸኣ ሰለስተ ዓይነታት መንግስቲ ከነለሊ ኛኽእል፦

1. ውልቀ-ምልካዊ -- ፍጹም ንግስነት፣ ምልኪ ሓደ ሰብ (ቲራኒ)
2. ምልኪ-ውሑዳን -- መስፍናዊ ስርዓት፣ ፋሽሽታውን ወተሃደራውን ስርዓት (ኦሊጋርኪ)
3. ደሞክራሲ -- ሊበራላዊ፣ ማሕበረ-ደሞክራሲያዊ፣ ማሕበርነታዊ [ኣብ መንጎ'ዚ ዝተፈላለየ ደሞክራሲያዊ ስርዓታት ግን መሰረታዊ ፍልልይ ከም ዘሎ ምስትውዓል የድሊ።]

እቲ ኣብ ኤውሮጳን ሰሜን ኣሜሪካን ኣብ 18ን 19ን ዘበናት ዝተኻየደ ብርኽርዋ ሰውራታት፣ ብቐዋም ዝምራሕ ኣብ ግዝኣተ-ሕጊ ዝተሰረተ፣ ውሱን ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ህዝቢ ዘፍቅድ ሊበራላዊ መንግስቲ ሃነጸ። እዚ ስርዓት'ዚ፣ ንሰራሕተኛ ህዝብን

ኩለን ደቀንስትዮን ዘግልል፥ መሰል ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ብሕጊ ዘየፍቅድ እዩ ኔሩ። እቶም ከም ምሉኣት ዜጋታት መሰል ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ዝነበሮም፥ እቶም ዝተወሰነ ሃብትን ልዕል ዝበለ ደረጃ ትምህርትን ዝነበሮም ውሑዳት እዮም ኔሮም ። ብኻልእ ወገን፥ እቲ ኣብ ትሕቲ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ዝነበረ ሚልዮናት ግዙእ ህዝቢ ከኣ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ መሰል ኣይነበሮን።

ኣብ ኤውሮጳን ሰሜን ኣሜሪካን መሰል ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ብዘይ ኣፈላላይ ንኽረጋገጽ ነዊሕ ደሞክራሲያውን ማሕበርነታውን ቃልስታት ተኻይዱ'ዩ። ሽሕ'ኳ እቲ ብሕጊ ዝተዋሕሰ መሰል ኣብ ግብሪ ብሃብትን ስልጣንን ኣዝዩ ዝተደረተ እንተኾነ፥ ምስፋሕ ፖለቲካዊ መሰል ከም ውጽኢት ቃልሲ ኣገዳሲ ዓወት እዩ ኔሩ። ኣብ'ቲ ግዙእ ዝነበረ ዓለም ከኣ፥ እቲ ኣንጻር መግዛእትን ሃጸይነትን ዝቐንዐ ሓርነታዊ ሰውራታትን ምንቅስቓሳትን ድሕሪ ምዕዋቱ ናጻ ሃገራዊ መንግስታት ተተኸለ። ኣብ'ዚ እውን እቲ ግዙእ ዝነበረ ህዝቢ ብሕጊ ናጽነትን መሰልን'ኳ እንተረኸበ፥ ብግብርን ብኻልእ መልክዕን ግን ተጸጋዕነትን ዕብለላን ኣየቋረጸን።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ዓለም ዝተፈላለየ ዓቕሚ ስልጣንን ብቕዓት ውዳቤን ዘለዎ፥ ነቲ ኣብ መንጎ ሃገራት ዘሎ ዘይተመጣጠነ ናይ ስልጣንን ሃብትን ፍልልያት ዘንጸባርቕ፥ ሓያልን ድኹምን፥ ሃብታምን ድኻን መንግስታት ንረክብ። ስለ'ዚ ድልዳሌን ብቕዓትን መንግስቲ ኣገዳሲ መምዘኒ ስልጣን ሃገራት እዩ።

ብኣጠቓላሊ፥ ኣብ ታሪኽ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻትን ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታትን፥ ብዝውክሎ ረብሓታት፥ ብዘለዎ ኣወዳድባን ዓቕምን፥ ብዝፍጽሞ ተግባራት ዝፈላለ፥ ኣብ ስልጣን ናይ ሓደ ወይ ውሑዳት ወይ ብዙሓት ዝተመስረተ በበይኑ ዓይነታት መንግስታት ንረክብ። ስለ'ዚ፥ መንግስቲ-ከተማ፥ ጥንታዊ መንግስቲ፥ መስፍናዊ መንግስቲ፥ ርእሰማላዊ መንግስቲ፥

ማሕበርነታዊ መንግስቲ ከነላሊ ኾኽእል።

ኣመሓዳድራ፡- መንግስትን ኣመሓዳድራን (State and Government)፡ መንግስቲ ከም ልኡላዊ ስልጣን ሃገር፡ ኣመሓዳድራ ኸኣ ከም ልኡላዊ ስልጣን ናብ ግብሪ ዝውዕለሉ ስርዓት፡ ኣብ ሓድሕዱ ዝመራኸቡስን ዝመላላእን ዘይነጻጸልን'ዩ። መንግስቲ ነቲ ነባርነትን ቀጻልነትን ዘለዎ መሰረታዊ ረብሓታትን ክብርታትን ሃገርን ልኡላዊ ስልጣን ህዝብን ስለ ዝውክል ቀዋምነት ኣለዎ። ኣመሓድራ ግን፡ ንመድረኻዊ ረብሓታትን ፖሊሲታትን ዘተግብር ብምርጫ ወይ ካልእ ኣገባብ ኣብ ሓጺር ግዜ ዝቀያየር እዩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነታት መንግስታት ወይ ፖለቲካዊ ስርዓ ታት ዝተፈላለየ ኣመሓዳድራ ንረክብ። ስለ'ዚ ኣብ ጥንታዊ መንግስታት ዝነበረ ኣመሓዳድራ ካብ ኣብ ዘበናዊ መንግስታት ዘሎ ኣመሓዳድራ ይፍለ። ኣብ ጥንታዊ መንግስታት መብዛሕትኡ ግዜ ሓጋጊ፡ ፈጻሚ፡ ፈራዲ ስልጣን ብእኩብ ናይ ሃጺይ ወይ ንጉስ'ዩ ኔሩ። ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ኣባላት ንጉሳዊ ቤተሰብ፡ ልኡላን፡ መራሕቲ ሰራዊት፡ ኣመሓደርቲ... ዘረጋግጽ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝፈላለ መጋባእያታት ወይ ካልእ ኣገባባት ከኣ ኔርዎ። በንጻሩ ግን፡ ዘበናዊ መንግስታት ኣብ መበል 20 ዘበን ተመሳሳሊ መልክዕ ኣመሓዳድራ ኣማዕቢሎ ኣሎ። ሽሕ'ኳ ዘበናዊ መንግስታት ብዝውክልዎ ረብሓታት፡ ዝኽተልዎ ስነ-ሓሳብ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ባህላውን ኩነታቱ ዝፈላለ እንተኾነ፡ መልክዕ ኣወዳድባኡ ዝያዳ ተመሳሳሊ እናኾነ እዩ ማዕቢሉ። ስለ'ዚ፡ ምክፍፋል ስልጣን ናብ ሓጋጊ፡ ፈጻሚ፡ ፈራዲ ኣካላት፤ ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ዝውድብ ሰልፍታት፡ ማሕበራት፡ ማዕከናት ዜናን ካልእ ኣገባባትን፤ ንመላእ ሃገር ዝገዝእ ሓደ ስርዓተ-ሕግን ኣገባብ ምምሕዳርን፤ እዋናዊ ምርጫታትን ምቕያር ኣመሓዳድርን... ዝኣመሰለ ተመሳሳሊ ኣቃውማታት ኣለዎ።

ዘበናዊ መልክዕ ኣመሓዳድራ በቲ ዳርጋ ኣብ ኩለን ሃገራት

ዘሎ ቅዋማት ብሕጊ ዝተወሰነ'ዩ። ብሓፈሻ ሰለስተ መልክዓት ኣመሓዳድራ ንረክብ፡-

1. ባይቶኣዊ -- ባይቶ ዝለዓለ ስልጣን ኮይኑ፡ ፈጻሚ ኣካል ካብ ባይቶ ዝምረጸሉ፤
2. ፕረሲደንታዊ -- ፕረሲደንት ፈጻሚ ስልጣን ፡ ባይቶ ከኣ ሓጋጊ ስልጣን ዝሕዘሉ፤
3. ሕውስዋስ -- ናይ ባይቶኣውን ፕረሲደንታውን መልክዓት ሕውስዋስ ዝኾነ።

ኣብ ኩሉ ከኣ ፍርዳዊ ኣካል ካብቲ ሓጋግን ፈጻምን ኣካላት ተዛማዲ ናጽነት ኣለዎ።

ፖለቲካዊ ውድባት፡- ኣብ ዘበናዊ መዋእል፡ ፖለቲካ ካብ ዋኒን ውሑዳን ላዕለዎት ጉጅለታት ምንባሩ፡ ብቓልሲ ናብ ህዝቢ ዝተሳተፎ ደሞክራሲያዊ መስርሕ እናተቐየረ ስለ ዝኸደ፡ ህዝባዊ ተሳታፍነት ዝውድብ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ውድባት ክምዕብል ንርኢ። ኣብ ፖለቲካ ናይ ኣረኣእያ ፍልልይ ክህሉ ግድንን ቅቡልን'ዩ፤ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ኣድላይ'ዩ፤ ብዘይ ብኡኡ ምሉእ ፖለቲካዊ ሓርነት ክህሉ ኣይክእልን'ዩ፤ ዝብል ርእይቶን መርገጽን'ውን ተቐባልነቱ እናሰፍሐ መጸ። ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ እቲ ኣብ 18ን 19ን ዘበናት ዝተኻየደ ብርኽርዋ ሰውራታት፡ ብቐንዱ ኸኣ ናይ 20 ዘበን ማሕበርነታውን ሓርነታውን ምንቅስቓሳትን ሰውራታትን ኣገዳሲ ምዕራፍ እዩ ኔሩ። ካብ 19 ዘበን ኣትሒዙ፡ ኣውራ ድማ ኣብ መበል 20 ዘበን እምበኣር ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ስነሓሳባትን ዝውክሎ ሰልፍታትን ግንባራትን ተኸስተ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኸኣ፡ ዘበናዊ ፖለቲካዊ ውድባት ብብዝሕን ዓይነትን ኣዝዩ ወሲኹ፡ኣብ ርእሲ ሰልፍታትን ግንባራትን፡ በበይኑ ናይ ፖለቲካዊ ጎስጓስን ጸቕጥን ጉጅለታትን ካልእ ጽልዋ ዘለዎ ማሕበራትን ኣሰፋሕፊሑ ኣሎ።

ኣብ ኩሉ ቅድመ-ዘበናዊ ስርዓታት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ መንጎ

ገዛእቲ ደርብታትን ሰራሕተኛ ህዝብን ዝነበረ መሰረታዊ ናይ ረብሓ ግጭታት፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ገዛኢ ደርብታት ናይ ረብሓን ስልጣንን ፍልልይን ነዚ ዘንጸባርቕ ጃንዳታትን ጃንዳዊ ቁሩቁሳ ትን ኔሩ'ዩ። ፍሉጥ ማሕበራዊ ረብሓታት ዝውክል፡ ብስነ-ሓሳብ ዝምራሕ፡ ፕሮግራማት ብምሕንጻጽ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምጭባጥ ዝቃለስ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ግን ውጽኢት ዘበናዊ ሰውራታትን ቃልስታትን እዩ። ፖለቲካዊ ሰልፊ እምበኣር፡ ኣብ ሕብረተሰብ ንዝተወሰነ ረብሓታት ብምውካልን ንዕኡ ዘገልግል ፕሮግራማትን ፖለሲታትን ብምርቃቕን፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምጭባጥ ዝቃለስ ብወለንታ ዝቐውም ማሕበር እዩ።

ኣብ ኢንዱስትሪያዊ ሕብረተሰባት ዝተኻየደ ብርኽቲ ሰውራታትን ዝሰዓቦ ማሕበራዊ ቃልስታትን፡ ፖለቲካዊ ሰልፊ ከም ቀንዲ መልክዕ ውዳቤ ከፍሪ ኸሎ፤ እቲ ኣንጻር መግዛእትን ሃጸይነትን ዝተኻየደ ሓርነታዊ ሰውራታትን ምንቅስቓሳትን ብወገኑ፡ ሃገራዊ ሓርነታዊ ግንባር ከም ቀንዲ መልክዕ ውዳቤ ኣፍረየ። ሃገራዊ ሓርነታዊ ግንባር፡ ብዝተፈላለየ ስነሓሳባት ዝምራሕ፡ ቀንዲ ዕላማኡ ናጻ ሃገራዊ መንግስቲ ምትካልን ምህናጽ ሃገርን ዝኾነ፡ ንረብሓ እቲ ግዙእ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ዝውክል መልክዕ ውዳቤ'ዩ።

ኣብ ዘበናዊ ታሪኽ እዚ ዝስዕብ ቀንዲ ሰልፍታትን ግንባራትን ተራእዩ፡-

- ዓቃባዊ ሰልፍታት -- ንረብሓ ገዛእቲ ደርብታት ብምውካል ኣንጻር ለውጢ ወይ ምምሕያሽ ዝኾነ የማናዊ ሰልፍታት፤

- ሊበራላዊ ሰልፍታት -- ንረብሓ ብርኽቲ ማእከሎት ደርብታትን ብምውካል ብዝተወሰነ ደረጃ ጽገናዊ ለውጥታት ዝቕበል ሰልፍታት፤

- ማሕበርነታዊ/ዴሳዊ ሰልፍታት -- ንረብሓ ሸቃሎን ሓረስቶትን ካልኦት ሰራሕተኛ ክፍልታትን ብምውካል

ንጽገናዊ ለውጢ ወይ ሰውራዊ ለውጢ ዝቃለስ ሰልፍታት፤

- ፋሽሽታዊ ሰልፍታት -- ንጸቢብ ረብሓ ላዕለዎት ጉጅለታትን ንኣድሓርሓርን ዓሌታውን ትምክሕታውን ኣተሓሳስባ ዝውክል ምልካዊ ሰልፍታት፤

- ገስጋሲ ሰልፍታት -- ንመሰል ደቀንስትዮ፡ ንምሕላው ኣከባቢ ወዘተ፡ ብሓፈሻ ንፍትሕን ማዕርነትን ዝቃለስ ዝተፈላለየ ሰልፍታት፤

- ሃገራዊ ሓርነታዊ ግንባር -- ንግዙእ ህዝቢ ብሓፈሻ ብምውካል፡ መግዛእትን ሃጸይነትን ብምስዓር ናጻ ሃገራዊ መንግስቲ ንምትካልን ሃገር ንምህናጽን ዝቃለስ ዝተፈላለየ ስነ-ሓሳባዊ መስመር ዝኽተል ግንባራት፤

- ስሙር ግንባር -- ኣንጻር ፋሽሽትነትን ምልክን ኣ ብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ኣብ መንጎ ዝፈላለ ስነ-ሓሳብን ፕሮግራምን ዘለዎም ሰልፍታትን ዝተፈላለየ ምንቅስቓሳ ትን ዝምስረት ልፍንታዊ ግንባራት።

ክውንነት ሰልፍታት ኣዝዩ ዝተወሳሰበ ስለዝኾነ፡ እዚ ዝርዝር’ዚ ሓፈሻዊ መወከሲ ደኣ’ምበር ግድን ኩሉ ሰልፍታት ኣብኡ ክስራዕ ከም ዘይክእል ክፍለጥ ኣለዎ።

ሰልፋዊ ስርዓታት -- ሰልፍታት/ግንባራት፡ ከም ኣከብትን ኣነጸርትን ረብሓታት፡ ከም ወደብቲ ፖለቲካዊ ተሳታፍነት፡ ከም ኣርቀቕቲ ፕሮራምን ፖሊሲን፡ ከም ፖለቲካዊ መሪሕነት ዝህቡን መራሕቲ ዝኾኑ ዝምልምሉን ዝቕርቡን፡ ከም ፖለቲካዊ ባህሊ ዝኹስኩሱ ኣብ ኩሉ ዘበናዊ ስርዓታት፡ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ተራ ሒዞም ይርከቡ። ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ኸኣ፡ ሃገራት ምዕራብ ንኣረኣእያኦንን ረብሓታተንን ብዘገልግል መገዲ፡ ንብዙሕ-ሰልፋዊ ስርዓት ከም እንኮን መተካእታ ዘይብሉን

መረጋገጺ ደሞክራሲ የቕርብኦን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃገራት ንምግዳዱ ይፍትናን ኣለዋ። ደኹን'ምበር፡ መሰረታዊ ኣገዳስነት ሰልፍታትን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ዘይክሓድ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ሓደ ሃገር ዝህሉ ፖለቲካዊ ስርዓት ብናይ'ታ ሃገር ታሪኽ፡ ኣቃውማ፡ ባህሊ... ስለዝውሰን፡ ኣብ ኩሉ ሃገራት ክሰርሕ ኣለዎ ተባሂሉ ዝእዘዝ ሓደ ሞዴል ክህሉ ኣይክእልን'ዩ። ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዘሎ ሰልፋዊ ስርዓታት ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝፈላለ ምኧኑ ድማ ነዚ የረጋግጽ። ስለ'ዚ እዚ ኣረኣእያ'ዚ ሃሜናዊ ኣብ ርእሲ ምኧኑ፡ ርእይቶኻ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ምግዳድ፡ ዕብለላ ምዝውታር'ዩ። ኣብ ሓደ ሃገር ዝህሉ ሰልፋዊ ስርዓት ውጽኢት ታሪኻዊ ምዕባሌ ስለ ዝኾነ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ፍሉይነት ክህልዎ ግድን'ዩ። ኣብ መንጎ ተመሳሳ ሊ ሰልፋዊ ስርዓታት ከይተረፈ እምበኣር ካብ ሃገር ናብ ሃገር ፍልልያት ክህሉ ባህርያዊ'ዩ። ብሓፈሻ እዚ ዝስዕብ ሰለስተ ቀንዲ መልክዓት ሰልፋዊ ስርዓታት ክንዝርዝር ኘኽእል፡-

- ሓደ-ሰልፋዊ ሰርዓት -- ብዘይካ ሓደ ሰልፊ ካልእ ሰልፍታት ክህሉ ብሕጊ ዘየፍቅድ፡ ስልጣን ብሓደ ሰልፊ ዝዕብለሉ ስርዓት፤

- ብዙሕ-ሰልፋዊ ስርዓት -- ካብ ሓደ ንላዕሊ ሰልፍታት ክህሉ ብሕጊ ዘፍቅድ፡ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ሰልፍታት ዝወዳደራሉ፡ ኣብ ውሽጡ ዝተፈላለየ መልክዓ ት ዘለዎ (ክልተ-ሰልፋዊ፡ ብዙሕ ሰልፋዊ) ስርዓት፤

- ሓደ ዓብላሊ ሰልፊ ዘለዎ ስርዓት -- ድሕሪ ሰውራ ወይ ዕዉት ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ወይ ካልእ ታሪኻዊ ኩነታት፡ ሓደ ሰፊሕ ደገፍን ተቐባልነትን ዘለዎ ሰልፊ ወይ ግንባር ንነዊሕ እዋን ምስ ካልኦት ንኣ ሽቱ ሰልፍታት ብምውድዳር ስልጣን ብህዝባዊ ምርጫ ዝቆጻጸረሉ ስርዓት።

ብሓፈሻ ሰልፋዊ ስርዓታት ኣብ ግብሪ ብኸመይ ከም ዝሰርሕን ንጥቕሚ መን ከም ዘገልግልን ብግቡእ ምግንዛብ ኣድላይ'ዩ።

ምርጫታት ስለ ዝተኻየደን ሰልፍታት ስለ ዝተቐያየረን ጥራይ ድምጺ ህዝቢ የድምፅ ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ፖለቲካዊ ስርዓታት እቲ ወሳኒ፡ እቲ ቁጠባውን ባህላውን ማሕበራውን ዓቕምን ጽልዋን ዘለዎ ዝተወደበ ሓይልታት ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መወዳእታኡ ናይ ሰልፍታት ፖለቲካን ምርጫታትን ፕረስን ንረብሓ እቶም ውዱባትን ሓያላትን ጉጅለታት ስለ ዘገልግል፡ ህዝቢ ተወዲቡ ንረብሓኡ ክቃለስ እንተ ዘይኪኢሉ ተገሊሉ ከም ዝተርፍ ምስትውዓል የድሊ።

• • • • • •

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ምዕራፋት ብዛዕባ ውዳቤ ከም መሰረት ስልጣኔን ታሪኽ ኣመዓባብላ ፖለቲካዊ ውዳቤን ዘቲና። ናይ'ዚ ምዕራፋት'ዚ ዕላማ ነቲ ቀንዲ ኣርእስትና፡ ማለት ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣብ ኤርትራ ብዝበለጸ ንምርዳእ ዝሕግዝ ዝሰፍሐ ታሪኻዊ መረዳእታ ምቕራብ'ዩ። ስለ'ዚ ነዚ ከም ድሕረ-ባይታን መእተውን ብምውሳድ፡ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፋት ብዛዕባ ታሪኽ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣብ ኤርትራ፡ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ፡ ተራ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣድላይነት ምህናጽ ድልዱል ዘበናዊ መንግስቲ ክንዝቲ ኢና።

## 3
# ታሪኽ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣብ ኤርትራ

ኤርትራ ሓንቲ ካብ'ተን ጥንታዊ ስልጣኔ ዝተኸስተለን ቦታታት እያ። ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ፍልማዊ ሰብ ዝሰፍሮ ዝነበረ ስሉም ብዓትታትን ሕርሻዊ ሰፈራታትን ምንባሩ ዝምስክር ዝተረኽበ ኣሰራት ከኣ ነዚ የረጋግጽ። ካብ ቅ.ል.ክ. ኣትሒዙ ንሓያለይ ዘበናት፣ ኣዱሊስ (ሕጂ ዙላ) ውርይቲ ናይ ጥንታዊ ዓለም ወደብ እያ ኔራ። ኣብ ቆሓይቶ፣ ከስከሰ፣ መጠራ.... ዘሎ፣ ቤተ-መንግስቲ ፣ ቤተ-መቕደስ፣ ሓወልትታት፣ ኣባይቲ ናይ ዝነበሮ ጥንታዊ ከተማታት ፍርስራስ ከኣ፣ ኣብ'ዚ ቦታታት'ዚ ጥንታዊ ስልጣኔን መንግስትን ከም ዝነበረ ዘረጋግጽ'ዩ። ካብ ቀዳማይ ዘበን ኣትሒዙ ንገለ ዘበናት ከኣ፣ ኣኽሱም ዝማእከሉ ንብዙሕ ክፍልታት ኤርትራ ዝሓቁፍ ጥንታዊ ንግስነት ኔሩ። ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ስልጣኑ ኸኣ፣ ግዝኣቱ ክሳብ የመን ይዝርጋሕ ኔሩ። ኣብ'ቲ ኣብ መንጎ ጥንታዊ መንግስታት ዝነበረ ውድድርን ቃልስን ይሳተፍ ከም ዝነበረ ድማ ኣብ ታሪኽ ምዝጉብ'ዩ። ድሕሪ'ቲ ሓደ ካብ'ቲ ቀንዲ ጠንቅታት ውድቀት ንግስነት ኣኽሱም ዝነበረ ወራራት በጃ፣ ኣብ ኤርትራ ካብ ሳሕል ክሳብ ከበሳ ዝዝርጋሕ ሓሙሽተ ንግስነታት በጃ ተመስሪቱ ከም ዝነበረ ይፍለጥ'ዩ። ምስ ምስፍሕፋሕ ምስልምና ኸኣ፣ ኣብ ደሴታት ዳህላክ ሓደ እስላማዊ ንግስነት ኔሩ። ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝገለጽናዮ ጥንታዊ ስልጣኔታትን መንግስታትን ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣኔን መንግስትን ኔሩ'ዩ። ስለ'ዚ ነዚ ከም ቀዳማይ መድረኽ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣብ ኤርትራ ክንርእዮ ኘኽእል ኢና።

እቲ ካልኣይ መድረኽ፣ እቲ ድሕሪ ውድቀት ጥንታዊ መንግስታት ክሳብ ምምጻእ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ኣብ ዝቐጸለ እዋን ዝነበረ

ፖለቲካዊ ውዳቤታት'ዩ። ቱርካውያን ንገማግም ቀይሕ ባሕሪ ብምቁጽጻር፣ ኣካል ናይ'ቲ ሰልፊ ኤምጵራጦርያኦም ዝነበረ ባጽዕ ዝማእከሉ ግዝኣት መስሪቶም ኔሮም። ካብኡ እናተበገሱ ድማ ንብዙሕ ክፍልታት ኤርትራ ይወሩን ይገዝኡን ነበሩ። ንግዝኣት ቱርኪ ኣብ ኤርትራ ዝውክሉ፣ ብ "ናይብ'' ዝፍለጡ ደቀባት ኣመሓደርቲ'ውን ኔሮም'ዮም። ብምዕራብ ኣብ ስግር (ሱዳን) ዝማእከሉ ንግስነት ፉንጅ ንምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ይወርር ኔሩ። ብደቡብ ከኣ ናይ መሳፍንቲ ትግራይን ኣምሓራን ወራራት ኔሩ።

ኣብ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ብግዳም ኣብ ትሕቲ መስፍናዊ ወራራትን ግዝኣትን ዝነበረሉ ዘበናት፣ ብውሽጢ ናይ ባዕሉ ምምሕዳራት ኔርዎ'ዩ። ኣብ ብዙሓት ብሄራትን ቀቢላታትን ድሓር ዝተደብተረ ኣፋዊ ሕግታት እንዳባ ኔሩ። ብሓፈሻ ክልተ መልክዓት ምምሕዳር፣ ማለት ቀጸላዊ ዝብሃል ውሑዳት ገዛእትን ብዙሓት ተገዛእትን ዝነበርዎ ምምሕዳርን፣ ዘይቀጸላዊ ዝበሃል ኩሎም ደቂ ተባዕትዮ ዝሳተፍዎ ምምሕዳርን ኔሩ። ኣብ ብሄራት ትግረ ፣ ትግርኛ፣ ዓፋርን ብሌንን ቀጸላዊ ምምሕዳር ኔሩ። ባሕሪ-ነጋሲ፣ ራእሲ፣ ደግለል፣ ከንቲባ፣ ምስራ ዝበሃሉ መሳፍንቲ፣ ከከም ሓይሎም እንሓንሳብ ናጻ ኮይኖም ፣ ካልእ እዋን ድማ ኘኻልኦት እናገበሩ ከባቢኦም የመሓድሩ ነበሩ። ግዝኣቶም ዝተጨራረመን ዶባቱ ከከም ኩነታቱ ዝቀያየርን እዩ ኔሩ። ይኹን'ምበር፣ ኣብ ውሽጢ'ዚ መስፍናዊ ምምሕዳር፣ ኣብ ከበሳ ንኣብነት፣ ብባይቶን ሹም ኣሕዋትን ዝመሓደር፣ ዴሳዊ ትሕዞ-መሬት ዝነበሮ፣ ንደቀንስትዮ ፈጺሙ ዘግልል ኣባታዊ'ኳ እንተነበረ፣ ደሞክራሲያዊ ጠባይ ዝነበሮ ባዕለ-ምሕዱር (ነብሱ ዘመሓድር) ምምሕዳራት ኔሩ'ዩ። ኣብ ብሄራት ናራ፣ ኩናማ፣ ሳሆን ሕዳርብን ከኣ ዘይቀጸላዊ ምምሕዳራት ኔሩ። ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝፈላለ፣ ተሳታፍነት ኩሎም ደቂ ተባዕትዮ ዘለዎ፣ ኣብ ገሊኡ ዝተመርጸ ባይቶታት ዘለዎ (ንኣብነት ቦምበት ኣብ ናራ) ከባብያዊ ምምሕዳራት ኔሩ። ኣብ ኩናማ ኸኣ ክሳ ብ ሕጂ ዘይጠፍአ መሰል ደቀንስትዮ ዘኽብር እናታዊ ባህሊ ኣሎ።

እዚ ቀጻላዊ ድኹን ዘይቀጻላዊ ካብ ሕድሕዱ ዝተነጻጸለ ምምሕዳራት'ዚ ናብ ደረጃ መንግስቲ ዝማዕበለ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣይነበሮን። ስለ'ዚ መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ብደገ ካብ ርሑቕ ድኹን ቀረባ ዝመጾ ናይ ዝያዳ ዝተወደበን ዝሓየለን ሓይልታት -- ቱርኪ፣ ፋንጅ፣ ትግራይን ኣምሓራን -- ወራራት ክገጥም ዘኽእሎ ውዳቤ ስለ ዘይነበሮ፣ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቶም ክወድቕ ንረኽቦ። ብሓፈሻ፣ እዚ እዋን'ዚ፣ ኣብ ኤርትራ ስፍሕ ዝበለ መሬት ዘመሓድር፣ ንብዙሓት ኮማት ዝሓቁፍ፣ ሰራዊት ዘለዎ መስፍናዊ መንግስቲ ስለ ዘይነበረ፣ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ስግር ባሕርን ምዕራብን ደቡብን ዝውረረሉን ዝግዝኣሉን እዋን እዩ ኔሩ።

ካልኣይ መድረኽ እምበኣር ካብ ውድቀት ጥንታዊ ስልጣኔታት ክሳብ ምምጻእ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ዝነበረ መድረኽ'ዩ ።

ሳልሳይ መድረኽ ኣብ ታሪኽ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኤርትራ፣ ናይ ኤውሮጳዊ መግዛእትን ከም መቐጸልታኡ ዝስዓበ ኢትዮጵያዊ ጎበጣን መድረኽ'ዩ። እዚ መድረኽ'ዚ ብምምጻእ ኢጣልያውያን ገዛእቲ ኣብ ገማግም ቀይሕ-ባሕሪ እዩ ጀሚሩ። ብ1890 ከኣ መንግስቲ ጣልያን ኤርትራ ቦኽሪ ግዝኣቱ ምዃና ብወግዒ ኣወጀ። በዚ ስጉምቲ'ዚ ከኣ፣ ኣብ ታሪኽ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኤርትራ ብዓይነት ዝተፈልየ ሓድሽ መድረኽ ተራሕወ። ኣብ ትሕቲ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ ዘበናዊ ኣወዳድባ ዘለዎ መግዛእታዊ መንግስትን ስርዓተ-ምምሕዳርን ተሃንጸ። ህዝቢ ኤርትራ ከም ግዙእ መጠን ዝኾነ ፖለቲካዊ መሰል'ኳ እንተዘይነበሮ፣ ኣብ ትሕቲ'ቲ መግዛእታዊ ስርዓት ካብ ቅድሚኡ ዘሕለፎ ዝተፈለየ ፖለቲካዊ ተመክሮ ከሕልፍ ከም ዝጀመረ ዝኽወል ኣይኮነን። መግዛእታዊ ምንባሩ ከይተዘንግዐ፣ ዘበናዊ ምምሕዳር፣ ሲቪላዊ ኣገልግሎት፣ ስርዓተ-ግብሪ፣ ድብቱር ሕግታት፣ ኣብያተ-ፍርዲ፣ ሰራዊትን ፖሊስን፣ ኣዝዩ ውሱን ኣገልግሎት ትምህርትን ጥዕናን... ተኣታትዩ። ፍሉጥ ማእከል ምምሕዳርን ቁጠባን ዝኾነ ርእሰ-ከተማን ዞባዊ ከተማታትን ተሃኒጹ፤ ናይ ወደብ፣ ባቡር ምድሪ፣ ጽርግያታት.... ቁጠባዊ

ትሕተ-ቅርጽታት ተዘርጊሑ፤ ገለ ዘበናዊ ፋብሪካታትን ንግዳዊ ሕርሻታትን ተተኺሉ።

ኢጣልያውያን፡ ኤርትራውያን ብትምህርትን ሞያን ማዕ ቢሎም ንግዝኣቶም ክብድሁ ከይጅምሩ ይሰግኡ ስለዝነበሩ፡ ንኤርትራውያን ዝፍቀድ ናይ ትምህርትን ሞያን ዕድል ኣዝዩ ድሩት እዩ ኔሩ። እቲ ኣውራ ኣብ መጀመርያ ዓመታት መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ኤርትራ ዝተራእየ ናይ ደግያት ባህታ ሓጐስ፡ ልጅ ኣበራ፡ ዑስማን ቡሪ፡ ዘማት ወድ እኩድ ወዘተ ዝኣመሰለ ዝተነጻጸለ ተቓውሞታት፡ ብሰንኪ ትሑት ፖለቲካዊ ውዳቤኡ ከም መኸተ ንንውሕ ዝበለ ግዜ'ውን ክቕጽል'ኳ እንተዘይክኣለ፡ ንመግዛእቲ ጣልያን ዘይርስዖ መጠንቀቕታ ኮይንዎ ከም ዝነበረ ክግመት ይክኣል።

ኣብ እዋን መግዛእቲ ጣልያን፡ ኤርትራውያን ኣውራ ኣብ ከተማታትን መግዛእታዊ ሰራዊትን ናይ ዘበናዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ተመክሮ ክረኽቡን መንቋሕቋሕታ ፖለቲካዊ ንቕሓት ክድልቡን ጀመሩ። ጣልያን ዋላ ብዝተሓተ ደረጃ ፖለቲካዊ መሰል ይኽልክል፡ ኣብ ግዜ'ቲ ፋሽሽታዊ ስርዓት ከኣ ዓሌታዊ ሕግታት ብጽኑዕ የተግብር'ኳ እንተነበረ፡ ከምቲ "ጭቆና ተቓውሞ የኸትል'' ዝተባህለ፡ እዚ ኩነታት'ዚ ጽልኢ ኤርትራውያን ንመግዛእቲ ኣብ ምኽራርን ዘርኢ ናይ ሓባር መንነት ኣብ ምኹስኳስን ርኡይ ተራ ኔርዎ'ዩ። ኢጣልያውያን ገዛእቲ ዘይተጸበይዎ ምዕባሌ ከኣ፡ እቶም ከም ቀንዲ ኣገልገልቶም ዝቖጽርዎም ዝነበሩ፡ ኣብ'ቲ መግዛእታዊ ምምሕዳር ዝሰርሑን ኣብ'ቲ መግዛእታዊ ሰራዊት ዝተዓስከሩን ኤርትራውያን ቀንዲ ተሰከምቲ እቲ ሓድሽ ጸረ-መግዛእታዊ ፖለቲካዊ ንቕሓት ክኾኑ ጀመሩ። እቶም ኣብ'ቲ መግዛእታዊ ሰራዊት ዝተዓስከሩ ኤርትራውያን፡ ካብ ከባቢኦም ወጺኦም ምስ ስፉሕ ዝበለ ዓለምን ካልእ ባህልታት ዘለዎ ሕብረተሰብን ክላለዩን፡ ጸረ-መግዛእታዊ መኸተ ሶማላውያን፡ ብሕልፊ ከኣ ሊብያውያን ብቐረባ ክዕዘቡን ስለ ዝኽኣሉ፡ እዚ ተመክሮታት'ዚ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ጽልዋ ሓዲጉ እዩ። እቶም ኣብ'ቲ መግዛእታዊ ምምሕዳር ዝሰርሑ፡

ቁሩብ ዘበናዊ ትምህርቲ ዝረኸቡ ኤርትራውያን ዘዋህለልዎ ፍልጠትን ተመክሮን ከኣ ውዒሉ-ሓዲሩ ፖለቲካዊ ሳዕቤናት ኔርዎ'ዩ። ብሓፈሻ፡ ኣብ'ተን ኣብ እዋን መግዛእቲ ጣልያን ዝተደኰናን ዝዓበያን ከተማታት ካብ በበይኑ ቦታታትን ድሕረ-ባይታታትን ዝተኣኻኸቡ ኤርትራውያን ብሓባር ከሕልፍዎ ኣብ ዝጀመሩ ተመክሮ፡ ድቂ ሃገራዊ ንቕሓት ክረአ ጀመረ። በዚ ኸኣ ከተማታት ኤርትራ፡ ከም ኣብ ኩሉ ዘበናዊ ታሪኽ፡ ስፍራ ሓድሽ ዘበናዊ ኣነባብራን ምትሕብባርን፡ ስለ'ዚ ድማ ስፍራ ዘበናዊ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ውዳቤን ኮና።

ብዛዕባ'ዚ ኣብ እዋን መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ፖለቲካዊ ምዕባሌታት፡ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርና እዚ ዝስዕብ ጹማቕ ገምጋም ቀሪቡ ኣሎ፡-

> "ኣብ ኤርትራ ንልዕሊ ሓምሳ ዓመታት ዝጸንሐ መግዛእቲ ኢጣልያ ንኤርትራዊ ሕብረተሰብ ብሱሩን ኻኹሉ ክፉላቱን ብማዕረን ኣይቐይሮ'ምበር፡ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ነባሪ ለውጢ ከም ዘምጸአ ዝካሓድ ኣይኮነን። መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ከም ኩሉ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ፡ ሓይሉ ብዘፍቐደሉ ዶባት ኤርትራ ብምሕንጻጽን ኻኹሉ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዶባት'ዚ ዝነበረ ህዝብታት ኣብ ትሕቲ ሓደ ምምሕዳር ብምእታውን ንታሪኽ ኤርትራ ሓድሽ መኣዝን ኣትሒዝዎ'ዩ። ብኢጣልያዊ ክእለት፡ ግን ከኣ ብቐንዱ ብኤርትራዊ ሃብትን ጉልበትን፡ ከተማታት፡ ወደባት፡ ጽርግያታት፡ መገዲ ባቡር፡ ፋብሪካታት፡ ዘመናዊ ሕርሻታት ብምስራሕ፡ ግዱድ ዕ ስክርና ብምትእትታው፤ ካብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ኤርትራ ዝመጹ ደቀባት ዝፋለጡሉ፡ ሓባራዊ ተመክሮ ዘጥርዩሉ ኩነታት ፈጢሩ። መጠን'ዚ ጽልዋ'ዚ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝፈላለ፡ ሓደ ሓደ ቦታታት ድማ ዳርጋ ዘይተተንከፈ ይኹን'ምበር፡ እቲ እናዓበየ ዝኸደ ሓድሕዳዊ ምውሳእ ኤርትራውያን፡ እቲ መመሊሱ ዝኸፍአ ኢጣልያዊ ጭቆናን ዓሌትነትን ከም መልሰ-ተግባር ዝተቐልቀለ ኤርትራዊ ተቓውሞን፡ ዘርኢ ኤርትራዊ ሃገራዊ ንቕሓት ዘሪኡ'ዩ።

ኣብ መኸተምታ መዋእለ ኢጣልያዊ መግዛእትን ምምጻእ እንግሊዛውያንን፡ ብስም ማሕበር ፍቕሪ ሃገር፡ እቲ ቀዳማይ ዘመናዊ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ማሕበር ምምስራቱ ድማ ነዚ ዝምስክር እዩ።’’ (ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ፡ ገጽ 4-5)

መግዛእቲ ጣልያን ብእንግሊዝ ተሳዒሩ ብመሰጋገሪ ምምሕዳር እንግሊዝ ምስ ተተክአ ኣብ ዝሰዓበ ዓሰርተ ዓመታት (1941-51) ኣብ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኤርትራውያን ብዙሕ ለውጢ ተራእዩ። እንግሊዝ ንመግዛእታዊ ምምሕዳር ጣልያን ብዙሕ ከይተንከፈ’ኳ ከም ዘለዎ እንተዓቀቦን እንተቐጸሎን፡ ዘበናዊ ትምህርቲ ዘስፋሕፍሕ ስጉምትታት ብምውሳድ፡ ከምኡ’ውን ፖለቲካዊ መሰላት ብምፍቃድ ንለውጢ ባይታ ኣንጺፉ’ዩ። ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ኸኣ፡ እቲ ብሓይሊ ተዓጊቱ ክውህለል ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ዓቕሚ ኤርትራውያን ዕድል ምስ ረኸበ ፋልማይ ስጉምትታቱ ክወስድ ጀመረ። ጋዜጣታት ከም ቀንዲ መድረኽ ፖለቲካዊ ክትዕ ዝተፈላለየ ርእይቶታትን ክርክራትን ኣኣንገዳ። ተጻራሪ ፖለቲካዊ ፕሮግራማትን መርገጺታትን ዝነበረን ጀመርቲ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ቆማ። ብዛዕባ’ዚ ምዕባሌታት’ዚ ኣብ ዝመጽእ ምዕራፍ ብሰፊሑ ክንዝቲ ኢና።

ናይ’ዚ ሳልሳይ መድረኽ መዘዘሚ ገጽ እቲ መጀመርያ ብጉልባብ ፈደረሽን (1952-62)፡ ቀጺሉ ከኣ ብግሁድ ጎበጣ (1962-91) ንኤርትራ ዝገዝአ ድሑር መግዛእቲ ኢትዮጵያ እዩ። እዋን ፈደረሽን፡ ሽሕ’ኳ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ/ዘውዲ ኢትዮጵያ እንተነበረ፡ ቀዳማይ “ውሽጣዊ ናጽነት’’ ዝነበሮ ኣመሓዳድራ ኤርትራውያን ዝተራእየሉ እዋን እዩ ኔሩ። መሰል ርእሰ-ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ንረብሓ ኢትዮጵያ ብኣሜሪካ ስለ ዝተዓመጸ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ካልኦት ግዙኣት ህዝብታት ናጻ ሃገራዊ መንግስቱ ክተክል ኣይተፈቕደሉን። ይኹን’ምበር፡ ምስ ርኡይ ሕጽረታቱ ደሞክራሲያዊ ባእታታት ብዝነበሮ ቅዋም ዝምራሕ፡ ኣብ ሓጋግን ፈጻምን ፈራድን ኣካላት ዝተኸፋፈለ ኤርትራዊ ኣመሓዳድራ ብሕጊ ምምስራቱ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ድሌቱ’ኳ እንተነበረ፡ ኣብ ጉዕዞ ምህናጽ ናጻ ሃገራዊ

መንግስቲ ሓድሽን ኣገዳስን ፖለቲካዊ ተመክሮ ከይንዎ'ዩ። በዚ ኸኣ ኣብ ኤርትራ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ኣስመራን ባጽዕ ን ደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ዝተሳተፍዎ ቀጥታዊ ምርጫታት፣ ኣብ ካልእ ክፍልታት ከኣ ዘይቀጥታዊ ምርጫታት ተኻይዱ ባይቶ ኤርትራ ቆመ። በቲ ባይቶ ዝተመዘዘ ፈጻሚ ኣካልን ኣብያተ ፍርድን ከኣ ተመስረተ። ብኻልእ ወገን እዚ እዋን'ዚ ውዳቤ ሃገራዊ ቃልሲ ኤርትራውያን ኣገዳሲ ምዕባሌ ዝርኣየሉ እዋን'ዩ። ነዚ ኣብ ዝስዕብ ምዕራፍ ብዝያዳ ዝርዝር ክንርእዮ ኢና።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ንፌደረሽን ከም መጻንሕን መሰጋገሪ ናብ ምሉእ ጎበጣን ጥራይ ስለ ዝረኣዮ ዝፍሕቆ ስጉምትታት ምውሳድ ብኡ ንብኡ እዩ ጀሚርዎ። ብ1962 ከኣ ንፌደረሽን ብወግዒ ኣፍሪስዎ። ኣብ'ቲ ንሳላሳ ዓመታት ዝቐጸለ ናይ ግሁድ ጎበጣ እዋን እምበኣር፣ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ድሑር መግዛእቲ ኢትዮጵያ፣ መጀመርያ ብሓውሲ-መስፍናዊ ሕግታትን ምምሕዳርን ስርዓት ሃይለስላሴ፣ ቀጺሉ ድማ ብፋሽሽታዊ ሕግታትን ምምሕዳርን ስርዓት ደርግ ትግዛእ ነበረት። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ እቲ ብ1961 ዝጀመረ ብረታዊ ቓልሲ ውሽጣዊ ድኻማቱ እናፈወሰ፣ ኣወዳድባኡ እናኣደልደለ፣ ብሓፈሻ እናሓየለ ብምኻዱ፤ ማዕረ-ማዕሪኡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ እናኣንቀልቀለ ከይዱስ ኣብ መወዳእታ ተሳዕረ።

ቀንዲ ፖሊሲ ስርዓት ሃይለ ስላሴ ኣብ ኤርትራ፣ ሃይማኖታዊ ምክፍፋልን ጽልእን ብምፍጣር፣ ንሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብምግምማዕን ምድኻምን መርገጺ እግሪ ምርካብ እዩ ኔሩ። እዚ ስርዓት'ዚ ፍጹም ንጉሳዊ ስርዓት፣ ማለት ኩሉ ስልጣን ኣብ ኢድ ሃጸይ ዝተገበተሉ ስርዓት ስለዝነበረ፣ ኣብ ኤርትራ ነቲ ተበጋጊሱ ዝነበረ ደሞክራሲያውን ዘበናውን ኣንፈታት ጨፍለቖ። ምስ ምሕያል ሓርነታዊ ቓልሲ ኸኣ፣ ግፍዕን ጭቆናን መመሊሱ በኣሰ።

እቲ ንጉሳዊ ስርዓት ብቓልሲ ህዝቢ ኤርትራን ተቓውሞታት

ህዝቢ ኢትዮጵያን፡ ክፈትሖ ዘይክኣለ ፖለቲካውን ቁጠባውን ቅልውላዋትን ተዳኺሙ ብደርግ ተዓልዩ ብወተሃደራዊ ስርዓት ተተክአ። እቲ ወተሃደራዊ ስርዓት ከኣ፡ ንሰውራ ኤርትራ ንምጭፍላቕ ቅድሚኡ ተራእዩ ብዘይፈልጥ መጠን ዝተዓጻጸፈ ህቀናታት ገበረ። ጎድኒ ጎድኒ ምሕያል ሰውራ ኤርትራን ምስፋሕ ሓራን ሓውሲ-ሓራን መሬትን ግፍዕታት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዓረገ። ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግ ካብቲ ንጉሳዊ ስርዓት ብዝተፈልየ "ኣብዮታዊ'' ስነሓሳብን ምምሕዳርን ስለ ዝነበሮ፡ ተቓውሞታት ህዝቢ ንምቁጽጻር ክሳብ ታሕቲ ዝዝርጋሕ ናይ ቀበሌ ስርዓትን፡ ከምኡ'ውን ናይ ሰልፍን ማሕበራትን ውዳቤታትን ኔርዎ'ዩ። እቲ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ጽልዋ ንምፍጣርን ደገፍ ንምርካብን ዝገበሮ ፈተነ ግን ኣብ መወዳእታኡ ፋይዳ ኣየምጽኣሉን። ነቲ ናይ ከፋፊልካ-ግዛእ ሜላ'ውን እኳ እንተቐጸሎ ኣይተዓወተሉን። ነዚ ሜላ'ዚ ሃገራዊ ቻርተር "ናይ ምፍልላይ ፖለቲካ ብዝለዓለ ደረጃ ዝሰርሖሉ ገዛእቲ ኢትዮጵያ እዮም። ብዓረርን ሓውን ጥራይ ንህዝቢ ኤርትራ ከሰንፍዎ ከም ዘይክእሉ ቀልጢፎም ስለ ዝተገንዘቡ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ክገማምዑን ኣንጻር ሓድሕድ ከሰልፉን ከዋግኡን ክሳብ'ታ መዓልቲ ዕርበቶም ጽዒሮም።'' ክብል ገሊጽዎ ኣሎ።

ሳልሳይ መድረኽ ካብ ምትካል መግዛእቲ ጣልያን ክሳብ ስዕረት መግዛእቲ ኢትዮጵያ(1890-1991) ዝነበረ መድረኽ'ዩ።

ራብዓይ መድረኽ ድሕሪ ምትካል ናጻ ሃገራዊ መንግስቲ ዝቕጽል ዘሎ መድረኽ'ዩ። እዚ ህዝቢ ኤርትራ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ታሪኹ -- ጥንታዊ ስልጣኔን መንግስትን ከም ዝነበሮ ከይተዘንግዐ -- ሃገራዊ መንግስቲ ብምምስራት ዘበናዊ ሃገር ንምህናጽ ዝጽዕረሉ ዘሎ መድረኽ'ዩ። ብዛዕባ'ዚ መድረኽ'ዚ ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ክንዝቲ ኢና።

ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ብዛዕባ ኣመዓባብላ ፖለቲካዊ ውዳቤ ናይ'ቲ ካብ 1940'ታት ዝጀመረ ሃገራዊ ጸረ-መግዛእታዊ ቃልሲ ክንርኢ ኢና።

# 4
# ፖለቲካዊ ውዳቤ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ

ኤርትራውያን ብተበግሶኦም ንረብሓታቶምን ዕላማታቶምን ኝኸገልግል ዝመሰረትዎ ፋልማይ ዘበናዊ ፖለቲካዊ ውዳቤታት ኣብ እዋን መግዛእቲ እንግሊዝ ኣብ 1940'ታት እዩ ተኸሲቱ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ ቅድሚኡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ጣልያን ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ፖለቲካዊ መሰል ስለ ዘይነበሮ፡ ፖለቲካዊ ተበግሶኡ ብሓይሊ ተዓጊቱ እዩ ነይሩ። ስለ'ዚ፡ ከምቲ ናብ ካልኣይን ሓድነታ'ውን ጉባኤ 1987 ዝቐረበ ጸብጻብ ዝገለጾ፡ "መግዛእቲ ኢጣልያ ናይ ትምህርቲ ዕድል ይህብ ስለ ዘይነበረ፡ ናይ ፖለቲካ መሰላት'ውን ብባህሩ ስለ ዘየፍቅድ፡ ነቲ ፖለቲካዊ ቃልሲ ክመርሕ ዝኽእል ምሁርን ፖለቲካዊ ንቕሓት ዝነበሮን ምኩር ቀጸላ'' ዘይተፈጥረ ስለ ዝነበረ፡ ሃገራዊ ቃልሲ ኤርትራውያን ኣብ 1940'ታት እዩ ጀሚሩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ጣልያን ምስቲ መግዛእታዊ ስርዓት ብምውሳእን እናሓንሳብ ብምግርጫውን ብደፋእታ ዝተዋህለለ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተመክሮን መበገሲ ናይቲ ኣብ 1940'ታት ዝተወስደ ተበግሶታት ውዳቤ ምንባሩ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ኪኖኡ'ውን እቲ ኣብ ነዊሕ ታሪኽ ስልጣኔን ርክባትን ወራራትን ዝተዋህለለ ፖለቲካዊ ባህሊ -- ማለት፡ ፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ክእለት፡ ኣመለኻኽታ... -- ተራ ከም ዝነበሮ ክዘከር የድሊ።

ኣብ እዋን ጣልያን ኤርትራውያን ዝወሰድዎ ንጡፍ ፖለቲካዊ ተበግሶታት፡ ማለት ጸረ-መግዛእታዊ ተቓውሞታት ነይሩ'ዩ። እቲ ኣብ ፈለማ ዓመታት መግዛእቲ ጣልያን ዝተራእየ ከም ናይ ደግያት ባህታ፡ መሓመድ ኑሪ፡ ልጅ ኣበራ፡ ዑስማን ብሬ.... ዝኣመሰለ ተቓውሞታት ከኣ፡ ሽሕ'ኳ ዘበናዊ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ውዳቤን ስለ ዘይነበሮ ካብ ንጹልን ንሓጺር ግዜ

ዝቐጸልን መኸተ ምዃን ክሓልፍ እንተ ዘይከኣለ፡ መርኣያ ፖለቲካዊ መልሰ-ግብሪ ኤርትራውያን ንመግዛእቲ እዩ ነይሩ። እቲ ኣብ ካልኣይ ፍርቂ 1930'ታት ኣብ ውሽጢ'ቲ መግዛእታዊ ሰራዊት ዝተራእየ ኣማኢት ዝተሳተፍዎ ተቓውሞታት ይኹን ብውልቀሰባት ዝተፈጸመ ጎነጻዊ ተግባራት (ናይ ኣብርሃም ዶቦጭን ሞጎስ ኣስገዶምን፡ ናይ ዘርኣይ ደረስ) ከኣ፡ ከም መግለጺ ጽልእን ተቓውሞን ኤርትራውያን ንመግዛእትን ፋሽሽትነትን ኣገዳሲ'ኳ እንተነበረ፡ ውዳቤን ጥምረትን ግን ኣይነበሮን። ይኹን'ምበር እዚ ውሱን ጸረ-መግዛእታዊ ተመክሮ'ዚ፡ ኣብ ዝኸሪ ህዝቢ ኤርትራ ህያውን ከም ፖለቲካዊ ተመክሮ ኣገዳስን ብምንባሩ፡ ነቲ ኣብ 1940'ታት ዝጀመረ ውዱብ ፖለቲካዊ ተበግሶታት መንቀሊ ኮይንዎ'ዩ።

ቀጺልና፡ ነቲ ካብ 1940'ታት ንድሓር ዝማዕበለ ፖለቲካዊ ውዳቤ ጸረ-መግዛእታዊ ሃገራዊ ቃልሲ ኤርትራውያን ኣብ ሓሙሽተ ቀንዲ መድረኻት ከፋፊልና ክንዝትየሉ ኢና። እዚ ኣከፋፍላ'ዚ ኣብ ናይ'ቲ ሃገራዊ ቃልሲ ፖለቲካዊ ምዕባሌን ኣወዳድባን ዕማማትን ዝተመስረተ እዩ። በዚ ረቛሒታት'ዚ መሰረት እምበኣር፡-

- ቀዳማይ፡ ሃገራዊ ጸረ-መግዛእታዊ ቃልሲ ዝጀመረሉን ፋልማይ ስጉምትታት ዝወሰደሉን ቀዳሞት ፖለቲካዊ ውድባት ዝተኸሰታሉን መድረኽ ኣርብዓታት (1941-51)፤

- ካልኣይ፡ ድሕሪ እቲ ዘይፍትሓዊ ውሳኔ ፌደረሽን፡ ምቛም መንግስቲ ኤርትራን ምዝያድ ምትእትታው ኢትዮጵያን ምምስራት ሓድሽን ዝማዕበለን ናይ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ምንቅስቓሳትን ምብጋስ ሓራካን ምስጢራዊ ቃልስን ዝተራእየሉ መድረኽ ሓሙሳታት (1952-61)፤

- ሳልሳይ፡ ሰላማዊ ቃልስታት ብሓይሊ ምስ ተጨፍለቐ፡ ሃገራዊ ቃልስና ብምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ናብ

ዝለዓለ መድረኽ ዝተሰጋገረሉን ብሰንኪ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ጉድለታት ተሓኤ ግን ሓደገኛ ቅልውላው ዝተፈጥረሉን ናይ ምእራም ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ዝተበገሰሉን ቀዳማይ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ዝኾነ መድረኽ ሱሳታት (1961-70)፤

ራብዓይ፥ ንብረታዊ ቃልሲ ብምእራም ቅኑዕ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ መስመር ዝኽተል ሰውራዊ ውድብ ንምህናጽ ዕውት ተበግሶ ዝተወሰደሉን ነዚ ተበግሶ'ዚ ብኩናት ሓድሕድ ንምዕጋት ዝተፈተነሉን ብረታዊ ቃልስና ናብ መላእ ኤርትራ ዘስፋሕፍሓሉን ዝደንፍዓ ሉን ህዝባዊ ግንባር ከም መሪሕ ውድብ ተራኡ ዘረጋገጸሉን ካልኣይ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ዝኾነ መድረኽ ሰብዓታት (1971-81)፤

ሓሙሻይ፥ ህዝባዊ ግንባር ሓላፍነት ምቕጻልን ምዕዋትን ብረታዊ ቃልሲ ንበይኑ ተሰኪሙ፥ ወራራት ጸላኢ ስዒሩ፥ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ቃልሲ ዓበይቲ ዓወታት ዝሃነጸሉን ከም መሪሕ ውድብ ህዝቢ ኤርትራ ዝደልደለሉን ታሪኻዊ ዓወት ዝዓተረሉን ሳልሳይ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ዝኾነ መድረኽ ሰማንያታት (1981-91)።

## ቀዳማይ መድረኽ -- ምጅማር ሃገራዊ ፖለቲካ (1941-51)

ወርሒ ድሕሪ ስዕረት ጣልያን ብ5 ግንቦት 1941 ኣብ ኣስመራ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ዝተሰምየ ናይ ኤርትራውያን ፋልማይ ዘበናዊ ማሕበር ምምስራቱ ኣብ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኤርትራውያን ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ ነይሩ። እዚ ፖለቲካዊ ተበግሶ'ዚ፥ ምስ ምእታው እንግሊዝ ከይደንጐየ ብኡብኡ ምምጻኡ ከኣ እቲ ኩነታት ንኸምዚ ዝኣመሰለ ስጉምቲ ብሱል ምንባሩ'ዩ ዘረጋግጽ። ሽሕ'ኳ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ንጹር

ፖለቲካዊ ፕሮግራም እንተ ዘይነበሮ -- እቲ ተኽእሎ ኣዚዩ ጸቢብ ምንባሩ ከይተረስዐ -- ንመሰልን ረብሓን ኤርትራውያን ንምጥባቕ ዝቖመ ማሕበር ምንባሩ፣ ከምኡ'ውን ጸረ-መግዛእታዊ ኣንፈት ስለ ዝነበሮን ድቂ ኤርትራዊ ሃገራውነት ስለዝወከለን ኣገዳሲ እዩ ነይሩ። ታሪኻዊ ኣገዳስነቱ ኸኣ፣ ከም ውዳቤ ኣብ ዓቕሙን ስርሑን ዘይኮነስ፣ ናይ ኤርትራውያን ቀዳማይ ዘበናዊ ማሕበር ኣብ ምንባሩ እዩ ዝምርኰስ። ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ብመብዛሕትኡም እቶም ኣብ ፖለቲካ ኣርብዓታት ቀንዲ መራሕትን ተዋሳእትን ዝነበሩ ኤርትራውያን ዝቖመ ስለዝነበረ ከኣ ናይ ዝስዓበ ፖለቲካዊ ምዕባሌታት መበገሲ ኮይኑ'ዩ።

ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ድልዱል ፖለቲካዊ ንቕሓትን ውዳቤን ስለ ዘይነበሮ ነዊሕ ከይጸንሐ ብምትእትታው መንግስቲ ኢትዮጵያ ምግምማዑ መርኣያ ፖለቲካዊ ድኻሙ'ዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ብምልእታ ወይ ብኸፊል ንምጉባጥ ንዝነበሮ መስፋሕፍሒ ድሌት ንምርዋይ ንገለ ክፋል ማሕበር ፍቕሪ ሃገርን ቤተ-ክህነት ተዋህዶን ከም ቀንዲ መሳርሒ ብምጥቃም ኣብ ኤርትራውያን ንረብሓኡ ዘገልግል ሃይማኖታዊ መልክዕ ዝሓዘ ምግምማዕ ፈጠረ። እቲ ኣገልጋሊ ኢትዮጵያ ዝኾነ ክፋል ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ማሕበር ሕብረት መስሪቱ ናይ ኢትዮጵያዊ ምስፍሕፋሕ መሳርሒ ምስ ኮነ ኸኣ ማሕበር ፍቅሪ ሃገር ተገማማዐት። ኣብ 1946 ከኣ ራቢጣ ኣል እስላምያ ተመስረተት። እዚ ኩነታት'ዚ ኣብ ኤርትራ ንሃገራዊ ፖለቲካና ሰሎሎኡ ንነዊሕ ዘሳቐየን ንጸላእቲ ዘገልገለን ናይ ከፋፋሊ ሃይማኖታዊ ፖለቲካ ኣሉታዊ ተመክሮ ገደፈ። ይኹን'ምበር ፖለቲካዊ ኣሰላልፋ ኣርብዓታት ብሃይማኖት ጥራይ ዝግለጽ ዘይኮነስ፣ ስግሩ ናይ ረብሓን ኣረኣእያን ምክፍፋልን ቃልስን ስለ ዝነበሮ፣ ሓደ መርኣያ ዘበናውነቱ እዩ ኔሩ። ምኽንያቱ፣ ደንበ ናጽነት ይኹን ደንበ ሕብረት ካብ ክልቲኡ ሃይማኖትን ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታን ዝወጹ፣ ብረብሓን ኣረኣእያን ዝተኣኻኸቡ ብዙሓት ኤርትራውያን ይሓቁፍ ስለ ዝነበረ፣ ንሃይማኖትን ካልእ ጸኒሓዊ መንነትን ዝሰገረ ፖለቲካዊ ሰረት ጸይሩ ኔሩ'ዩ።

ኣብ ካልኣይ ፍርቂ 1940'ታት ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ መሰል ፖለቲካዊ ንጥፈታት ስለ ዝፈቐደ፡ ሓያለይ ፖለቲካዊ ማሕበራት/ሰልፍታት ቆሙ። እተን ቀንዲ ኣል ራቢጣ፡ ማሕበር ሕብረት፡ ሊበራላዊ ገስጋሲ ሰልፊ፡ ሰልፊ ሓዳስ ኤርትራ (ፕሮ-ኢጣልያ) ነበራ። ብተወሳኺ፡ ከም ናጻ ኤርትራ፡ ሃገራዊ ሰልፊ፡ ማሕበር ምሁራት ዝኣመሰላ ንኣሽቱ ፖለቲካዊ ማሕበራትን፡ ከምኡ'ውን ብጣልያን ዝድገፋ ከም ማሕበር ነባራት ዓሳክር፡ ኢታሎ-ኤሪትረዮ ዝኣመሰላ ፖለቲካዊ ጸግዒ ዝነበረን ማሕበራትን ነይረን እየን። ብሓፈሻ፡ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ፖለቲካዊ ውዳቤ ኤርትራውያን ብንቕሓቱን ሓይሉን ጌና ዘይማዕበለን ጀማርን እዩ ነይሩ። እዚ ማሕበራት/ ሰልፍታት ከኣ ድልዱል ውዳቤታት ዘይኮነስ፡ ኣወዳድባኡ ህዝባዊ ሰረት ዘይነበሮን ድኹምን እዩ ነይሩ። ብልሙድ ኣጸዋውዓ ሰልፍታት ንበለን'ምበር እዘን ናይ ኣርብዓታት ሰልፍታት ብልክዕ ቅድመ-ሰልፍታት (Proto-Parties) እየን ኔረን። ስለ'ዚ ብፍላይ እተን ንናጽነት ዝቃለሳ ዝነበራ ማሕበራት ንናይ እንግሊዝን ኢትዮጵያን ምትእትታውን ውዲትን ብብቕዓት ብምምካት ነብሰን ካብ ምክፍፋል ክከላኸላ ኣይክኣላን። በዚ ኸኣ፡ ኣብ 1950 ብውዲት እንግሊዝ፡ ራቢጣ ምዕራባዊ ቆላ ዝብሃል ንምምቃል ኤርትራ ዝድግፍ ጉጅለ ካብ ራቢጣ ምፍላዩን፡ ኣብ ሊበራላዊ ገስጋሲ ሰልፊ'ውን ብምምሻጣር ኢትዮጵያን እንግሊዝን ሊበራላዊ ሕብረት ዝበሃል ፍንጫል ጉጅለ ምፍጣሩን ነዚ የረጋግጽ።

ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ብጋዜጣታት ዝካየድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ክትዕ ን ጎስጓስን ኣብ ምምዕባል ፖለቲካዊ ንቕሓት ኤርትራውያን ኣገደሲ ተራ ነይርዎ'ዩ። ብዙሓት ኤርትራውያን ብዛዕባ መጻኢ ዕድሎም ብመገዲ ጋዜጣታት ብሓባር ክሓስቡን ክውጥኑን ምኽኣሎም፡ እቲ ጋዜጣታት ኣብ ርእሲ ከም መድረኽ ክትዕ ምግልጋሉ፡ ወዳቢ ተራ ከም ዝሕዝ'ውን ጌርዎ'ዩ። ጋዜጣታት ኣብ ምምዕባል ሃገራውነት፡ ኣብ ምፍጣር ሓባራዊ መንነት ከም ኣብ ካልኦት ሕብረተሰባት ኣብ ኤርትራ'ውን ልሉይ ኣበርክቶ ጌሩ'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ርእስ'ቲ ብምምሕዳር

እንግሊዝ ዝሕተም "ሰሙናዊ ጋዜጣ"፣ ናይ ራቢጣ "ሶት ኣል ራቢጣ"፣ ናይ ሕብረት "ኢትዮጵያ" ናይ ሻራ-ኢጣልያ "ብርሃን ኤርትራ"፣ ናይ ቀጽሪ ናጽነት ከኣ "ሓንቲ ኤርትራ" ዝበሃል ጋዜጣታት ስለ ዝነበረ፣ ርሱን ክርክርን ጎስጓስን ዝካየደሉ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ መሳሪሒ ነበረ።

ሽሕ'ኳ ብምትእትታው ኢትዮጵያ እንተ በርዓነ፣ እቲ ኣብ 1946 ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ዝነበረ ፖለቲካዊ ፍልልይ ንምጽባብ ወይ ብሕደገት ንምትዕራቕ ብተበግሶ ኤርትራውያን ዝተዳለወ ዋዕላ ቤት ገርግስ፣ ኣብ እዋኑ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ፍጻሜ እዩ ነይሩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራውያን ምትእትታው ምግባር ሓሊፉ፣ ፖለቲካዊ ግብረ-ሽበራን ሽፍትነትን'ውን ይጥቀም ስለዝነበረ፣ ንዕኡ ንምምካት ዘኽእል ጥሙር ሃገራዊ ውዳቤ ኣይማዕበለን ነይሩ። ይኹን'ምበር እቲ ኣብ 1949 ዝተመስረተ ንሸውዓተ ማሕበራት ኣብ ትሕቲ ሓደ ሃገራዊ ፕሮግራም ዝሓቑፍ ቀጽሪ ናጽነት ኤርትራ ከም ናይ ምምስራት ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ቀዳማይ ህቀና መጠን፣ ታሪኻዊ ፍጻሜ እዩ ነይሩ።

ብኣጠቓላሊ፣ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ከም ሃገራዊ ቃልሲ ኤርትራውያን ብዘበናዊ ፖለቲካዊ ውዳቤታት ዝጀመረሉ መድረኽ መጠን፣ ንሃገራዊ ዕላማ ከዐውት ዝኽእል ድልዱል ውዳቤ ክምዕብል ይኽእል ኣይነበረን። እቲ ሽው ክጥርነፍ ዝጅምር ዝነበረ ሃገራዊ ሓይሊ ነቶም ኣንጻር መሰል ህዝቢ ኤርትራ ደዉ ኢሎም ዝነበሩ መንግስታት ኢትዮጵያን እንግሊዝን፣ ብዓቢኡ ኸኣ ኣሜሪካ፣ ብምምካት ዕላማኡ ከዐውት ፖለቲካዊ ዓቕሚ ኣይነበሮን። ስለ'ዚ እዚ መድረኽ'ዚ በቲ ብድሌት ኣሜሪካ ዝተገደደ ውሳኔ ፌደረሽን ተዛዘመ። ሃገራዊ ቃልሲ ኤርትራውያን ከኣ ናብ ሓድሽ መድረኽ ሰገረ።

# ካልኣይ መድረኽ -- ምድንፋዕ ሃገራዊ ቃልሲ (1952-61)

ምቛም ፌደረሽን፡ ሽሕ'ኳ ንመሰል ርእሰ-ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ዝዕምጽ ተግባር እንተነበረ፡ ንሃገራዊ ቃልስና ዘይተሓስበ ድርኺት ዝፈጠረ ኩነታት ኣምጺኡ'ዩ። ምምስራት ቅዋም፡ ባይቶ፡ ፈጻሚ ኣካላት፡ ኣብያተ-ፍርዲ..... ዝነበሮ መንግስቲ ኤርትራን ትእምርትታቱን ከኣ፡ ንቓልሲ ሃገራውያን ኤርትራውያን ሓድሽ መድረኻትን መሳሪሒታትን ፈጢርሉ'ዩ። ኣብ'ቲ ክሳብ 1956 ዝጸንሐ ቀዳማይ ባይቶ፡ መሰልን ረብሓን መንግስቲ ኤርትራ ንምሕላው ኣንጻር ምትእትታው ኢትዮጵያን ተሓባበርታን ዝተኻየደ ፖለቲካዊ ቃልስታት ኣገዳሲ ተመክሮ እዩ ነይሩ። ብሓጺሩ፡ መንግስቲ ኤርትራ ዋላ'ኳ ኣብ ትሕቲ ልኡላውነት ዘውዲ ኢትዮጵያ ስልጣኑ ድሩትን ድኹምን እንተነበረ፡ ብሕልፊ ኣብ'ቲ መጀመርያ ዓመታት ከም ፖለቲካዊ ውዳቤን ተመክሮን ሃንደስቱ ብዘይሓሰብዎን ዘይተጸበይዎን መገዲ ንምድንፋዕ ሃገራዊ ቃልስና ኣበርኪቱ'ዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ብዘይካ ማሕበር ሕብረት እተን ካልኦት ፖለቲካዊ ማሕበራት ደስኪለን ወይ ተበታቲነን ስለዝነበራ፡ ናይ ሰልፍታት ፖለቲካ ኣይቀጸለን። ይኹን'ምበር ንገለ ዓመታት ክሳብ 1954 እታ መተካእታ "ሓንቲ ኤርትራ'' ዝነበረት ጋዜጣ "ድሃይ ኤርትራ''፡ ብዙሕ ተጻብኦታት እናገጠማ ተጣባቒት ረብሓ ኤርትራን ኣጐሳጓሲት ሃገራዊ ዕላማን ብምዃን ከም ኣድማዒ መሳርሒ ቀጺላ'ያ። ብኻልእ መዳይ ከኣ ምሕላው ፌደረሽን ዝዕላምኡ "ማሕበር መንእሰያት ፌደራሊስቲ'' ዝበሃል ጉጅለ'ውን ፖለቲካዊ ንጥፈታት የካይድ ነይሩ'ዩ። ምስ ግዜ ግን፡ ጨፍላቒ ስጉምትታት መንግስቲ ኢትዮጵያን ናይ መሳ ርሒኣ ዝቐየረቶ ምምሕዳር ኤርትራን እናኸረረ፡ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ናይ ምክያድ ዕድል እናተዓጸወ ስለ ዝኸደ፡ ሓድሽ ኣገባባት ቃልሲ ሃሰስ ምባል ግድን ኮነ።

ስለ'ዚ ሓድሽ ኣገባባት ቃልሲ ዝኽተል ሓድሽ ውዳቤታት

ክምዕብል ጀመረ። እቲ ብ1952 ዝተመስረተ ማሕበር ሰራሕተኛታትን እናሓደረ ዝሓዞ ሃገራዊ መርገጽን ኣብ 1958 ዘካየዶ ሰፊሕ ኣድማን ንምድንፋዕ ሃገራዊ ቃልስና ኣበርክቶ ዝገበረ ምንቅስቓስ እዩ ነይሩ። ተመሃሮ ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ ክዋስኡ ምጅማሮም ዘበሰረ ናይ 1956 ኣድማ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ኣስመራ'ውን ካልእ ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ ኣገዳሲ ምዕባሌ እዩ ነይሩ። እቲ ካብ'ቲ ዓብላሊ ዝጸንሐ ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካን ምትእስሳርን ዝረሓቐ ናይ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ዘበናዊ ምንቅስቓሳት፡ ሃገራዊ ንቕሓትን ውዳቤን ኣብ ምምዕባል ልሉይ ግደ ኣበርኪቱ'ዩ። እቲ ኣብ መወዳእታ 1958 ብዉሑዳት ሃገራውያን ኤርትራውያን ኣብ ፖርት-ሱዳን ዝተመስረተ ምስጢራዊ ኣገባብ ቃልሲ ዝኽተል ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ማሕበር ሸውዓተ) ከኣ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ንሃገራውያን ኤርትራውያን ኣብ ትሕቲ ሓደ ሃገራዊ ፕሮግራም ዝጥርንፍ ዘበናዊ ውዳቤ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ከተማታት ኤርትራን ክሳብ ኢትዮጵያን ሰፊሕ ደገፍን ዝናን ረኸበ።

እዚ ምዕባሌታት'ዚ ኣብ'ቲ ናብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ዝቐረበ ፖለቲካዊ ጸብጻብ ብኸምዚ ዝስዕብ ተገሊጹ ኣሎ፡-

> "ምስ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣወዳድባን ምንቅስቓስን፡ ናይ ሃይለስላሴ ጭፍለቓ ብናይ ፖሊስ ትካላቱ እናኸረረ ስለዝኸደ፡ እቲ ቅሉዕን ሰላማውን ተቓውሞ'ውን ንበይኑ ከም ዘየዋጻጽእ እናበርሀ ምስ መጸ፡ ብሓይሊ ምቅዋሙን ሃሱሳት ስርዓት ሃይለስላሴ ናይ ምቕታልን ስጉምትታት/ ፈተነታት ክቀላቐል ጀሚሩ። ከም ሓፈሻዊ ስምዒት ከኣ፡ ብረታዊ ተቓውሞ ካልእ ምርጫ ምኳኑ እናበርሀ መጺኡ። ኣብ ካልኣይ መድረኽ ፖለቲካዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር፡ ካብ ብፌደራላዊ ትካላት ምቅላስ፡ ናብ ፍኑው ሰላማዊ ተቓውሞ፡ ናብ ምስጢራዊ ኣወዳድባን ተቓውሞን፡ ናብ ብረታዊ ተቓውሞ ማዕቢሉ። ብኣወዳድባ ደረጃ'ውን እናተራቐቐ መጺኡ። እቲ ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ ርኡይ

ለውጢ ግን፡ ኣብ'ቲ ኣገባብ ዘይኮነ ኣብ ትሕዝቶ ናይቲ ምንቅስቓስ'ዩ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ምስቲ ዝቐደመ መድረኽ ናይ ሃይማኖታዊ ምግምማዕ ቅልውላው (ኣብ መወዳእታ ብመጠኑ ብምምስራት ቀጽሪ ናጽነት ዝተመሓየሸ) ክረአ እንከሎ፡ ናይ ኩሎም ኤርትራውያን ብዘይ ኣፈላላይ ሰፊሕ ተሳታፍነት፡ ኣውራ ኸኣ ናይቲ ንጡፍ ናይ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ማሕበራዊ ሓይልታት ተሳታፍነት ስለ ዝነበረ፡ ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ ነይሩ። እቲ ካብ 1952 ክሳብ 61 ዝማዕበለ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ናይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንቐጻሊ ቃልሲ ሓደ ሃገራዊ ውድብ ንምምስራት ምቹእ ሃዋሁ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሕመረት ወይ መሰረት ክኸውን ዝኽእል ምንቅስቓስ ሓርነት መስሪቱ'ዩ።'' (ሰነዳት ጉባኤ፡ ገጽ 21)

ኣብ መወዳእታ 1950'ታት፡ ነቲ ብሓይሊ ዝተዓመጸ ሃገራዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ብሓይሊ ንምርግጋጹ ብዘይካ ምቅላስ ካልእ ኣማራጺ ከም ዘየለ ንብዙሓት ሃገራውያን ኤርትራውያን ንምቕታል ዝተገብረ ፈተነታት ከኣ መርኣያኡ እዩ ነይሩ። ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ንምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ምቹእ ዝነበረ ኩነታት ከኣ ምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ናይ ውዳቤን ግዜን ቦታን ሕቶ ጥራይ'ዩ ነይሩ።

ብሓፈሻ፡ እዚ መድረኽ'ዚ ሃገራዊ ቓልስና ብተሳታፍነት ሰራሕ ተኛታትን ተመሃሮን ካብ'ቲ ናይ ኣርብዓታት ናይ ምክፍፋል ፖለቲካ ዝማዕበለ ናይ ሃገራውነትን ሓድነትን ፖለቲካ ክድንፍዕ ዝጀመረሉ፤ ብምምስራት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኸኣ ውድባዊ መልክዕ ዝሓዘሉን ኣወዳድባኡ እናተራቀቐ ዝመጸሉን ኣብ መጨረስታ ድማ ኣድላይነት ብረታዊ ቓልሲ ጎሊሑ ዝተራእየሉን መድረኽ'ዩ ነይሩ።

## ሳልሳይ መድረኽ -- ምጅማር ብረታዊ ቃልስን ፖለቲካዊ ጉድለታቱን (1961-70)

ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቓልሲ ዘይክኣልን ፍረ ዘይርከቦን ምዃኑ ምስ ተረጋገጸ፡ ምርጫ ምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ክመጽእ ግድን'ዩ ነይሩ። እቲ ኣብ 1961 ዝተጀመረ ብረታዊ ቓልሲ ግን፡ ብምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ዘይኮነስ በቲ ብ1960 ኣብ ካይሮ ዝተመስረተ ተሓኤ እዩ ተጀሚሩ። ስለ'ዚ ምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ፖለቲካዊ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣብ 1950'ታት ብኣወንታ ዝማዕበለ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኣይነበረን። እዚ ኸኣ ፖለቲካዊ መስመር ተሓኤ ዝማዕበለ ነይሩ እንተ ዝኸውን ኣይምጸገመን። ግን በንጻሩ፡ ተሓኤ ንብረታዊ ቓልሲ ብሃገራውን ሰውራውን መስመር ክውድብን ክመርሕን ዘኽእሎ ፖለቲካውን ስነ-ሓሳባውን ዓቕሚ ስለ ዘይነበሮ፡ ብፖለቲካዊ ትሕዝቶኡ ምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ካብ'ቲ ኣብ 1950'ታት ተበጺሑ ዝነበረ ፖለቲካዊ ምዕባሌ ናብ ናይ 1940'ታት ከፋፋሊ ፖለቲካ ንድሕሪት ምምላስ እዩ ኮይኑ። ብዛዕባ'ዚ ኩነታት'ዚ ኣብ ፖለቲካዊ ጸብጻብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ እዚ ዝስዕብ ገምጋም ቀሪቡ'ሎ፡-

> "ንተሓኤ ዝመስረቱ ጸቢብ ናይ 40'ታት ገማማዒ ሃይማኖታዊ ዝመርኣያኡ ፖለቲካ ዝገዶፎ ስምብራት ዘይሃሰሰሎም መራሕቲ'ዮም ነይሮም። በቲ ኣብ ግዜ ፌደረሽን ዝማዕበለ ሃገራዊ ንቕሓት ዘይተጸልዉን ኣብቲ ምንቅስቓስ ንጡፍ ተራ ዘይተጻወቱን ምንባሮም እውን ካልእ ድኽመት'ዩ ነይሩ።
>
> እቲ ውድብ ኣብ ወጻኢ ዝተመስረተ ምዃኑ'ውን ካብ ክውንነት ፖለቲካዊ ምዕባሌ ኣብ ኤርትራ ርሒቑ ኣብ ከባቢ ማእከላይ ምብራቕ ብዝነበሩ ዓቃባውያን ፖለቲካዊ ሓይልታት ምጽላዉን፡ ንኣተሓሳስባኡ ዝያዳ ክጸብብ ጸልይዎ።... ተሓኤ ዝነበሮ መጎሳጎሲ መስመር፡ ሃይማኖታዊ

መልክዕ ምሓዙ ነቲ ብማሕበር ኣንድነትን ቤተ ክርስትያንን እናተመርሐ ዝተፈጸመ ዘይሃገራዊ በደል ዘኸተሎ መልሰ-ግብሪ ምንባሩ፡ ንስምዒት ሰፊሕ ክፍልታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘንጸባርቕ'ኳ እንተነበረ፡ ሃገራዊ ወይ ንሃገራዊ ምትእኽኻብ ዝሕግዝ መስመር ከም ዘይነበረ ብሩህ'ዩ። ኣውራ ኣብ'ቲ ካልኣይ መድረኽ (1952-61) ኣብ ከተማታት ማዕቢሉ ዝጸንሐ ንቕሓት ሃገራዊ ምትእስሳር ኣጠማሚትካ ክርአ እንከሎ ኣዝዩ ድሑር ምንባሩ'ውን ብሩህ'ዩ። እቲ ዝዓበየ ኣበሳ ኸኣ፡ ኣብ ህዝቢ ብምኽንያት ድሑር ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣቃውማታትን ውዲት ጸላእቲ ህዝብን ዝኾስኮስ ናይ ምግምማዕ ስምዒታት ክህሉ ባህርያዊ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መሪሕነት ናይ ሓደ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ክመርሕ ዝተበገሰ ሓይሊ፡ ናይ ምግምማዕ ድሑር መስመር ምዕብላሉ'ዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ ተሓኤ ኣብ'ተን ናይ መጀመርያ ውሑዳት ዓመታት ንሃንቀውታ ቃልሲ ከረሳስን'ኳ እንተ ኸኣለ፡ ብውሽጢ ኣካያይዳኡን ኣተሃናንጻኡን ኣብ ጸቢብ ናይ ቀቢላታት ምስሕሓብ ዝጠለቐ'ዩ ነይሩ።'' (ሰነዳት ጉባኤ፡ ገጽ 22)

ተሓኤ እምበኣር ብፖለቲካዊ መስመሩን ኣተሓሳስባ መራሕቱን ኣወዳድባኡን ሃገራዊ ሓርነታዊ ብረታዊ ቓልሲ ክመርሕ ዝበቅዕ ውድብ ኣይነበረን። ስለ'ዚ ተሓኤ ካብ መጀመርትኡ ብትሕተ-ሃገራዊ ረብሓታትን ኣረኣእያታትን ዝተገዛዝዐ ስለ ዝነበረ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ጉድለታት ጸይሩ'ዩ ተበጊሱ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ፡ "መሪሕነት ተሓኤ ብውሽጢ ንኤርትራ ኣብ ክፍልታት መቓቒሉ፡... ኣብ ክንዲ ሓደ ሰራዊትን ናይ ሓደ ሰራዊት ስምዒትን፡ ብኡ ድማ ሓደ ሃገራዊ ስምዒት ዝኾስኩስ፡ ጸቢብ ናይ ኣውራጃን ቀቢላን ሃይማኖትን ኣተሓሳስባታት ኣማዕቢሉ። ተራ ህዝቢ ንልምዳውያን መራሕቲ ካብ ምስዓብ ሓሊፉ ዝኸይድ ደሞክራሲያዊ ተሳታፍነት ኣይነበሮን።'' (ሰነዳት ጉባኤ፡ ገጽ 23) ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ኣካይዳ መሪሕነት ተሓኤ ዘስዓቦ ፖለቲካዊ ዕንወትን ዝሰረቶ መቓቓልን ቀንጻልን ፖለቲካዊ ልምድን፡ ንሃገራዊ ቓልስና ንድሕሪት ጎቲትዎ

ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ብረታዊ ቓልሲ ኣብ ቅልውላውን ሓደጋ ምብትታንን ኣውድቕዎ ነይሩ'ዩ። ነዚ ብዝምልከት ፖለቲካዊ ጸብጻብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ከምዚ ይብል፦

> "እቲ ልዕሊ ኩሉን ንዝኾነ ተሓታቲ ዘይኮነን ላዕላዋይ ባይቶ ካብ ሜዳ ምርሓቑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ንሓድሕዱ'ውን ስሙር ኣይነበረን። ነፍስ ወከፍ ናቱ ናይ ሓይሊ ማእከል ንምፍጣር ይሰርሕ ስለ ዝነበረ ኸኣ፡ ምስ ምዕባይ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ እቲ ምግምማዕ እናዓበየ ከም ዝኸይድ ገይሩ። ቀቢላ ኣንጻር ቀቢላ፡ ሃይማኖት ኣንጻር ሃይማኖት፡ ኣውራጃ ኣንጻር ኣውራጃ... ናይ ምውቕቓዕን ምጥውዋይን ክእለት እናማዕበለ መጺኡ። ኣብ ፈለማ እቲ ውድብ ክሳብ ዝሰፍሕ ውድባዊ ሕጋዊ ቅርጺ ምስኣል ክዝንጋዕ ርዱእ'ኳ እንተነበረ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ነቲ ከፋፊልካ እናዋቓዕካን እናዘወርካን ምምራሕ ዘማዕበሎ ልማድ መተካእታ ናይ ኩሉ ደሞክራሲያውን ትካላውን ኣሰራርሓ ስለ ዝነበረ ኸኣ፡ ኣብቲ ውድብ ፕሮግራም፡ ፖሊሲ፡ ሕጋውን ፈጻምን ኣ ካላት ዝበሃል ኣይነበረን። ኣብ ናይ ወጻኢ ሜላኡ ጸቢብን ካብ ማእከላይ ምብራቕ ዘይወጽእን ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ካብኡ ናብኡ'ውን መንነቱ ዝለዋወጥ ተኻኻዒ ስለ ዝነበረ፡ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዞባ ደረጃ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኣህጉራዊ ደረጃ'ውን ሃስይዎ። ፊናንስያውን ንዋታውን ዓቕሚ ናይቲ ውድብ ክቆጻጸር ዝኽእል ኣካል ወይ ኣገባብ ስለ ዘይነበረ ኸኣ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ንሃብቲ ናይቲ ውድብ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ጸቢብ ፖለቲካዊ ጸወታታት ከም ዘውዕሎ ኮይኑ።" (ሰነዳት ጉባኤ፡ ገጽ 23-24)

ነዚ መሰረታዊ ናይ ስነ-ሓሳብን ፖለቲካዊ መስመርን፡ ውዳቤን መሪሕነትን ጉድለታት ንምእራም ኣብ መወዳእታ 1960'ታት ኣብ ውሽጢ ተሓኤ ሃገራውያንን ሰውራውያንን ተጋደልቲ ክንቀሳቐሱን ክውደቡን ጀሚሮም። በዚ ኸኣ፡ ኣብ ውሽጢ ተሓኤ ነቲ ዓብላሊ ዝጸንሐ ብላዕለዋይ ባይቶን ተሓባበርቱን ዝውከል ከፋፋልን ቀንጻልን ኣድሓርሓሪ መስመር ዝቃወም

ሃገራውን ሰውራውን ገስጋሲ መስመር ተኸሲቱ። እቲ ኣድሓርሓሪ ትሕተ-ሃገራዊ መስመር፡ ንጸቢብ ረብሓታት ዝውክል፡ ናይ ምምቕቓልን ምጉጅጓልን ምድኻምን መስመር ኮይኑ ናብ ፍሽለት ዘምርሕ፤ እቲ ገስጋሲ ሃገራዊ መስመር ከኣ፡ ንረብሓ ህዝቢ ዝውክል፡ ናይ ሓድነትን ምጥርናፍን ምሕያልን መስመር ኮይኑ፡ ሓያል ውዳቤ ብምህናጽ ናብ ዓወት ዘምራሕ ምዃኑ ኣብ ዝቕጽል ቃልሲ እናተጋህደ መጺኡ። እዚ ኣብ መንጎ'ዚ ክልተ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን መስመራት'ዚ ዝተኻየደ ቓልሲ ኸኣ፡ ቀንዲ ደራኺ ፖለቲካዊ ምዕባሌ ሰውራ ኤርትራ ኮይኑ።

እቲ ብውሽጢ ንተሓኤ ናብ ብቑዕ ሃገራውን ደሞክራሲያውን ውድብ ንምቕያሩ ዝተኻየደ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ግን፡ ሽሕ'ኳ ሓድነት ሰለስተ ክፍልታት (1968)ን እቲ ዝበርዓነ ኩለን ክፍልታት ዝተሳተፍኦ ጉባኤ ኣዱብሓን (1969) እንተፈተነ፡ ኣብ መጠረስታኡ ኣይሰመረን። ብፍላይ ድሕሪ ጉባኤ ኣዱብሓ ቅንጸላን ራዕድን እናኸረረ ምስ ከደ ኸኣ፡ ብዘይካ ምፍላይን መተካእታ ውድብ ምህናጽን ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረን። በዚ ኸኣ ኣብ 1970 ኣብ ሜዳ ኤርትራ ናብ ምምስራት ህ.ሓ. ዝመርሐ ፖለቲካዊ ተበግሶታትን መስርሕን ተኸስተ። ንሓርነታዊ ብረታዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሰውራዊ ስነ-ሓሳባዊ መስመርን ፕሮግራምን ስትራተጅን ክመርሖ ዝበቅዕ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ናይ ምህናጽ ቃልሲ ኸኣ ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣተወ።

## ራብዓይ መድረኽ -- ምእራምን ምምዕባል ሰውራዊ ውድብን (1971-81)

ኣብ'ዚ ብምፍላይ ህ.ሓ. ዝጀመረ ራብዓይ መድረኽ፡ ነቲ ንሰውራ ኤርትራ ከሳቕዮ ዝጸንሐ መሰረታዊ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ጉድለታት ብምእራም ሰፊሕን ብቑዕን ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ንምምስራት ሓያል ቃልስን መስርሕን ሓቲቱ'ዩ። ድሕሪ ምፍላይ ህ.ሓ.፡ መራሕቲ ተሓኤ ነቲ

ኣብ 1965 ኣሃዱ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ብምድምሳስ ዝፈለምዎ ንፍልልያት ብጎነጽ ናይ ምፍታሕ ልምድን ኣብ ውሽጢ ተሓኤ ከኣ ንናይ ምእራም ፈተነታት ብሓይሊ ናይ ምጭፍላቕ ተግባራትን ብምቕጻል፡ ኣብ ልዕሊ ህ.ሓ. ኲናት ሓድሕድ ኣወጁ።

ስለ'ዚ ህ.ሓ. ብደገ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ብመሪሕነት ተሓኤ ዝተኣወጀ ኲናት ሓድሕድ ህላዌኡ ንምርግጋጽ እናመከተ፡ ብውሽጢ ኸኣ ኣንጻር ንጸቢብ ረብሓታት ዝተፈልዩ ኣብ ውሽጢ ዝነበሩ ኣድሓርሓርቲ እናተቓለሰ፡ ኣብ ትሕቲ ጽንኩር ኩነታት ድርብ ቃልሲ ኣካየደ። ብፍላይ እቲ ኣብ ውሽጡ ብቑዕ ሰውራዊ ውድብ ንምህናጽ ኣንጻር ወከልቲ መስመር ላዕለዋይ ባይቶ ዝኾኑ ኣድሓርሓርቲ ዘካየዶ ውሽጣዊ ደሞክራሲያዊ ቃልሲ ኸኣ ወሳኒ'ዩ ኔሩ። ነዚ ብዝምልከት ፖለቲካዊ ጸብጻብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ከምዚ ይብል፡-

> "ህ.ሓ. ከም ተቓውሞ ብትሕዝቶ ዝተወሳሰበን ደሞክራሲያውን ኣይነበረን። ኣብ ኩሉ ጽፍሒታቱ ዝኸሰሩ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶን ካብ ጸቢብን ቅርሕንታውን ኣረኣእያ ዝተፈልዩ ባእታታትን ነይሮም እዮም። እቲ ተቓውሞ ክምስረት እንከሎ'ውን ነዚ ከይዘንግዐ፡ ኣብ ኣ ቃውማኡን ኣሰራርሓኡን ፍሉጥ ዶባትን ስምምዕን ገይሩ'ዩ ጀሚሩ። እቲ ግርጭት ኣብ ኩሉ ውሽጣዊ ኣሰራርሓታት ህ.ሓ. ድሙቕ ነይሩ። ሓድሕድ ኲናት ዝያዳ ደቢቕዎን ጸቒጡዎን ስለ ዝነበረ ግን፡ ክሳብ ምዝሓል ሓድሕድ ኲናት ተበላሊዑ ኣይገንፈለን። እቲ ሓፈሻዊ ደሞክራሲያዊ መስመር ኣብ ውሽጣዊ ፖለቲካውን ግብራውን ናይ ሓባር ቃልሲ ሓድነቱን ኣወዳድባኡን ንምትራር እናሰርሐ፡ እቲ መስመር ላዕለዋይ ባይቶ ዝውክል ኣብ ወጻኢ ዝነበረ ሓይልን ናይ ውሽጢ መሻርኽቱን ከኣ ንህ.ሓ. ከም መጻንሕን መዋገይን ክጥቀምሉ ምእንቲ ንምዕብላሉ ካብ ምጽዓር ዓዲ ኣይወዓ ሉን። ኣብ መወዳእታ ኸኣ ብስም ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ዝፍለጡ ዝነበሩ ባእታታትን (መብዛሕትኦም) ኣብ ውሽጢ

መሻርኽቶም ዝነበሩ ጸበብቲ መንፈስን ተፈልዩ። ህ.ሓ. ከኣ ጸርዩን ሓይሉን።’’ (ሰነዳት ጉባኤ፡ ገጽ 28)

ስለ’ዚ ናይ ህ.ሓ. ደሞክራስያዊ ሓይሊ፡ ድሕሪ ንዓመታት ዝኸደ ዝተሓላለኸ ውሽጣዊ ቃልስን ምዕባሌን ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ (1977) ፕሮግራሙን ቅዋሙን ብምእዋጅ ከም ድልዱል ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር፡ ህግሓኤ ዓወቱ ኣረጋገጸ። ኣብ ተሓኤ ግን፡ ሽሕ’ኳ ኣብ 1970’ታት እቲ ናይ ምእራም ቃልሲ እንተቐጸለ፡ ካብ ጽገናታት ዝሓልፍ መሰረታዊ ለውጢ ከምጽእ ኣይክኣለን። እቲ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ጉባኤታት ተሓኤ (1971ን 1975ን) ዝተኣወጀ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ፕሮግራም ከኣ፡ ንተሓኤ ናብ ብቕዕትን ስምርትን ግንባር ኣይለወጣን። ምኽንያቱ፡ ኣብ መሪሕነት ተሓኤ እቲ ወሳኒ ኣካል፡ እቲ መቐጸልታ መስመር ላዕለዋይ ባይቶ ዝነበረ ኣድሓርሓሪ ሓይሊ ስለዝነበረ፡ ተሓኤ ብቐጻሊ ቅልውላው ትሳቐ፡ ሰፋሕ ግን ከኣ ዘይስምርትን ዝተጎዳጀለትን ውድብ ኮይና’ያ ቀጺላ። ስለ’ዚ ኸኣ፡ ደሞክራሲያዊ ተቓውሞ ኣብ ተሓኤ ኣየዕረፈን። ኣብ መወዳእታ ኸኣ፡ ኣብ’ቲ ካልኣይ ኲናት ሓድሕድ (1980-81) እቲ ውሽጣዊ ቅልውላውን ድኻማትን ተባሊሑ ተሓኤ ናብ ዝተፈላለየ ጉጅለታት ተመቓቒላ ተበታቲናት።

ድሕሪ’ቲ ቀዳማይ ኲናት ሓድሕድ (1972-74) ብመርገጺ ህ.ሓ.ን ተቓውሞ ተጋደልቲ ተሓኤን ህዝብን ደው ምባሉ፡ ንክልቲኡ ውድባት ንምስማር ጻዕሪ ጀሚሩ ኔሩ። ድሕሪ ነዊሕ ቃልሲ ከኣ ኣብ ስምምዕ 20 ጥቅምቲ (1977) ተበጺሑ፡ ብኡ መሰረት ድማ ናብ ሓድነት ዘብጽሕ ናይ ሓባር መደባትን ሽማግለታትን ቆይሙ፡ ናይ ሓባር ስርሓት’ውን ጀሚሩ ኔሩ። ይኹን’ምበር፡ ኣብ ተሓኤ እቲ ወሳኒ እቲ ደሞክራሲያዊ ሓይሊ ዘይኮነስ እቲ ኣብ ሓድነት ክልቲኡ ውድባት ረብሓ ዘይነበሮ ኣድሓርሓሪ ሓይሊ ስለ ዝነበረ፡ ንኹሉ ናይ ሓድነት ተበግሶታትን መደባትን ዓንቂፉ፡ ኣብ መወዳእታኡ ድማ ኣብ 1980 ዳግማይ ኲናት ሓድሕድ ከም ብሓድሽ ወሊዑ። ስለ’ዚ እቲ ብሓድነት ክልቲኡ ውድባትን ደሞክራሲያዊ ሓይልታቱን

ክምስረት ዝነበሮ ሰፊሕ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ከይተዓወተ ተሪፉ።

እቲ ኣብ መንጎ ተሓኤን ህግን ዝነበረ ቃልሲ’ምበር ኣብ መንጎ ክልተ ውድባት ዝተኻየደ ናይ ስልጣን ውድድር ዘይኮነስ፥ መርኣያ ናይ’ቲ ኣብ መንጎ ክልተ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን መስመራት፥ ማለት ደሞክራሲያዊ ናይ ሓድነት መስመርን ኣድሓርሓሪ ናይ ምፍንጫል መስመርን ዝተኻየደ ቃልሲ’ዩ። ህግ ከም ወሳኒ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኣብ ሜዳ ኤርትራ ምዕዋቱ ኸኣ ዓወት ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ መስመር’ዩ ኔሩ። በዚ ኣረዳድኣ’ዚ እምበኣር ህግ ታሪኻዊ መቐጸልታን ምዕባሌን ናይ’ቲ ኩሉ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ቃልስና ብሓፈሻ፥ መስርሕ ብረታዊ ቃልስና ድማ ብፍላይ ዝተሃንጸ ሃገራውን ደሞክራሲያውን ቃልስታትን ተመክሮታትን መኽሰባትን ምዃኑ ምግንዛብ ይግባእ።

ነዚ ምዕባሌታት’ዚ ብዘርኢ፥ ኣብ ፖለቲካዊ ጸብጻብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ እዚ ዝስዕብ ገምጋም ሰፊሩ’ሎ፥-

> “እቲ ጉዳይ ከም ናይ ተሓኤን ህግን ረጽሚ ጥራይ ኣቃሊልካ ዝርአ ዘይኮነ፥ ኣብ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ሕቶ ምህናጽ ሰፊሕ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር’ዩ ነይሩ። ተሓኤ ከኣ ከም ተመክሮ ናይ’ቶም ወረስቲ ስም ኢና ዝብሉ ናይ ጸቢብ መቓቓልን ቀንጻልን መስመር ወከልቲ ዘይኮነ፥ ኣብ ውሽጢ ትሕዝቶ መስርሕ ሰውራ ኤርትራ ዝርአ መድረኽ’ዩ ነይሩ። እቲ ዝደኸመን ዝጠፍአን ሓይሊ ኸኣ፥ ተሓኤ ዘይኮነት፥ እቲ ካብ ፈላማ ብላዕለዋይ ባይቶን መሻርኽቱን፥ ቀጺሉ ብጠቕላሊ መሪሕነት፥ ኣብ መወዳእታ ኸኣ በቲ ዓብላሊ ኣድሓርሓሪ ወገን ሰውራዊ ባይቶ ዝውክል ዝነበረ ዘይሃገራዊ መስመርን ሓይልን’ዩ። ህግሓኤ ከም ወሳኒ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኮይኑ ምውጻኡ ኸኣ፥ ናይ ሓደ ውድብ ብመንጽር ካልኦት ጉጅለታት ተዓዊቱ ምውጻእ ዘይኮነ፥ ባህርያዊ ውጽኢት ንምርግጋጽ ሃንቀውታ

ህዝቢ ኤርትራን ቃልሱን፡ ናይ ሓደ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ውድብ ምምስራት ሕቶ'ዩ።'' (ሰነዳት ጉባኤ፡ ገጽ 29-30)

እዚ ራብዓይ መድረኽ እምብኣር፡ ምፍላይ ህሓ፡ ኩናት ሓድሕድ፡ ጻዕሪ ንሓድነት፡ ምስፋሕን ምሕያልን ሰውራ ኤርትራ፡ ስትራተጅያዊ ምዝላቕ፡ ዳግማይ ኩናት ሓድሕድ፡ ኣብ መወዳእታኡ ኸኣ ዓወት ሓደ መሪሕ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ዝተጋህደሉ መድረኽ'ዩ ነይሩ።

## ሓሙሻይ መድረኽ -- ምድልዳል መሪሕ ውድብን ታሪኻዊ ዓወቱን (1981-91)

እቲ ሓሙሻይ መድረኽ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሜዳ ኤርትራ ወሳኒ ሓይሊ ዝኾነሉን ሓላፍነት ምቕጻልን ምዕዋትን ብረታዊ ቓልሲ ብብቕዓት ዝፈጸመሉን ናይ መወዳእታ መድረኽ ሃገራዊ ቃልስና'ዩ። ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ናይ'ቲ ካብ 1940'ታት ዝጀመረ ንመሰልን ረብሓን ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝቃለስ ብቑዕ ሃገራዊ ደሚክራሲያዊ ውድብ ንምምስራት ናይ ዝተኻየደ ነዊሕን ዝተሓላለኸን ቃልሲ ዝለዓለ ውጽኢት ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ህዝባዊ ግንባር፡ ሰውራዊ ስነ-ሓሳብ ዝኽተል፡ ረብሓን መሰልን ህዝቢ ኤርትራ ዝከላኸልን ዘዐወተን፡ ኣብ ሓድነትን ማዕርነትን ኤርትራውያን ዝተመስረተ ሃገራዊ ተሳትፎ ዘረጋግጽ ብቑዕ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ምዃኑ ኣመስኪሩ። ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ እምበኣር፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ብዘካየዶ ሓያል ቃልስን ዘርኣዮ ጽንዓትን ኣብ መወዳእታ ኸኣ ዝዓተሮ ዓወትን፡ ታሪኽ ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘፍረዮ እቲ ዝለዓለን ዘሓየለን ውድባዊ መሳርሒ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ዚ ነዚ ዝሰዕብ ሕቶታት ክነልዕል የድሊ። ህዝባዊ ግንባር ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ መሪሑ ክዕወት ዘኽኣሎ ብቕዓታት እንታይ'ዩ? ምንጪ ብቕዓታቱ እንታይ'ዩ? ብሓጺሩ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምንታይ'ዩ ሓይሉ?

ነዚ ሕቶታት'ዚ ንምዝታይ እዚ ዝስዕብ ጉዳያት ነቕርብ፦

1. ሕብረተሰብ ኤርትራ -- ህዝባዊ ግንባር ውጽኢት ሕብረተሰብ ኤርትራ ስለ ዝኾነ፡ ምንጪ ብቕዓቱ ብቐዳምነት ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ክንፍትሾ የድሊ። ሕብረተሰብ ኤርትራ ጥንታዊ ታሪኽ ስልጣኔን ባህልን ዘለዎ ሕብረተሰብ'ዩ። ሽሕ'ኳ ከም ኩሉ ሕብረተሰባት ውሽጣዊ ድኻማት እንተነበሮ ጸረ-መግዛእታዊ ሃገራዊ ቃልሲ ንምውዳብን ንምክያድን ዝሕግዞ ሓያል ናይ ምኽታትን ጽንዓትን ባህርያት ዝውንን ሕብረተሰብ'ዩ ነይሩ። ህዝባዊ ግንባር እምበኣር፡ ነቲ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝነበረ ንሃገራዊ ጥርናፈ ዝጻረርን ዝዕንቅፍን ናይ ወገንነትን ምክፍፋልን ድኻማት ብቐጻሊ ብምቅላስን ብምእላይን፡ ነቲ ንሃገራዊ ስምረትን ቃልስን ዝድርኽን ዘሐይልን ናይ ሓድነትን ጽንዓትን ሓያል ባህርያት ብምውካልን ብሰውራዊ ስነሓሳብን ውዳቤን ብምምዕ ባልን እዩ ብቑዕ ውድብ ክኸውን ዝኸኣለ። ስለዚ ሓያል ባህርያት ሕብረተሰብ ኤርትራ ቀዳማይ ምንጪ ብቕዓት ህዝባዊ ግንባር'ዩ።

2. ሰውራዊ ስነ-ሓሳብን ውዳቤን -- ሓያል ባህርያት ሕብረተሰብ ንበይኑ ኣኻሊ ስለ ዘይኮነ ግን፡ ዝውድቦን ዘማዕብሎን ኣገባብ የድልዮ። ሰውራዊ ስነ-ሓሳብን ወዳቤን ከኣ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ'ዩ። ብዘይ ሰውራዊ ስነ-ሓሳ ብን ውዳቤን፡ ሰውራ ከካይድን ክዕወትን ከም ዘይክእል ርዱእ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ገጻት ከም ዝረኣናዮ፡ ድሕሪ ምጅማር ብረታዊ ቓልስና፡ እቲ ንህላዌን ቀጻልነትን ቃልስና ዝተፈታተነ ቀንዲ ውሽጣዊ ጸገም ጉድለት ሰውራዊ ስነ-ሓሳብን ውዳቤን እዩ ነይሩ። ህዝባዊ ግንባር ነዚ ጉድለት'ዚ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ መሪሑ ክዐውት ዝኽእል፡ ኣብ ታሪኽን ክውንነትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝተመስረተ ሰውራዊ ስነ-ሓሳብን ውዳቤን ብግብራዊ ቃልሲ ብምምዕባል ኣሪምዎ። ስለ'ዚ ሰውራዊ ስነ-ሓሳብን

ውዳቤን ንህዝባዊ ግንባር ሓያልን ብቑዕን ውድብ ዝገበሮ ካልኣይ ረቛሒ'ዩ።

3. ንቑሕን ውፉይን ሰብ -- ሰውራዊ ስነ-ሓሳብን ውዳቤን ግን እንተደኣ ኣሚኑ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ዝቃለሰሉን ዝውፈየሉን ንቑሕ ሰብ ዘየልዩ ጎደሎ'ዩ። ህዝባዊ ግንባር ንሰውራዊ ስነ-ሓሳቡን ውዳቤኡን ኣሚኖም ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ብተወፋይነትን ንቕሓትን ዝጋደሉ ኣማኢት ኣሽሓት ኣባላት ክሹስኵስን ከፍርን ዝኸኣለ ውድብ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ንዝዓበየ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዘኽተተን ዝወደበን፡ ኣውራ`ኸኣ ንመንእሰያት ከኣምንን ከሰልፍን ዝኽእል ውድብ መጻኢ ክኸውን ስለ ዝኸኣለ ተዓዊቱ። ነዚ ንምግባር ከኣ ውፉያት ካድራትን ተጋደልትን ኣባላትን ብቐጻሊ ክምልምል፡ ንቕሓቶምን ቆራጽነቶምን ክብ ከብል፡ ብዝተፈላለየ ክእለታት ከሰልጥን ዘኽእሎ ዓቕሚ ነይርዎ። ስለ'ዚ ህዝባዊ ግንባር ብንቑሓትን ውፉያትን ሰባት ዝቖመ ውድብ ስለ ዝነበረ እዩ ሓያልን ብቑዕን ክኸውን ዝኸኣለ።

4. ናይ ኣተሓሳስባን መንፈስን ናጽነትን ቆራጽነትን -- ንሃገራዊ መሰልናን ረብሓናን ዝከላኸል ናጻ ኣተሓሳስባን ንዕኡ ኣብ ግብሪ ዘውዕል ቆራጽ መንፈስን እንተዘይነብረና ክንዕወት ኣይምኸኣልናን። መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓያላት ደገፍቲ ስለ ዝነበርዎ፡ ቃልስና ንጹል እዩ ነይሩ። ነዚ ናይ ሓያላት ተጻብኦ ግን፡ ኣብ ነብስናን ዓቕምናን ብምትእምማንን ብምምርኳስን ክንሰግሮ ዘኽኣለና፡ እቲ ህዝባዊ ግንባር ዘማዕበሎን ዘተግበሮን ናይ ርእሰ-ምርኮሳ ኣተሓሳስባን ቆራጽ መንፈስን'ዩ። ናጽነት ኣተሓሳስባን ቆራጽ መንፈስን እምበኣር መለለይ ብቕዓት ህዝባዊ ግንባር እዩ።

5. ክሱትን ግብራውን ኣካይዳ -- ካብ ተመክሮ ዘይመሃር፡ ጌጋታቱን ጉድለታቱን ዘይቅበልን ዘይእረምን፡ ምዙንን

ሰፊሕን ኣጠማምታ ዘይብሉ ውድብ ድሕሪት ይተርፍን ይኽርዝዝን ኣብ መወዳእታ ይሰዓርን እምበር ክስስንን ክዕወትን ኣይክእልን'ዩ። ህዝባዊ ግንባር ካብ ጌጋታቱን ጉድለታቱን ዝመሃር፡ ብተመክሮ እናበሰለ ዝኸይድ፡ ንፖሊሲታቱ ብግብራዊ ውጽኢቱ ዝግምግምን ዝኽልስን፡ ማዕረ ለውጢ ዝስጉም፡ ማዕባልን ተመሃርን ውድብ እዩ። በዚ ኸኣ ብነቐፌታዊ ዓይኒ እናገምገመ ሓድሽ ሓሳ ባትን ተመክሮታትን ዝቕበል ክሱትን ግብራውን ኣካይዳ መለለይ ብቕዓቱ እዩ።

6. ሰውራዊ መሪሕነት -- ዕዉት ውዳቤ ብዘይ ብቑዕ መሪሕነት ክህሉ ስለ ዘይክእል፡ ኣብ ፈለማ መድረኻት ብረታዊ ቓልስና ሕቶ መሪሕነት ግቡእ መልሲ ስለ ዘይረኸበ ጠንቂ ቅልውላው ኮይኑ ምንባሩ ፍሉጥ'ዩ። እቲ ዲሞክራሲያዊ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ከኣ፡ "መሪሕነት ብብቕዓት ይመረጽ፡ መሪሕነት ኣብ ሜዳ ይኹን" ዝብል ጭርሖታት ብምልዓል ተቓሊሱ። ከም ውጽኢቱ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ራእይ ዘለዎ፡ ብኣብነት ዝመርሕ፡ ቅኑዕ ስልትን ስትራተጅን ቀይሱ ዘተግብር፡ ዝውድብን ዝጉስጉስን ሰውራዊ መሪሕነት ስለ ዘፍረየ፡ ሓያልን ዕዉትን ውድብ ክኸውን በቒዑ።

7. ምምስራት ኪዳናት -- ንጸላኢ ምንጻልን ምድኻምን፡ ደገፍቲ ምዕባይን ምሕያልን ቀንዲ ስትራተጂ ዕዉት ቓልሲ'ዩ። መግዛእቲ ኢትዮጵያ ናይ ሓያላት ሃገራት፡ ደገፍ ስለ ዝነበሮ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓለም ክንጽሎ ስለ ዝኸኣለ፡ ህዝባዊ ግንባር ነዚ ተነጽሎ'ዚ ዘስግር ስትራተጂ ክቕይስን ከተግብርን ነይርዎ። ህዝባዊ ግንባር ምስ'ቲ ኩሉ ተጻብኦ ሓያላት ሃገራት ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለም ምስ ፍትሓዊ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ምድንጋጽን ደገፍን ከንሳጉስ ምኽኣሉን፡ ብዓቢኡ ድማ ኣብ ዞባና ምስ ብሄራውን ሕብረ-ብሄራውን ቃልስታት ህዝቢ ኢትዮጵያን ካልኦት ሓይልታትን ዝመስረቶ

ኪዳናትን ሓደ መርኣያ ብቕዓቱ ከም ውድብ እዩ።

እምበኣርከስ ህዝባዊ ግንባር ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽናዮ ሸውዓተ ወሳኒ ረቛሒታት ስለ ዘረጋገጸ እዩ ንሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ዓወት ዝመርሐ ሓያልን ዕውትን ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ክኸውን ዝበቕዐ።

ብቕዓት ህዝባዊ ግንባር ግን ኣብ በበይኑ ሜዳታት ቃልሲ ብጭቡጥ ብኸመይ ተገሊጹ? ናይ'ዚ ሕቶ'ዚ ሓፈሻዊ መልሲ ንምሃብ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ስነ-ሓሳባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ባህላዊ፡ ዲፕሎማሲያዊ... ሜዳታት ዘማዕበሎ ዓቕምታትን ዘጥረዮ ብቕዓትን ምምልካት የድሊ። በብሓደ ንምርኣዩ፡-

1. ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ዓቕሚ -- ብቑዳምነትን ልዕሊ ኹሉን ህዝባዊ ግንባር ብንጹር ራእይን ዕላማታትን ዝግለጽ ስነ-ሓሳባዊ መርሓ ዝነበሮ ሓያል ፖለቲካዊ ውድብ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ካልእ ሜዳታት ናይ ዘማዕበሎ ብቕዓት መሰረት ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ትሕዝቶኡ'ዩ ነይሩ። እዚ ማለት፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ሰፊሕን ውዱብን ህዝባዊ ሰረት፡ ሓያል ህዝባዊ ሰራዊት፡ ምዕቡል ደጀን... ክሃንጽ ዝኽኣለ፡ ብኻልእ ዘይኮነስ፡ ቅኑዕ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን መስመር ስለ ዝተኸተለ'ዩ። ከምቲ ሃገራዊ ቻርተር ዝገለጾ፡ “ህዝባዊ ግንባር ኝኹሎም መግዛእቲ መሪርዎም ናጽነት ሃረር ዝብሉ ኤርትራውያን ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፡ ቋንቋ፡ ቀቢላ፡ ደርብን ጾታን፡ ናይ ቃልሲ መድረኽ ፈጢሩን ኣሳቲፉን። ካብ ገጠርን ከተማን፡ ካብ ከበሳን ቆላን፡ ካብቲ ኣዝዩ ዝተገለለ ቁሸታትን ደንበታትን ዝመጹ ኣማኢት ኣሽሓት ኤርትራውያን ኣብ ሓደ ዓቢ መምከኺ ቁራዕ (Melting Pot) ኣኪቡ ኤርትራዊ ሃገራውነት ከም ዝምዕብልን ዝድልድልን፡ ኝኹሉ'ቲ ጸቢብን ከፋፋልን ስምዒታት ዝሰገረ ሃገራዊ ሓድነት ባይታ ከም ዝረክብን ከም ዝምዕብልን ክገብር ዝኸኣለ ውድብ'ዩ።'' (ገጽ፡7) ስለ'ዚ

ህዝባዊ ግንባር ንጹር ራእይ፥ ናብ'ቲ ራእይ ዘብጽሕ ሓያል ውዳቤ፥ ነቲ ራእይ ተጨባጢ ዝገበሮን ነቲ ውዳቤ ዘንቀሳቐሶን ከኣ ንቑሕን ውፉይን ተጋዳላይ ሰብ ስለዝነበሮ እዩ ተዓዊቱ። እዚ ኸኣ ብዘይ'ቲ ህዝባዊ ግንባር ዝሃነጾ ሓሳባት ዘፈልፍልን ዝዝርግሕን ዘሰርጽን፥ ሰባት ዘእምንን ዝውድብን ዘንቅሕን፥ ናይ ምንቕቓሕን ትምህርትን ምርምርን ህዝባዊ ምምሕዳርን ማሕበራትን ሓያል ትካላትን፥ ነቐፌታን ነብሰ-ነቐፌታን ዘዘውትርን ማዕርነታውን ውድባዊ ሂወትን ክህሉ ኣይምኽኣለን። ብሓጺሩ፥ ሕመረት ሓይሊ ህዝባዊ ግንባር፥ እቲ ብኣዝዩ ሓያል ናይ ምትስሳስ፥ ምንቕቓሕ፥ ምውዳብ፥ ምእማን፥ ምቕያር ዓቕሙ ዝተገልጸ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ብቕዓቱ፥ ቅድሚ ገዚፍን ኣካላውን ሓይሊ፥ ረቒቕ ናይ ሓሳባት ሓይሊ እዩ።

2. ሓያል ህዝባዊ ሰራዊት -- ህዝባዊ ግንባር ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ቃልሲ ጥራይ ዘካይድ ውድብ ኣይነበረን። ብስትራተጂ ዝተናውሐ ህዝባዊ ኲናት ሓርነታዊ ብረታዊ ቓልሲ ዘካይድ ውድብ ስለዝነበረ፥ ሓያል ህዝባዊ ሰራዊት እንተ ዘይሃንጽ ክዕወት ኣይምኽኣለን። ስለ'ዚ፥ ህዝባዊ ግንባር፥ ከምቲ ኣብ ፖለቲካዊ ጸብጻብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ዝተገልጸ፥ "ኣብ መሪርን ከቢድ መስዋእቲ ዝወሰደን ነዊሕ ኲናት፥ ኣሃዛዊ ምዕባይ ዘለዎ፥ ልዑል ናይ ስትራተጅን ስልትን ብቕዓት፥ ልዑል ንቕሓትን ፍናንን፥ ዝተመሓየሸን እናተራቐቐ ዝኸይድን ኣወዳድባ፥ ብብዝሕን ዓይነትን ካብ ፈኲስ ክሳብ ዘበናዊ ስትራተጅያዊ ኣጽዋር ዝውንንን ዝመልኽን፥ ውፉይ፥ ኣብ ማእቶት ዝሳተፍ፥ ዝመሃር፥ ነቕ ዘይብል፥ ዋሕስ ሓርነትን ህንጻን ኤርትራ ዝኸውን ህዝባዊ ሰራዊት'' (ሰነዳት ጉባኤ፥ ገጽ 80) ክሃንጽ ዝኸኣለ ውድብ'ዩ። ልዑል ተወፋይነት፥ ንቕሓት፥ ዲስፕሊን፥ ተበግሶ፥ ክእለት ዝውንን፥ ናይ ጅግንነትን ሓርበኛነትን ባህሊ ዘማዕበለ ሓያል ህዝባዊ ሰራዊት ስለ ዝሃነጸ ኸኣ፥ ነቲ ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ እቲ ዝሓየለ ሰራዊት ዝነበረ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ክስዕር ክኢሉ።

3.ሰውራዊ ደጀን -- ብዘይ ናይ ወጻኢ ደገፍ፡ ኣብ ውሽጣዊ ዓቕምታት ብምምርኳስ፡ ዘተናውሐ ህዝባዊ ኵናት ንምክያድን ንምዕዋትን ግድን ሰውራዊ ደጀን ምምስራት የድሊ ነይሩ። ህዝባዊ ግንባር መነሃርያ ሓርነታዊ ቓልሱ ዝኾነ፡ ዝተፈላለየ ናይ ሕክምና፡ ትምህርቲ፡ ህንጻ፡ መጎዓዝያ፡ ምስናዕ፡ ስንቅን ዕጥቅን... ትካላት ዘለዎ፡ ኣብ ታሪኽ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ዓለም ሒደት መወዳድርቲ ዝርከቦ ሰውራዊ ደጀን ኣብ ሳሕል ምምስራቱ፡ መርኣያ ሓይሉን ብቕዓቱን እዩ ነይሩ።

4. ባህላውን ዜናውን ሓይሊ -- ህዝባዊ ግንባር ማዕረ-ማዕረ ስነሓሳባውን ፖለቲካውን ሓይሉ ዝኸይድን ንዕኡ ዝገልጽን ባህላውን ዜናውን ሓይሊ ነይርዎ። እቲ ኣብ ቃልሲ ዝተረረን ዝደንፍዐን ኣብ ክብርታት ሓቅነት፡ ፍትሒ፡ ሓርነት፡ ማዕርነት፡ ግስጋሰ፡ ጽንዓት... ዝተመስረተ ሰውራዊ ባህሊ፡ ነዚ ባህሊ'ዚ ንምስራጽን ንምምዕባልን ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ሙዚቃን ስነ-ጽሑፍን ስነ-ጥበብን ባህላዊ ስርሓትን፡ ኣብ ምድራኽን ምድልዳልን ምዕዋትን ሓርነታዊ ቓልስና ዓቢ እጃም ነይርዎ'ዩ። እቲ ብቐንዱ ብድምጺ ሓፋሽን ካልእ መጋበርያታትን ዝተገልጸ ናይ ህዝባዊ ግንባር ዜናዊ ሓይሊ ኸኣ፡ ኣብ ምሕያል መኸተ ህዝቢ ኤርትራን ምድኻም ሓይሊ ጸላእን ዝነበሮ ተራ ዓቢ'ዩ ነይሩ።

5. ሞያውን ቴክኒካውን ብቕዓት -- ህዝባዊ ግንባር ናይ ብዙሕ ዓውድታት ሞያውያንን ክኢላታትን ብብዝሒ ዝነበርዎ፡ ኣብ ጽንኩር ናይ ኵናት ኩነታት ከኣ ሓደስቲ ክኢላታት ክዕልምን ከፍርን ዝኸኣለ ውድብ'ዩ ነይሩ። እዞም ሞያዊ ብቕዓት ምስ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተወፋይነትን፡ ፈጠራውነትን ድፍረትን፡ ክእለትን ልዑል ድስፕሊንን ዘጣመሩ ክኢላታት ኣብ ምህናጽን ምክያድን ምምዕባልን ኩሉ ትካላቱ መሪሕ ተራ ነይርዎም። እቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምምሕዳር፡ ውትህድርና፡ ሕክምና፡ ህንጻ፡ ትምህርቲ፡

መጎዓዝያ፣ ምስናዕ፣ መራኽቢ.ታት፣ ዜና... ዝነበሮን ብቐጻሊ ከማዕብሎ ዝኸኣለን ሞያውን ቴክኒካውን ብቕዓት ከኣ ንዓወቱ ዓቢ ኣበርክቶ ነይርዎ።

6. ዲፕሎማሲያዊ ብቕዓት -- ህዝባዊ ግንባር ካብ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ተመክሮኡ እናተማህረ ኣረኣእያኡ እናስፍሐን ክእለት እናደለበን ብምኻዱ፣ ኣብ መወዳእታኡ ንኢትዮጵያዊ ዲፕሎማሲ ክገጥም ዝኽኣለ ዲፕሎማሲያዊ ብቕዓት ኣጥርዩ። ሽሕ'ኳ ሓያላት ሃገራት ብቐጻሊ ንመሰል ርእሰ-ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ዝጻባእ መርገጺ እንተነበረን፣ ጎድኒ-ጎድኒ እቲ ኣብ ሜዳ ኣብ ሓይሊ ሚዛን ንረብሓና ዝመጸ ጭቡጥ ለውጥታት፣ ህዝባዊ ግንባር ዲፕሎማሲያዊ ተበግሶ ወሲዱ፣ እንተወሓደ ዕንቅፋታት ክኣልን ተጻብኦታት ከልዝብን፣ ቀስ ብቐስ ከኣ ምድንጋጽን ደገፍን ከዕቢ ምዕ ዋቱ መርኣያ ዲፕሎማሲያዊ ብቕዓቱ'ዩ ነይሩ።

ኣብ'ዚ ሓሙሻይ መድረኽ እምበኣር ህዝባዊ ግንባር ልዑል ሓድነትን ጽንዓትን ንቕሓትን ዲስፕሊንን፣ ሰፊሕን ውዱብን ህዝባዊ ደገፍን ተሳታፍነትን፣ ሃብታም ተመክሮ ዘለዎ ብሱልን ክኢላን ውድብ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ኵናት ኣዝዩ ልዑል ዓቕሚ ውዳቤ ዝሓትት ናይ ሞትን ሕየትን ጉዳይ ስለዝኾነ፣ ህዝባዊ ግንባር ዝተናውሐ ህዝባዊ ኵናት ብብቕዓት ከካይድን ከዐውትን ዝኽእል ዓቕሚ ውዳቤ ከማዕብል ምኽኣሉ፣ ብዝሃነጾ ሓያል ህዝባዊ ሰራዊትን ካልእ መሰረታዊ ትካላትን ብዝተራቀቐ ስትራተጅን ስልትን ብዝተመርሐ ዓቢ ወተሃደራዊ ስርሒታትን ኣመስኪሩ። ብሓጺሩ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ህዝባዊ ግንባር ምዕቡልን ዝተራቐቐን ውዳቤ ዘለዎ ሓርነታዊ ግንባር ኮይኑ ነይሩ።

ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ እቲ ኣብ መጋቢት 1987 ዝተኻየደ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ኣገዳሲ ፍጻሜ እዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ጉባኤ'ዚ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ቀዳማይ ጉባኤኡ (1977) ናይ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ውድዓዊ ገምጋም ብምግባር ኣብ ተመክሮን

ፍልጠትን ዝተመስረተ ናይ ፖሊሲ ለውጥታት ገይሩ። በዚ መሰረት ኣብ'ዚ ጉባኤ'ዚ ፖሊሲ ሕውስዋስ ቁጠባን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ኣብ ፕሮግራም ተራዒሙ። ብቐዳምነት ንሃገራዊ ረብሓ ዘገልግልን ክውንነታውን ፖሊሲ ወጻኢ ተሓንጺጹ። ናብ ዓወት ዘብጽሕ ስትራተጂ ተቐይሱ፣ ጉባኤ መንጠራ-ባይታ ናብ ዓወት ኮይኑ።

ህዝባዊ ግንባር ኣብ'ዚ ሓላፍነት ሓርነታዊ ብረታዊ ቓልሲ ንበይኑ ዝተሰከመሉ መድረኽ'ዚ፣ ካብኡ ወጻኢ ንዝነበሩ ሃገራውያን ንምትእኽኻብን ብሓባር ንምስራሕን ካብ ምጽዓ ር ኣይተቖጠበን። በዚ መሰረት ብ1982 እማሜ ልፍንቲ ብምእዋጅ፣ ኩሎም ሃገራውያን ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ዝሳ ተፍዎ ሃገራዊ ባይቶ ንኽምስረት ኣሚሙ። ይኹን'ምበር እቶም ብጸቢብን ከፋፋልን ረብሓታት ዝምርሑ ናይ ወጻኢ ሓይልታት መጋበሪያ ዝነበሩ ጉጅለታት ነዚ ጻዊዒት'ዚ ኣይሰመርዎን። እቲ ናይ መሰረታት ተሓኤ ምንቅስቓስ ዝፈጠሮ ሳግም (ተሓኤ-ማመ) ግን፣ ነዚ ጻዊዒት'ዚ ተቐቢሉ ንገለ ዓመታት ብሓባር ድሕሪ ምቅላስ ኣብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ምስ ህዝባዊ ግንባር ሓድነት ገይሩ።

ኣብዚ መድረኽ'ዚ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ምስ'ዚ ናይ ህዝባዊ ግንባር ናይ ዝያዳ ምጥርናፍን ምሕያልን ምዕዋትን መስርሕ ዝጠማመት ካልእ ናይ ምጉጅጃልን ምድኻምን ስዕረትን መስርሕ ይኸይድ ነይሩ። እቲ ኣብ 1960'ታት ብላዕለዋይ ባይቶ ዝፈለመ ናይ ምጉዝዛይን ምድኻምን ሓድሕድ ምንቛትን መስመር፣ ድሕሪ ምብትታን ተሓኤ (1981) ናህሪ ደሊቡ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ እቲ መስርሕ ምድርቓም (Fragmentation) ዛይዱ፣ ኣብ መወዳእታ 1980'ታት ኣብ ሓድሕደን ዝተሃላለኻን ንዝተፈላለየ ግዳማዊ ሓይልታት ዝተዓ ስባን ኣስታት 15 በበይነን ጉጅለታት ተቐልቂለን ነይረን። እዚ ኣብ ጸቢብን ስሑዕን ረብሓታት፣ ዕሱብነት ንረብሓታት ባዕዲ፣ ጽልእን ቅርሕንትን ዝተመስረተ ናይ ምምቕቓል ፖለቲካ'ዚ፣ ብቓላት ፖለቲካዊ ጸብጻብ ካልኣይን ሓድነታውን

ጉባኤ፡-

> “ህዝቢ ኤርትራ ብእንዳ፡ ቀቢላ፡ ዞባ፡ ሃይማኖት እናኸፋፈልካ ኣብ ዝጥዕመካ ብቓል-ኪዳን ናይ’ዚ ጸቢብ ኣቃውማታት’ዚ መራሕቲ ሓደ ውድብ ምፍጣር፤ ብምርጻምን ምውቕቓዕ ን ቀቢላታትን እንዳታትን... ናይ ውድባት/ጉጅለታት ህላዌ ምዕቃብ፤ ጸቢብ ምብልላዓት ኣብ ዝግንፍለሉ ካልእ ኣብ ከምኡ ዝኣመሰለ ጸቢብ ቃል-ኪዳናትን ፍሕሶን ዝተመስረተ ሓድሽ ውድባት/ጉጅለታት ምምስራት፤ መሊስካ ምፍንጫል... መሊስካ ቃል-ኪዳን... እናበለ ዝኸይድ’ዩ።’’ (ሰነዳት ጉባኤ፡ ገጽ 41)

እዚ ውሽጣዊ ዕንቅፋት’ዚ ግን እናተዳኸመን እናተኣልየን ስለዝኸደ፡ ሸሕ’ኳ ገለ ካብ’ቲ ጉጅለታት ክሳብ ናብ ጸላኢ ብምዕሳብ ናይ ሓሙሻይ መስርዔኛ ተራ ምሓዝ እንተበጽሐ፡ ንሓፈሻዊ ጉዕዞ ህዝባዊ ግንባር ናብ ዓወት ክዕንቅፎ ኣይከኣለን።

ከምዚ ዝተመልከትናዮ፡ ህዝባዊ ግንባር ንሓርነታዊ ብረታዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ መሪሑ ከዐውቶ ዝኸኣለ ብቑዕ ውዳቤ’ዩ። ህዝባዊ ግንባር ግን ዝማዕበለ መቐጸልታ ቅድሚኡ ዝነበረ ተመክሮታት፡ ስለ’ዚ ኸኣ ውጽኢት ታሪኽ ምዃኑ ምስትውዓል የድሊ። እቲ ኣብ መድረኽ ዓደይ-ዓደይ ኣብ 1940’ታት ዝጀመረ ሃገራዊ ቃልሲ ኣብ ሓሙሳታት ብመድረኽ ሓራካ ኣቢሉ ናብ ጀብሃ ሓሊፉ ናብ ሻዕቢያ ኣብጺሑ። ስለ’ዚ ህዝባዊ ግንባር ዝለዓለ መድረኽ ኣብ ታሪኽ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ህዝባዊ ግንባር እቲ ዝሓየለን ዝደልደለን ሓርነታዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘፍረዮ ውዳቤ’ዩ።

## 5

# ህዝባዊ ግንባር ከም ሰፊሕ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኣብ ናጻ ኤርትራ

ናጽነት፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ምዕራፉት ሸፊፍ ኢልና ክንርእዮ ዝጸናሕና ታሪኽ ኣመዓባብላ ፖለቲካዊ ውዳቤ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከፉቲ ሓድሽን ዝማዕበለን መድረኽ፡ ናይ ምቛም ሃገራዊ መንግስቲ መድረኽ እዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ እምበኣር ህዝባዊ ግንባር ንነብሱ ናብ ክልተ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ውዳቤታት፡ ማለት ናብ ሃገራዊ መንግስትን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስን ከማዕ ብል ነይርዎ። ህዝባዊ ግንባር ሓላፍነት ምምሕዳር ናጻ ሃገር ስለዝተሰከመ፡ ካብ ሓርነታዊ ግንባር ናብ ሃገራዊ መንግስቲ ክቕየር ነይርዎ። ማዕረ-ማዕሪኡ ኸኣ ከም ካብ መንግስቲ ዝተፈልየ ኣብ ህዝቢ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ስራሕ ዘካይድ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ፡ ብሓድሽ ኣወዳድባ ክቕጽል ነይርዎ። ብሓጺሩ ካብ ህዝባዊ ግንባር ክልተ ነናቱ ፍሉይ ባህርያት ዘለዎ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ውዳቤታት -- መንግስትን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስን -- ክምዕብል ነይርዎ ማለት'ዩ።

እዚ ብዝኾነ መምዘኒ ከቢድን ዝተሓላለኸን መስርሓት'ዚ ብኸመይ ተኻይዱ? ናይ ምህናጽ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስን ሃገራዊ መንግስትን ተመክሮና ብኸመይ ይግምገም? ነዚ ሕቶታት'ዚ ኣብ'ዚ ምዕራፍ'ዚ ብዛዕባ ምህናጽ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ዝመጽእ ምዕራፍ ከኣ ብዛዕባ ምህናጽ ሃገራዊ መንግስቲ ብምልዓል ክንዝትየሉ ኢና።

ነቲ ንህዝባዊ ግንባር ናብ ሰፊሕ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ንምቕያሩ ዝተኻየደ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ጻዕርታት፡ ኣብ ክልተ ገጻት ከፊልና ክንርእዮ ኢና። ቀዳማይ፡ እቲ ካብ ናጽነት ክሳብ ሳልሳይ ጉባኤ ዝነበረ መሰጋገሪ እዋን፤ ካልኣይ፡ እቲ ድሕሪኡ ዝቐጸለ ናይ ዳግመ-ምውዳብን ምድልዳልን እዋን።

## ተመክሮ መሰጋገሪ እዋን (1991-94)

ብመሰረቱ ምስግጋር ከቢድ ብድሆ ስለዝኾነ ነውጺ ከስዕብ ግድን'ዩ። ንህዝባዊ ግንባር ከኣ ምስቲ ኹሉ ተመክሮኡን ሓይሉን'ውን እቲ ናይ መሰጋገሪ እዋን ብድሆታት ቀሊል ኣይነበረን። ዝተረመሰ ቁጠባ፣ ዝበረሰ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ትሕተ-ቕርጽታትን፣ ነዊሕ ኲናት ዘስዓቦ ማሕበራውን ቁጠባውን ምምዝባልን ሽግራትን፣ ናይ ብኹሉ መዳያት ዝዓነወት ሃገር ሓላፍነት ምምሕዳር ምስካም፣ ኣዝዩ ከም ዝኸብድ ፍሉጥ'ዩ። ኣብ ትሕቲ'ዚ ጽንኩር ኩነታት'ዚ ተራ ህዝባዊ ግንባር ከመይ ነይሩ? ነቲ ብድሆታት ብኸመይ ገጢምዎ?

ብሓፈሻ ህዝባዊ ግንባር ሰላምን ርግኣትን ኣውሒሱ፣ ምሉእ ዓቕሙ ናብ ምምሕዳር ሃገርን ምቅላል ህጹጽ ጸገማትን ብምውፋር፣ ኣብ ሓጺር ግዜ መሰረታዊ ኣገልግሎት ከበግስ ምኽኣሉ፤ ምህናጽ መንግስቲ፣ ሃገራዊ ቁጠባ፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘበገሰ ስጉምትታት ምውሳዱ፤ ረፈረንደም ምስንዳኡ፤ ዓቢ ዓወት'ዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር እቲ ግንባር ኩሉ ኣቓልቦኡን ዓቕሙን በዚ ዕማማት'ዚ ምጽማዱ፣ ብዋጋ እቲ ኣብ ውሽጡ ክካይዶ ዝነበሮ እቲ እዋን ዝጠልቦ ጽዑቕን ቀጻልን ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ስራሕ ስለ ዝነበረ ሃሳይ ሳዕቤናት ኣኸቲሉ። እቲ ብፍላይ ኣብ መወዳእታ ዓመታት ብረታዊ ቓልሲ እናተዳኸመ ዝመጽእ ዝነበረ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ስራሕ፣ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ መሊሱ ስለዝተዋደቐ፣ ኣብ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር መርሐ-ምጥፋእ ኣስፋሕፊሑ። ኣብቲ ግንባር ካብ እዋን ቓልሲ ኣትሒዙ ዝቕልቀልን ዝደግስን ዝነበረ ጸቢብ ረብሓታትን ኣጠማምታታትን እውን፣ ኣብዚ መሰጋገሪ መደረኽ ምቹእ ኩነታት ስለዝረኸበ፣ ንሓድነቱን ኣድማዕነቱን ዝተፈታተነ ፖለቲካዊ ጸገም ናብ ምዃን ዓብዩ። ንመብዛሕትኦም ተጋደልቲ ዝገጠሞም ሽግር መነባብሮን ሓላፍነት ውጹዓት ስድራቤትን ተደሚርዎ ኸኣ ቅልውላው ፈጢሩ። ምድኻም ውድባዊ ሂወት ከኣ ነቲ ጸገም ኣጋዲድዎ። ከም ውጽኢቱ ኣብ ተመክሮ ህዝባዊ ግንባር ተራእዩ ብዘይፈልጥ መጠን፣ ንውልቃዊ ረብሓታት

ሃነፍነፍ ምባልን ብኣቋራጭ ክሓልፈልካ ምድላይን ካልእ ንዕላማታት ህዝባዊ ግንባርን ሓድነቱን ዝፈታተን ኣዕናዊ ዝምባሌታትን ተኸሲቱ። እዚ ዘይጥዑይ ሃዋህው'ዚ ብሓፈሻዊ ዘይዕግበትን ምድንጋርን ማእዝን-ምጥፋእን፣ ስግሩ ብምጉዳል ተወፋይነትን ብልሽውናን፣ ካብኡ ሓሊፉ ኸኣ ብናይ 1993 ኣድማ ተጋደልቲ ተጋሂዱ።

እዚ ኣሉታዊ ምዕባሌታት'ዚ፣ ብዝሓለፈ ታሪኽ ምንባርን ብዝሓለፈ ዓወታት ጥራይ ምሕያልን ከም ዘይክኣል ብምርግጋጽ፣ ንህልው ብድሆታትን ዕማማትን ንምግጣም ቀጻሊ ቃልሲ ከም ዘድሊ ስለ ዘርኣየ ኣገዳሲ'ዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ኣብ ጉዕዞ ታሪኽ ካብ ዓወታት ንላዕሊ፣ ካብ ድኽመታትን ፈተነታትን እትመሃሮን እትምኩሮን ስለ ዝዓቢ፣ ሓይልን ብቕዓትን ውጺኢት ምግጥም ብድሆታት'ዩ። እዚ ኩነታት'ዚ ኸኣ ብሃንደበት ዝነጠበ ዘይኮነስ ብሓርነታዊ ቓልሲ ስልጣን ዝሓዘ ውድብ ግድን ናይ ዝገጥሞ ብድሆታት መርኣያ እዩ ነይሩ። ብሓርነታዊ ቃልሲ ስልጣን ዝሓዙ ውድባት ካብ ዝገጥሞም ብድሆታት እዚ ዝስዕብ ንህዝባዊ ግንባር ዝገጠሞ ሰለስተ ቀንዲ ብድሆታት ምርኣይ ንዘተና ኣድላዪ እዩ። በብሓደ ንምርኣዩ፣-

ቀዳማይ፣ ንዕላማ ዝምልከት ብድሆ'ዩ። ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቓልሲ እቲ ጸላኢ ገዚፍን ዝድህሰስን መግዛእቲ፣ እቲ ናይ ቀረባ ዕላማ ኸኣ ምብራር መግዛእትን ምርግጋጽ ናጽነትን እዩ። ኣንጻር ዝገፍዕን ዝጭቁንን ሓይሊ ምቅላስ ከም ዕላማ ኾኑሉ ብቐሊሉ ክረኣዮ ዝኽእልን ኣማራጺ ዘይህብን ስለ ዝኾነ ንጹር ዕላማ'ዩ። ድሕሪ ናጽነት ግን እቲ ዕላማ ከም ምብራር መግዛእቲ ብቐሊሉ ዝግለጽን ንጹርን ኣይኮነን። ኣብ'ቲ ኣንጻር መግዛእቲ ዝተቓለሰ ሓይሊ ኸኣ ናይ ረብሓታትን ትጽቢታትን ምክፍፋል ስለ ዝመጽእ፣ ካልኣዊ ቦታ ሒዙ ዝጸንሐ ከፈላውን ውልቃውን ረብሓታት ንላዕሊ ስለ ዝወጽእ፣ ምንጻር ዕላማ ዓቢ ብድሆ ይኸውን። ሽሕ'ኳ ካብ እዋን ቃልሲ ኣትሒዙ እቲ ዕላማ ኪኖ ምትካል ባንዴራ፣ ሓርነትን ፍትሕን ራህዋን ዝሰፈኖ

ሓድሽ ሕብረተሰብ ምህናጽ ምኳኑ ይፍለጥ እንተነበረ፣ ነዚ ሓፈሻዊ መግለጺ'ዚ ንህዝብን ካድራትን ናብ ዘእምንን ዘወፍን ንጹር ዕላማ ምግላጹ ቀሊል ብድሆ ኣይኮነን። ንህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ናጽነት ዝገጠሞ ቀዳማይ ብድሆ እምበኣር፣ ካድራቱን ኣባላቱን ህዝቢ ብሰፊሑን ኣሚኖም ክውፈይሉን ዝሕተት ዋጋ ክኸፍልሉን ድልዋት ክገብሮም ዝኽእል ዕላማ ምንጻር'ዩ።

ካልኣይ፣ ምስ'ዚ ቐዳማይ ዝተኣሳሰረ ብድሆ ምርግጋጽ ተወፋይነት'ዩ። እቲ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቓልሲ ብዝለዓለ ደረጃ ዝተገልጸ ተወፋይነትን ጅግንነትን፣ ድሕሪ ዓወት ቀጻልነቱ ምርግጋጽ ቀሊል ብድሆ ኣይኮነን። ምህናጽ ሃገር ብዘይ ተወፋይነትን ንናይ ሓዋሩ ረብሓ ሕጂ ዝሕተት ምስዋእን ምጽማምን ክዕወት ስለ ዘይክእል፣ ቀጻልነት ተወፋይነት ምርግጋጽ ግድን'ዩ። ይኹን'ምበር ድሕሪ ናጽነት ንተወፋይነት ዝፍሕቑን ዘዳኽምን ኣስዳዒ ኩነታት ስለ ዝሕይል፣ እዚ ፈተነ'ዚ ኸኣ ቀጻሊ ስለ ዝኾነ፣ ተወፋይነት ዘሐይል እምነትን ስራሕን ክህሉ ኣለዎ። ብውልቅን ብእኩብን ሕጂ ምውፋይ ንነባሪ ሓባራውን ውልቃውን ረብሓ ምኳኑ ዘእምን ኣካይዳ ክህሉ ኣለዎ። ነዚ ንምግባር ከኣ፣ ብውሽጥን ብደገን ናብ ጸቢብን ስሉዕን ረብሓታት ዝደፍእ ናይ ብልሽውናን ተጸጋዕነትን ኣንፈታት ብቐጻሊ ምምካት፣ ነዚ ዝቆጻጸር ትካላዊ ዓቕሚ ምምዕባል የድሊ።

ሳልሳይ፣ ድሩትነት ዓቕሚ ዝፈጥሮ ብድሆ'ዩ። ካብ ሓርነታዊ ኲናት ምኽያድ ንላዕሊ ምህናጽ ሃገርን መንግስትን ዝሓቶ ዓቕምን ጸጋታትን ከም ዝተዓጻጸፍ ርዱእ'ዩ። ካብ ዘድሊ ዓቕሚ ሰብ ብብዝሕን ዓይነትን ኣትሒዝካ፣ ክሳብ ዝጥለብ ክእለታትን መሳለጥያታትን፣ እቲ ናይ ዓቕምን ጸጋታትን ጠለብ ገዚፍ'ዩ። ስለ'ዚ ድሩትነት ዓቕምን ጸጋታትን ዝፈጥሮ ጸቕጢ፣ ነቲ መስርሕ ስለ ዘካብዶ፣ ዓቕምን ጸጋታትን ድማ ብድሌት ጥራይ ክማላእ ስለ ዘይክእል፣ እቲ ንምምዕባሉ ዘድሊ ግዜን ጻዕርን ነዊሕን ብርቱዕን ስለ ዝኾነ፣ እዚ ብድሆ'ዚ ብኣ ቋራጭ ዝፍታሕ ኣይኮነን።

ብኣጠቓላሊ፣ ህዝባዊ ግንባር ናይ ድሕሪ-ሰውራ ብድሆታት ገጢሙ ተዓዊቱ ንኽወጽእ ልዕሊ ኹሉ ነቲ ቀንዲ ኣብ ታሪኹ ዘዐወቶ ሓይሊ፣ ማለት ሓይሊ ራእይን ሓሳባትን ኣብነትን ብቐጻሊ ናይ ምፍልፋልን ምምዕባልን ዓቕሙ ከደንፍዕ ኣለዎ። ንህዝባዊ ግንባር ሓያልን ብቑዕን ውድብ ዝገበሮ፣ እቲ ንሓፋሽ ህዝቢ፣ ኣውራ ኸኣ ንመንእሰያት ኣእሚኑ ከቃልስን ከወፍን ዘኽኣለ መስመሩን ኣካይድኡን'ዩ። ሕጂን ንመጻእን'ውን፣ መስመሩን ኣካይድኡን ደገፍ ሓፋሽ ህዝቢ፣ እምነት መንእሰያት ብግብሪ ዘረጋግጽ ንኽኸውን፣ ብቐጻሊ ነብሱ ከማዕብልን ክእርምን፣ ከሳትፍን ከቃልስን፣ ብሓጺሩ ህያውን ዳይናሚካውን ውድብ ኮይኑ ክቕጽል ኣለዎ። እዚ ብድሆታት'ዚ ኸኣ ኣብ ሓደ እዋንን ብሓደ ስጉምትን ዝዓርፍ ዘይኮነስ ቀጻልን ክፉትን ስለ ዝኾነ፣ ብቐጻሊ ዝገጥሞን ዝፈትሖን ትካላዊ ዓቕሚ ብምምዕ ባል ጥራይ'ዩ ዉሑስ መፍትሒ ክግበረሉ ዝኽእል።

ኣብቲ መሰጋገሪ እዋን ነዚ ብድሆታት'ዚ ምግጣም ከቢድን ዝተሓላለኸን'ዩ ነይሩ። እቲ ኩነታት ከኣ፣ እቲ ግንባር ኣብ ስራሓት መንግስቲ ምሉእ ብምሉእ ተዋሒጡ፣ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ስራሕ ስለ ዘይነበረ ተጋዲዱ'ዩ። ነዚ ጉድለት'ዚ ንምእራም ከኣ ኣብ ክራማት 1993 ናብ ሳልሳይ ጉባኤ ዘብጽሐ ናይ ዘተን ገምጋምን ፖለቲካዊ መስርሕ ጀሚሩ። ሕቶ ራእይን ፕሮግራምን ከይተመለሰ ንቕድሚት ምስጓም ክህሉ ከምዘይክእል ብምግንዛብ ከኣ፣ ብኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ዝተዳለወ ራእይን ፕሮግራምን ዘነጽር ንድፌ ሃገራዊ ቻርተርን መሰጋገሪ ውድባዊ ቅዋምን ኣብ ኩሎም ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ሰፊሕ ዘተ ተኻይዱ።

ሳልሳይ ጉባኤ ኣብ ናይ ድሕሪ ናጽነት ጉዕዞ ህዝባዊ ግንባር ኣገዳሲ ስጉምቲ ንቕድሚት እዩ ነይሩ። ጉባኤ፣ ነቲ ህዝባዊ ግንባር ናይ ድሕሪ ናጽነት ተልእኾኡ ብብቕዓት ንምቕጻልን ንምዕዋትን ብግቡእ ክምልሶ ዝነበሮ ናይ ራእይን ውዳቤን ሕቶታት በዚ ዝስዕብ ቃላት ገሊጽዎ፡-

"ሰናይ ድሌትን ምብጋስን ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። እቶም ቅድሚና ተበጊሶም ዝፈሸሉ ሰኣን ሰናይ ድሌት ኣይኮኑን ፈሺሎም። ከምቲ ናጽነት ንምምጻእ ምስ'ቲ ዕላማ ዝሰማማዕ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ ወተሃደራዊ ስትራተጂ፡ ሓያልን ብሱልን ውዳቤ ዘድለየ፤ ምዕቡልን ፍትሓውን ሕብረተሰብ ንምህናጽ፡ በብጊዜኡ ክዝርዘርን ክዳቐቕን ዝኽእል፡ ግን ኣብ ንጹር መትከላት ዝተመስረተ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ኻኹሎም ሓቀኛታት ሃገራውያን ክሓቑፍን ከሳትፍን ዝኽእል ኣድማዒ ፖለቲካዊ ውዳቤን ከድሊ'ዩ።''
(ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ፡ ገጽ 2-3)

ስለ'ዚ ጉባኤ ነዚ ድርብ ናይ ራእይን ውዳቤን ዕማማት ዘበግስ መሰረታዊ ሰነዳት ኣጽዲቑ። ገምጋም ተመክሮ ሓርነታዊ ቓልስናን ናይ ካልኦት ጠቓሚ ተመክሮታትን ብምግባር፡ ኣብ'ዚ ሓድሽ መድረኽ ራእይን መትከላትን ፕሮግራምን ህዝባዊ ግንባር ዘነጽር ሃገራዊ ቻርተር ኣጽዲቑ። ንህዝባዊ ግንባር ካብ ምእንቲ ናጽነት ብረታዊ ቃልሲ ዘካይድ ሓርነታዊ ግንባር ናብ ኣብ ናጻ ሃገር ፖለቲካዊ መሪሕነትን ህዝባዊ ተሳታፍነትን ዘረጋግጽ ሰፊሕ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ዝሰጋገረሉ ውድባዊ መትከላትን መሰጋገሪ ቅዋምን'ውን ወሲኑ። "እዚ ሓድሽ መድረኽን ዝጽበየና ዘሎ ሓደስቲ ብድሆታትን ሓድሽ መልክዕ ውዳቤን ውድባዊ ኣሰራርሓን ዝሓትት'' ስለዝኾነ፡ ህዝባዊ ግንባር ከም ሰፊሕ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ክውደብ ብምውሳንን ኣብ መሪሕነት ከፊላዊ ለውጢ ብምግባርን ከኣ፡ ብወግዒ ዳግመ-ምውዳብ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣበጊሱ።

ኣብ'ዚ መሰጋገሪ እዋን እምበኣር፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ሓድሽ ብድሆታትን ግድላትን ገጢሙ፡ ነውጺ ምስግጋር ተጻዊሩ፡ ራእይን ውዳቤን ንምንጻር ዝሓገዞ ፖለቲካዊ መስርሕ ኣ በጊሱን ሳልሳይ ጉባኤ ኣካይዱን ናብ ናይ ዳግመ-ምውዳብን ምድልዳልን መስርሕ ኣትዩ።

## ዳግመ-ምውዳብ ህዝባዊ ግንባር ከም ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስን ምብጋስን ምሕያልን ንጥፈታቱን (1994--)

ህዝባዊ ግንባር ኣብ ታሪኹ ብኽልተ መድረኻት ሓሊፉ፣ ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ኣትዩ ኣሎ። ቀዳማይ መድረኽ (1970-76) ሰውራዊ መሪሕ ክኸውን ዝበቅዐ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ንምምስራት ዝተሓላለኸ ውሽጣውን ግዳማውን ቃልሲ ዝተኻየደሉ መድረኽ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፤ ካልኣይ መድረኽ (1977-93) ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ተሃኒጹ ዝማዕበለሉን ዝደልደለሉን ሓላፍነት ምክያድን ምዕ ዋትን ሓርነታዊ ቃልሲ ብብቕዓት ዝፈጸመሉን መድረኽ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፤ ሳልሳይ መድረኽ (1994-) ተልእኾ ምህናጽ ሃገር ንምፍጻም ዝበቅዐ ሰፊሕ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ንምምስራትን ንምድልዳልን ዝቕጽል ዘሎ መድረኽ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን። እዚ ናይ ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ሰለስተ መድረኻት'ዚ ናይ ሓደ ዘይነጻጸልን ዝቕጽል ዘሎን መስርሕ ምዕባሌ መድረኻት ስለ ዝኾነ፣ ሓደ ብዘይ'ቲ ካልእ ክግለጽ ከም ዘይክእልን መቐጸልታ ምዃኑን ምርዳእ የድሊ።

ድሕሪ ሳልሳይ ጉባኤ እምበኣር፣ እቲ ቀንዲ ዕማም ንህዝባዊ ግንባር ከም ሰፊሕ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ዳግም ምውዳቡን ኣብ መስርሕ ምህናጽ ሃገር መራሒ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ተራኡ ብግብሪ ምርግጋጽን እዩ ነይሩ። ነዚ ንምዕዋት ከኣ ውዳቤ ወሳኒ ስለ ዝኾነ፣ እዚ ዝሓለፈ ዓመታት ናይ ዳግመ-ምውዳብን ምድልዳልን እዋን'ዩ ነይሩ።

ሃገራዊ ቻርተር፣ ኣወዳድባ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣብ'ዚ ዝስዕብ ሽዱሽተ ውድባዊ መትከላት ከም ዝምስረት ኣነጺሩ፦

1. ሰፊሕ ዝሰረቱ ግንባር -- ህግደፍ፣ "ኻኹሎም ብሓድነትን ሰላምን ራህዋን ኤርትራ ዝግደሱ ኣብ ፖለቲካ ክነጥፉ ዝደልዩ ሃገራውያን ዝስሕብን ኣብ መስርዑ ዘሳትፍን...

ብሰፊሕ ሰረቱ መርኣያ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ናይ'ዚ ሓድነት'ዚ ዋሕስን መደልደልን ክኸውን'' ከም ዘለዎ፤

2. ውሽጣዊ ደሞክራሲያዊ ህይወት ዘለዎ ኣሳታፊ ግንባር ህግደፍ፣ "ኣብ ውሽጣዊ ኣሰራርሓኡን ህይወቱን ደሞክራሲያውን ኣሳታፍን ክኸውን፡... ኣብ ውሽጢ'ቲ ሓፈሻዊ ዕላማታትን መትከላትን ክሳብ ዝኾነ ንዝተፈላለዩ ዝምባሌታትን ኣረኣእያታትን ቦታ ክህልዎ'' ከም ዝግባእ፤

3. ብቑዕ፡ ወካሊ፡ ተሓታትነት ዘለዎ፡ በብግዚኡ ዝቕየር መሪሕነት -- ኣብ ህግደፍ፡ "ኣብ ኣመራርጻ መሪሕነት ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት፡ ብቕዓት ከም ቀንዲ መምዘኒ ክውሰድ፡... መሪሕነት ናይ ህዝቢ ኩነታትን ሽግራትን፡ ስምዒትን ሃንቀውታን ብቐረባ ክፈልጥ... ብእኩብ ክግምግምን ክውስንን ክከታተልን... ናይ ነፍሲ ወከፍ መራሒ ሓላፍነትን ደረት ስልጣንን ተፈሊጡ ውልቃዊ ሓላፍነት ክስከም፡... መሪሕነት ግቡእን ሓላፍነትን እምበር ውርሻ ክኸውን ስለዘይብሉ፡ ሓደ ሰብ ንመሪሕነት ዝምረጸሉ ግዜ ብቕዋም ክውሰን'' ከም ዘለዎ፤

4. ካብ መንግስቲ ዝተፈልየ ናይ ግንባር ህላወን ንጥፈትን ህግደፍ፡ "ካብ መንግስቲ ዝተፈልየ ህላወን ንጥፈታትን እንተዘይብሉ ምስቲ መንግስቲ ተሓናፊጹን ብእኡ ተዋሒጡን ምድኻሙን ምልማሱን ክስዕብ'ዩ። ስለ'ዚ ... ካብቲ መንግስቲ ዝተፈልየ... መደባትን ንጥፈታትን ክህልዎ'' ከም ዝግባእ፤

5. ምትብባዕን ምትሕብባርን ን/ምስ ናይ ህዝቢ ማሕበራት ህግደፍ፡ "እቲ እንኮ መልክዕ ናይ ውዳቤ ክኸውን ኣይሕልንን... ናይ ህዝቢ ማሕበራት ክምስረቱ ከተባብዕ ን ክሕግዝን፡ ምስ ቆሙ ድማ ምስኣቶም ክተሓባበር'' ምኳኑ፤

6. ዳይናሚክ፡ ኣብ ህዝቢ ዝተሰረተ ውድባዊ ቅርጺ ምምዕባል -- ህግደፍ፡ "ምስ ህዝቢ ዘራኽቦ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ፡ ካብ ታሕቲ ድማ ንላዕሊ ዘራኽብን ኣብ መላእ ሃገር ዝተዘርገሐን፡ ንጡፍ፡ ተዓጻጻፊ፡ ኣድማዒ ውድባዊ ቅርጺ... ኣብ ላዕሊ ከቢድ ኮይኑ ኣብ ታሕቲ ዘይሰርሕ ኘኸይከውን፡ ኣብ ታሕቲ ከቢድ፡ ኣብ ላዕሊ ግን ፈኵስ ክኸውን... ውድባዊ ኣካላቱን ንጥፈታቱን ኣብ ከተማታት ዝተሓጽረ፡ መራሕቱን ካድራቱን ካብ ሰፊሕ ገጠር ዝተገለሉ ኮይኖም ቢሮክራስን ዘይስሉጥነትን ተነጽሎን ዘማዕብል ከይኸውን፡ ኣብ ውድባዊ ኣሰራርሓኡን ቅርጹን ውሕስነት ክህልዎ'' ከም ዝግባእ። (ሃገራዊ ቻርተር፡ ገጽ 53-57)

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመታት ብመሰረት እዚ ሽዱሽተ መትከላት'ዚ፡ ኣወዳድባ ህግደፍ ንምሕያል ጻዕርታት ክካየድ ጸኒሑ'ሎ። በዚ መሰረት ህግደፍ ኣብ መላእ ሃገርን ወጻእን ውዳቤኡ ዝዘርግሐ፡ ኣብ ኣስታት 6 ሽሕ ጉጅለታት ዝተወደቡ ሽዱሽተ ሚኢቲ ሽሕ ኣባላት ዘለውዎ ኮይኑ፡ ከም ሰፊሕ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ተወዲቡ ኣሎ። እዚ ኣወዳድባ'ዚ ኘኽሕይልን ኘኽድልድልን ብዙሕ ዝተርፎ'ኳ እንተኾነ፡ ሓያለይ ስጉምትታት ተወሲዱ ኣሎ። ኣብ ኩሉ ጉዳያት፡ ካብ ዓዲ/ከባቢ ኣትሒዙ ክሳብ ብደረጃ ሃገር፡ ትርጉም ዘለዎ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ህዝቢ ዘረጋግጽ ዝተፈላለየ ጻዕርታት ክካየድ ጸኒሑ ኣሎ። ህዝባዊ ግንባር ከም ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ናይ ማሕበራዊ ፍትሒ ዕላማኡ ኣብ ግብሪ ዘውዕሉ ቁጠባዊ ዓቕሚ ክህልዎ ስለ ዘድሊ፡ ኣብ ምህናጽ ሃገርን ምርግጋጽ ምዕሩይ ምዕባለን ኣገዳሲ ተራ ዘለወን ቁጠባዊ ትካላት መስሪቱ ዝገብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ዓቢ'ዩ። ወራር ወያነ ምስ መጸ ኸኣ፡ ህግደፍ ኩሉ ፖለቲካውን ቁጠባውን ዓቕምታቱ ናብ ምክልኻል ሃገር ብምቕናዕ መኸተ ህዝቢ ብምውዳብን ብምምራሕን ናይ መሪሕ ተርኡ ፈጺሙ'ዩ።

## ህግደፍ -- እንታይ ዓይነት ውድብ?

ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ናብ ዕላማ ዘብጽሕ መሳርሒ'ዩ። ፖለቲካዊ ዓይነቱ ዝውስን ድማ ክልተ መሰረታዊ ረቛሒታት ኣሎ -- ቀዳማይ፡ እቲ ውድብ ኣብ ሕብረተሰብ ዝውክሎ ረብሓታትን ኣረኣእያታትን፡ ዓይነት መሪሕነቱን ኣባላቱን፡ ብሓጺሩ፡ ዓይነት ሰቡን ማሕበራዊ ሰረቱን፤ ካልኣይ፡ ዝኽተሎ ስነ-ሓሳብ፡ ዘለዎ ዕላማታትን ፕሮግራምን ኣሰራርሓን። ስለ'ዚ ህግደፍ እንታይ ዓይነት ውድብ ምዃኑ ንምግንዛብ፡ ንህዝባዊ ግንባር በዚ ኽልተ ረቛሒታት'ዚ ክንመዝኖ የድሊ።

ኣብ ኩሉ ተመክሮታት ድሕረ-ሰውራ፡ ነቲ ደገፍ ህዝቢ ረኺቡን መሪሑን ዝተቓለሰን ዝተዓወተን ሰውራዊ መሪሕነትን ካድርን ዝገጠሞ እቲ ዝዓበየ ፈተነን ሓደጋን፡ እቲ ሓደራ ህዝብን መብጽዓታት ሰውራን ብምጥላም ንነብሱ ናብ ሓድሽ ጨቋኒ ደርቢ ናይ ምቕያር ፈተነ'ዩ። ነዚ ሓደጋ'ዚ ኣመልኪቱ ሃገራዊ ቻርተርና ከምዚ ይብል፡-

> "ምህናጽ ሰላምን ቁጠባን፡ ካብ ምዕዋት ኣብ ኲናት ዝበርትዐን ዝያዳ ዝተሓላለኸን ምዃኑ ብተደጋጋሚ ተጋሂዱ እዩ። ተመክሮ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃን ካልኦት ብዓቢ ተስፋ ዝጀመራን ካብ መግዛእቲ ዝተገላገላን ዕዉት ሰውራ ዘካየዳን ሃገራት፡ ተመክሮ ምትካእ ኣረግቶት ጨቆንቲ ብሓደሽቲ ጨቆንቲ፡ ተመክሮ ምንቁልቋል ሃገራዊ ቁጠባን ናብራ ህዝብን፡ ተመክሮ ፍሽለት'ዩ። ነዚ ዘሕዝን ተመክሮ ምድጋም፡ ኣኹሉ'ቲ ዝኸፈልናዮ ዋጋን መስዋእትን ከንቱን ብላሽን ምግባር፡ ንነብስናን ንመጻኢ ወለዶታትን ንስቅያትን ኲናትን ምፍራድ'ዩ። ክንደግሞ ግን ኩኑናት ኣይኮናን።''
> (ገጽ 2)

ነዚ ሓደጋ'ዚ ንምውጋድ ሰናይ ድልየትን ተበግሶን ጥራይ ኣኻሊ ከም ዘይኮነ ብምምልካት ከኣ፡ ሃገራዊ ቻርተር፡ ኣብ ማሕበራዊ ፍትሕን ደሞክራስን ዝተመስረተ ንጹር ራእይን

ሓያል ውዳቤን ከም ዘድሊ ብምርግጋጽ፣ ህዝባዊ ግንባር ከም ሰፊሕ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ተወዲቡ ቃልሱ ብቐጐዕ መስመር እንተቐጺሉ፣ ነዚ ፈተነ'ዚ ክስዕርን ከስዕቦ ንዝኽእል ዕንወታት ከወግድን ከም ዝኽእል የረጋግጽ።

ኣብ ግብረሸ እንታይ ኮነ?

ድሕሪ ናጽነት እዚ ዓቢ ፈተነ'ዚ ንህዝባዊ ግንባር ብሓይልን ብዝተሓላለኸ መልክዓትን ገጢምዎ'ዩ። እቲ ቅድሚ ሳልሳይ ጉባኤ ዝተራእየ ቅልውላው ብስሩ ናይ'ዚ ፈተነ'ዚ መርኣያ'ዩ ነይሩ። ድሕሪ ሳልሳይ ጉባኤ ኣብ ዝቐጸለ መስርሕ ከኣ፣ እቲ ፈተነ፣ ብብልሽውና፣ ብጸቢብን ስሑዕን ረብሓታትን ኣረኣእያታትን፣ ርእሰ-ምርኮሳ ብዝጻባእ ናይ ተጻጋዕነትን ምስሳይ ረብሓታት ባዕድን ዝንባሌታት፣ ብዝኸፍኣ መልክዑ ድማ ብተንበርካኽነት ተጋሂዱ። ይኹን'ምበር ህዝባዊ ግንባር፣ ነዚ ብርቱዕን ዝተወሳሰበን ኣስዳዊ ፈተነታት'ዚ በዲሁ፣ ሽሕ'ኳ በቲ ፈተነታት እናሓንሳብ ሰንደልደል ምባልን ምድኻምን እንተነበረ፣ ብመሰረቱ ሓደራ ህዝብን መብጽዓ ሰውራን ኣኽቢሩ ክቕጽል ክኢሉ'ሎ። ብሓጺሩ፣ ህግደፍ፣ ናብ ካብ ህዝቢ ዝተፈልየ ረብሓ ዘለዎ፣ ናብ ንሃገራዊ ረብሓ ብጸቢብ ጉጅላውን ውልቃውን ረብሓታት ዘዕኑ ሓድሽ ጨቋኒ ደርቢ ኣይተቐየረን። እዚ፣ ድሕሪ ናጽነት ናይ ህዝባዊ ግንባር እቲ ዝዓበየ ፖለቲካዊ ዓወት'ዩ። ምኽንያቱ፣ እዚ መሰረት'ዚ ክሳብ ዘሎ፣ ማለት ህዝባዊ ግንባር ንረብሓ ሓፋሽ ህዝቢ ዝውክልን ኣብ ደገፍን ተሳታፍነትን ህዝቢ ዝተመስረተን ኮይኑ ክሳብ ዝቐጸለ፣ መጻኢ ጉዕዞኡ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ኮይኑ ከም ዝቕጽል ዝተረጋገጸ'ዩ። እቲ ሓደጋ ኣብ ሓደ እዋን ሓንሳ ብ ምስ ተኣልየ ንሓዋሩ ስለ ዘይጠፍእ ግን፣ ብዘይካ ኣብ ንቕሓትን ውዱብ ተሳትፎን ህዝቢ ዝተሰረተ ቀጻሊ ንቑሕ ቃልስን፣ ነዚ ዘረጋግጽ ሓድሕዱ ዝቆጻጸርን ዝመዛዘንን ነብሱ ናይ ምእራምን ምምሕያሽን ዓቕሚ ዘለዎ ትካላት ምህናጽን ምድልዳልን ንዕኡ ዝመርሕን ዘካይድን ብቑዕ ዓቕሚ ሰብ ምምዕባልን፣ ካልእ ውሕስነት ከምዘየለ ብዕምቈት ምስትውዓል

ይግባእ።

በቲ ቐዳማይ ረቛሒ ክምዘን ከሎ እምበኣር፡ ህግደፍ፡ ንመሰረታዊ ረብሓታት ህዝብን ሃገርን ዝውክልን ዘውሕስን፤ ኣብ ህዝቢ ሰፊሕ ሰረት ዘለዎ፤ መሪሕነቱ ካብ ህዝቢ ዝተፈልየ ጸቢብ ረብሓታት ዘየማዕበለን ዝምድንኡ ምስ ህዝቢ ድልድሉን ስለ ዝኾነ፡ ብግብሪ ንማሕበራዊ ፍትሕን ደሞክራስን ዝቃለስ፤ ብምዕባሌን ራህዋን እትግስግስ ሃገር ክሃንጽ ዝኽእል ሰፊሕ ሃገራውን ደሞክራሲያውን ምንቅስቓስ ምዃኑ ከነረጋግጽ ንኽእል።

ቀጺልና፡ ንህግደፍ በቲ ካልኣይ ንስነ-ሓሳብን ፕሮግራምን ኣሰራርሓን ዝምልከት ረቛሒ እስከ ንምዘኖ።

ህዝባዊ ግንባር ካብ እዋን ቃልሲ ኣትሒዙ ክምርሓሉን ከማዕብሎን ዝጸንሐ፡ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር ዘስፈሮ፡ ድሕሪኡ ኣብ ዝቐጸለ ኣብ መደባቱን ተመክሮታቱን ዝያዳ ዘሀብተሞን ዘስፍሖን ሃገራዊ ስነ-ሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ይኽተል። ከምኡ'ውን ሓሳባት ናይ ምፍልፋልን ምፍራይን፡ ምምዕባልን ምዝርጋሕን ስነ-ሓሳባዊ ዓቕሚ ምምዕባል ዘለዎ መሰረታዊ ኣገዳስነት ዝግንዘብን ንምምዕባሉ ዝጽዕርን ውድብ'ዩ።

ኣብ ኩሉ ጽላታት ናይ ቀረባ፡ ማእከላይን ርሑቕን ፕሮግራማት ንምሕንጻጽን ንምትግባርን ከካይዶ ዝጸንሐ ጻዕሪ'ውን ምስ ምድላብ ዓቕሚ ክምዕብል ዝኽእል'ዩ። ትካላውነት ውድባዊ ኣሰራርሓ ንምምዕባል ቀጻሊ ጻዕሪ ክሓትት'ዩ። ተሓታትነትን ግሉጽነትን ኣሰራርሓ ብምምዕባል፡ ብልሽውናን ብኽነትን ንምቁጽጻር ዘኽእል ትካላዊ ኣገባባት ምትእትታው ከድሊ'ዩ። ብመሰረት ኣብ ሃገራዊ ቻርተር ዝተነጸረ ውድባዊ መትከላት፡ ትካላዊ ኣሰራርሓ ምምዕባል ቀጻሊ መስርሕ ስለ ዝኾነ፡ ቀጻሊ ስራሕ ዝሓትት'ዩ።

በቲ ኻልኣይ ረቛሒ ክምዘን ከሎ እምበኣር፡ ህግደፍ፡ ስነ-

ሓሳባዊ ዓቕሙ፡ ውድባዊ ሂወቱን ኣሰራርሓኡን፡ ምቕያስን ትግባረን ፕሮግራማቱ ንምምዕባል ዝያዳ ጻዕሪ ዝሓትት'ኳ እንተኾነ፡ ተልእኾኡ ንምፍጻም ዘኽእሎ ብቕዓት ከም ዘለዎ ከነረጋግጽ ኖኽእል።

ብሓፈሻ'ምበኣር፡ ህግደፍ፡ ብዓይነት ሰቡን ማሕበራዊ ሰረቱን፡ ከምኡ'ውን ብዝተኸተሎ ስነ-ሓሳብን ፕሮግራምን ኣሰራርሓን ክግምገም ከሎ፡ ኣብ ፍትሕን ደሞክራስን ዝተመስረተ ስልጡን ሕብረተሰብ ንምህናጽ ዘኽእል፡ ኣብ ተመክሮ እናማዕበለን እናሓየለን ዝኸይድ፡ ዋሕስ ሓድነትን ምዕባለን ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘፍረዮ መሪሕ ውድብ'ዩ።

# 6
# ምህናጽ ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ

ኣብ ታሪኽ ኣመዓባብላ ፖለቲካዊ ውዳቤ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምቛም ናጻ ሃገራዊ መንግስቲ እቲ ዝለዓለ መድረኽ'ዩ። ከም ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ዝዘተናዮ፡ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ክሳብ ሕጂ ሃገራዊ መንግስቲ እቲ ዝለዓለ መልክዕ ፖለቲካዊ ውዳቤ ሕብረተሰባት'ዩ። ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ገዛእ ርእሱ ናጻ ሃገራዊ መንግስቲ ናይ ምምስራት መሰሉ ብመግዛእቲ ተገፊፉ ስለ ዝጸንሐ ምቛም ሃገራዊ መንግስቲ ኣብ ታሪኹ ሓድሽ መድረኽ ዝኸፈተ ፍጻሜ'ዩ።

ምእዋጅ ናጻ መንግስቲ ግን ምጅማር ምህናጽ መንግስቲ ደኣ'ምበር መፈጸምታኡ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ምህናጽ ብቑዕን ማዕባልን ትካላት ዘለዎ ድልዱል መንግስቲ፡ ከም ነዊሕ ግዜን ገዚፍ ዓቕምን ቀጻሊ ጻዕርን ዝሓትት ዝተወሳሰበ መስርሕ መጠን ድሕሪ ምእዋጅ ናጽነት'ዩ ጀሚሩ። ምህናጽ መንግስቲ ሓደ ኣካል ናይቲ ብዙሕ መዳያት ዝሓቁፍ መስርሕ ምህናጽ ሃገር'ዩ። ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ከይተሃንጸ ሓርነትን ፍትሕን ደሞክራስን ዝሰፈኖ ርጉእ ፖለቲካዊ ስርዓትን ብኡኡ ዝምራሕ ቁጠባዊ ልምዓትን ማሕበራዊ ገስጋስን ክህሉ ስለ ዘይክእል ከኣ፡ ኣገዳስነቱ ንምህናጽ ሃገር ወሳኒ'ዩ።

ቀጺልና ናይ ምህናጽ መንግስቲ ተመክሮና ኣብ ሰለስተ እዋናት ከፊልና ክንዝትየሉ ኢና።

## ቀዳማይ፡ እዋን ግዝያዊ መንግስቲ (1991-93)

መንግስቲ ኤርትራ ውጽኢት ነዊሕ ሓርነታዊ ኲናት'ዩ። ኣብ 1991 ህዝባዊ ግንባር ግዝያዊ መንግስቲ ኣዊጁ ብመገዲ

ረፈረንደም ወግዓዊ ናጽነት ንምርግጋጽ ምስንዳእ ጀሚሩ። በዚ ኸኣ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ ካብ ሓርነታዊ ግንባር ሃገራዊ መንግስቲ ዝምስረተሉ መስርሕ ኣበጊሱ። እዚ ምስግጋር'ዚ ኸኣ ቀሊል ኣይነበረን።

ነቲ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝተወርሰ፡ ብዓቕምን ተመክሮን ባህልን ድኹምን ብልሽውን መግዛእታዊ ምምሕዳር ምእላይን ብሃገራውን ክምዕብል ዝኽእልን ኣካላት ሃገራዊ መንግስቲ ምትካኡን ቀዳማይ ዕማም'ዩ ነይሩ። ነዚ ንምፍጻም ከኣ፡ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ፡ ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር ናብ ክፍልታት መንግስቲ፡ ሓርነታዊ ሰራዊት ናብ ሃገራዊ ሰራዊት ዝቕየረሉ መስርሕ ጀሚሩ። በዚ ኸኣ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ናይ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ማይ፡ ኤሌትሪክ፡ ባንክ፡ መጎዓዝያ... መሰረታዊ ኣገልግሎታት ክወሃብ ጀሚሩ። ነቲ ቀንዲ ፖለቲካዊ ዕማም ዝነበረ ረፈረንደም ንምክያድ ድማ ሕጊ ዜግነት ተኣዊጁ፡ ኮሚሽን ቆይሙ፡ ረፈረንደም ብዓወት ተኻይዱ። እዋን ግዝያዊ መንግስቲ ከም ግዜ ሓጺር'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ ትሕቲ ኣህጉራዊ ሕጋዊ ተፈላጥነት ዘይነበሮን ብገለ ወገናት ንናጽነትና ተጻብኦ ዘየቋረጽሉን ዘይጥጡሕ ኩነታት፡ ህዝባዊ ግንባር ሓላፍነት ምምሕዳር ሃገር ክስከም ከም ዝበቕዕን ኣብ ናይ ህዝቢ ደገፍን ተሳትፎን ዝተመስረተ ሃገራዊ መንግስቲ ክትከል ከም ዝኽእልን ብግብሪ ዝተረጋገጸሉ እዋን ብምንባሩ ኣገዳሲ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ነቲ መግዛእቲ ዝሓደጎ ኣካላት ምምሕዳርን፡ ኣውራ ኸኣ ብልሽው ፖለቲካዊ ባህልን ብምጽራግ፡ ብሓድሽን ብቑዕን ሃገራዊ ትካላትን ደሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ባህልን ምትካኡን ምምዕባሉን ከቢድ ዕማም ምዃኑ፤ እዚ ኸኣ ቅኑዕ ራእይን ውዳቤን ውፉይ ስራሕን ጸጋታትን ዝሓትት ነዊሕ መስርሕ ምዃኑ ዝተራእየሉ እዋን'ዩ።

## ካልኣይ፡ መሰጋገሪ እዋን (1993-98)

እዚ ናይ ሰላማዊ ህንጸት እዋን'ዩ ነይሩ። ድሕሪ ረፈረንደም፡ ፈጻምን ሓጋግን ፈራድን ኣካላት ዘለዎ ናይ መሰጋገሪ

እዋን መንግስቲ ኤርትራ ቆይሙ፣ ኤርትራ ኣባል ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ መንግስታት ኮይና። ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ መንግስቲ ኤርትራ ዝምርሓሉ ራእይን መትከላትን ዝገለጸ ሃገራዊ ቻርተር ኣጽዲቑ። ናይ መሰጋገሪ እዋን ፕሮግራም ብምሕንጻጽ ከኣ፣ ሃገራዊ ቅዋም ህዝቢ ብዝሳተፎ መስርሕ ክንደፍን ክጸድቕን ወሲኑ። በዚ ኸኣ መስርሕ ምህናጽ መንግስቲ ናብ ብግቡእ መሊኡ ዝካየደሉ እዋን ኣትዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፣ ኣብ ታሪኽን ክውንነትን ሕብረተሰብ ኤርትራን ራእይን ክብርታትን ሰውራኡን ዝተሰረተ፣ ካብ ብሉጽ ተመክሮ ካልኦት ዝርዕም፣ ሃገራዊ ቅዋም ብተሳትፎ ህዝቢ ተነዲፉ፣ ካብ ህዝቢ ብዝተመርጸ ቅዋማዊ ባይቶ ጸዲቑ። ንቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባሌ ባይታ ዝጸርግን ዝድርኽን ማክሮ-ፖሊሲ፣ ሕጊ መሬት፣ ወፍሪ... ተኣዊጁ። ሓላፍነት ምህናጽን ምክልኻልን ሃገር ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ ዝገብር መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክትግበር ጀሚሩ። ናብ ህዝቢ ቀረባን ዝሳተፎን ዝተሓሳሰቦን ዞባዊ ምምሕዳራት ንምምስራት፣ ምምሕዳር ዞባታት ተመስሪቱ፣ ባይቶታት ቆሙ። ግሉጽን ተሓታትን ኣድማዕን ቅርጥዉን ትካላት መንግስቲ ንምህናጽ ዳግመ-ስርርዕ ተኻይዱ። ብልሸውና ዕድል ረኺቡ ከይስርት ብቐጻሊ ምምካቱ ስለ ዘድሊ፣ ኣብ ልዕሊ ዝተቐልቀለ ተርእዮታት ብልሸውና ኣራሚ ስጉምትታት ተወሲዱ። ሃገራዊ ስርዓተ-ሕግታት ንምጽናዕን ንምንዳፍን ስራሕ ተጀሚሩ። ሕጊ ፕረስ ተኣዊጁ ናጻን ሓላፍነታውን ፕረስ ንምህናጽ ተበግሶ ተወሲዱ። ኣብ ናጽነትን ማዕርነትን ሓባራዊ ረብሓታትን ዝተመስረተ ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር ንምምዕባል ጻዕሪ ተኻይዱ። ካብ ተጸጋዕነት ዝረሓቐ ኣብ ሽርክነት ልምዓት ዝተሰረተ ኣህጉራዊ ምትሕብባር ንኽህሉ ተጻዒሩ።

ብሓፈሻ፣ ኣብ'ዚ ሓሙሽተ ዓመታት'ዚ ንምህናጽ ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ዘበግስ ሃብታም ተመክሮ ዝተረኽበሉ ሓያለይ ዕማማት ተፈጺሙ'ዩ። ምህናጽ መንግስቲ ግን ነዊሕን ዝተሓላለኸን መስርሕ ስለ ዝኾነ፣ እዚ ዕማማት'ዚ መበገሲ

ጥራይ'ዩ ነይሩ። እዚ ተመክሮ'ዚ ኸኣ፥ ብቐዳምነት ምህናጽ መንግስቲ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ጉዳይ ስለዝኾነ ውጽኢት ቃልሲ ምዃኑ፥ ስለ'ዚ ኸኣ ንጹር ራእይን ጽኑዕ ውዳቤን ብዘለዎ ፖለቲካዊ ሓይሊ ተመሪሑ ምስ ዝካየድ ጥራይ ከም ዝዕወት ኣረጋጊጹ።

## ሳልሳይ፥ እዋን ምክልኻል ሃገር (1998- )

እዚ ሰላማዊ ህንጸት ብወራር ወያነ ምስ ተዘርገ፥ ኣብ ትሕቲ ሓድሽ ናይ ኲናት ኩነታት ምህናጽ መንግስቲ ዝቐጸለሉ እዋን'ዩ። ኲናት ንምህናጽ መንግስቲ ሓድሽን ዝበርትዐን ኩነታትን ብድሆታትን እዩ ዝፈጥረሉ። በዚ ኸኣ መንግስቲ ኤርትራ ድርብ ዕማም ምክልኻል ሃገርን ምቕጻል መስርሕ ምህናጽን ከካይድ ተገዲዱ። ኣብ ዝሓለፈ ሸሞንተ ዓመታት ከኣ ካብ ወራራት ናይ ወያኔ ኢትዮጵያን ተጻብኦ ሓያላት ደገፍታን ኣትኪሉ ክከላኸል ዝኽእል መንግስቲ ምዃኑ ኣረጋጊጹ'ሎ። ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዓቕምታት ህዝቢ ኤርትራ ኣኽቲቱ ነቲ ወራር መኪቱ ህላዌኡ ኣውሒሱ'ሎ። ኲናት እቲ ዝዓበየ ንመንግስታት ዝገጥሞ ናይ ህላዌ ብድሆ ስለ ዝኾነ፥ መንግስቲ ኤርትራ ጌና ኣብ እግረ-ተኽሉ ፈተነ ኲናት ገጢሙ ይሰግር ምህላዉ መርኣያ ዓቕሙ'ዩ።

ኲናት ኳኹሉ ሃገራዊ ቀዳምነታት ከም ዝቕይሮ፥ ኲናት ዘስዕቦ ቁጠባውን ማሕበራውን ምምዝባል ከኣ ንመስርሕ ምህናጽ መንግስቲ ከቢድ ሸኽም ከም ዝኾኖ ርዱእ'ዩ። ኣብ እዋን ኲናትን ቀጻሊ ተጻብኦን እቲ ገዛኢ ጉዳይ ምክልኻል ሃገርን ምውሓስ ናጽነትን ክኸውን ግድን ስለ ዝኾነ፥ እቲ ቅድሚ ወራር ወያነ ዝጀመረ ፖለቲካዊ መስርሕ ከም ንቡር ክቕጽል ኣይክኣለን። ብተወሳኺ፥ ኣውራ ድሕሪ 2001 ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያትና ገዚፍ ምትእትታው ወጻኢ ስለ ዝተራእየን፥ ምስኡ ዝተሓባበር ውሽጣዊ ተንበርካኽነት ስለዝተቐልቀለን ሓድሽ ዕንቅፋታት ፈጢሩ። ስለ'ዚ ኸኣ ነዚ ዕንቅፋታት'ዚ ንምእላይን ሃገራዊ ድሕነትና ንምሕላውን ዘድሊ ናይ ምቁጽጻር

ስጉምትታት ተወሲዱ። ብሓፈሻ መስርሕ ምህናጽ መንግስቲ ሓይሉ ዝቕጽለሉ ኩነታት ንምርግጋጽ ሰላምን ናጽነትን ክወሓስ ስለ ዘለዎ፡ ናይ’ዚ እዋን’ዚ ቀንዲ ዕማም ምውሓስ ህላዌን ናጽነትን ሃገር’ዩ።

## ብድሆታት ምህናጽ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ

ብድሆታት ምህናጽ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ማዕረ’ቲ ኣ ብ ኤርትራ ክንሃንጾ እንደልን ተበጊስናሉ ዘሎናን ዓይነት መንግስቲ’ዩ። ስለ’ዚ ቅድሚ ብዛዕባ ብድሆታት ምህናጽ መንግስቲ ምልዓልና፡ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ክንሃንጾ እንደሊ ዓይነት መንግስቲ ክንዝቲ ኣሎና።

መንግስቲ ዓይነት ኣለዎ። ኣብ ዘበናዊ ዓለም ብወግዒ ልዕሊ 160 ልኡላዊ መንግስታት ኣለዋ። እዘን መንግስታት’ዚኣ ተን ከኣ፡ ብብዝሒ ህዝቢ፡ ብስፍሓት መሬት፡ ብፖለቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ስርዓት፡ ብታሪኽን ባህልን፡ ብስልጣንን ኣድማዕነትን... ይፈላለያ እየን። ኣብ መንጎ መንግስታት ግን ተመሳሳልነት የለን ማለት ኣይኮነን። ጆኦግራፍ መንግስታት ብተመሳሳልነትን ፍልልይን ዝቖመ’ዩ። ብሓርፋፍ ኣመዳድባ ኸኣ፡ ንመንግስታት፡ ሓያልን ድኹምን፡ ሃብታምን ድኻን፡ ረብሓታቱ ክከላኸል ዝኽእልን ረብሓታቱ ክከላኸል ዘይክእልን... ኢልና ኣብ ክልተ ከፊልና ክንርእዮ ንኽእል።

ኣብ ድሕረ-መግዛእታዊ ታሪኽ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ብሓፈሻ፡ ታሪኽ ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ፡ ምህናጽ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ዘገልግል፡ ድልዱል መሰረትን ሓይልን ዘለዎ ናጻ ሃገራዊ መንግስቲ ቀሊል ዘይምዃኑ ተረጋጊጹ’ዩ። እዚ ዝኾነሉ ክልተ ቀንዲ ምኽንያታት ክርቋሕ ይክኣል።

ቀዳማይ፡ ውሽጣዊ፡ ማለት፣ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝተኾስኮሰን ድሕሪ ናጽነት ዝቐጸለን ዓብላሊ ምስሌነ-ባዕዲ ረብሓታትን ኣብኡ ዝተመስረተ ፖለቲካውን ቁጠባውን ስርዓትን፡ ናይ

ተጸጋዕነት ዝምድናታትን ባህልን፡ ውሽጣዊ ምክፍፋላትን ሓድሕድ ምንቛትን፡ ንሓባራዊ ሃገራዊ ረብሓ ዘገልግል ፖለቲካዊ ስርዓት ክትውድብ ዘይምኽኣል፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ብልሽውናን ህውከትን፡ ብሓፈሻ ውሽጣዊ ድኻም።

ካልኣይ፡ ግዳማዊ፣ ማለት፤ እተን ቅድም ገዛእቲ ዝነበራ ሓያላት መንግስታት ኣብ ልዕሊ ድኻታትን ድኹማትን መንግስታት ዘገድድኦ ተጸጋዕነትን ምትእትታውን፡ ዘይፍትሓዊ ቁጠባዊ ዝምድናታት፡ ፖለቲካውን ባህላውን ዕብለላ፡ ብሓፈሻ ሓድሽ-መግዛእታዊ ፖሊሲ።

በዚ ኽልተ ቀንዲ ምኽንያታት'ዚ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ሳልሳይ ዓለም፡ ብፍላይ ከኣ መብዛሕትኣን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ድልዱል ናጻ ሃገራዊ መንግስታት ኣይተሃንጸን። ደኹን'ምበር ነዚ ውሽጣውን ግዳማውን ብድሆታት ስዒረን ድልዱልን ናጻን ሃገራዊ መንግስታት ክሃንጻን ካብ ድኽነት ክወጻን ክምዕብላን ዝኽእላ ውሑዳት ሃገራት ግን ኣለዋ።

ኤርትራ ብሓሳብን ግብርን ድልዱልን ናጻን ሃገራዊ መንግስቲ ንምህናጽ ኣንቂዳ ዝተበገሰት ሃገር እያ። ነዚ ንምፍጻም ዘለዋ ድልውነት ከኣ ኣብ ናይ ድሕሪ ናጽነት ጉዕዞኣ ኣረጋጊጻ እያ። ከምቲ ኣብ ሃገራዊ ቅዋምን ሃገራዊ ቻርተርን ዝተገልጸ፡ ቀንዲ ባህርያት ናይቲ ኣብ ኤርትራ ንሃንጾ ዘሎና መንግስቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይከኣል፡-

1. ሃገራዊ -- እቲ ዝለዓለን ዝሓየለን ፖለቲካዊ ተማእዛዝነት ንሃገራዊ መንግስቲ ምዃኑ ዘረጋግጽ፤ ኩሉ ናተይ ዝብሎ፡ ንሓደ ዘይቀርቦ ንሓደ ዘይርሕቆ ሃገር ዝሃንጽ፤ ኣብ መትከል "ሓድነት ኣብ ብዙሕነት" ተመስሪቱ ንትምክሕትን ፍርሕን ዘወግድ፤ ማሕበራዊ ስኒት ዝሃንጽ፤ ኣብ ትሕተ-ሃገራዊ ምትእስሳራትን መንነትን -- ናይ ወገን፡ ባህሊ፡ ሃይማኖት.. -- ዝተመስረተ ጉጅላውን ከፋፋልን ፖለቲካ ዘየፍቅድ፤ ኣብ መላእ ሃገር፡ ኣብ ከተማን ገጠርን ሰፊሕ ሰረትን

መርበብን ዘለዎ፤ ኣብ ናይ መሰልን ግቡእን ማዕርነት ዜጋታት ዝተመስረተ፤ ብመገዲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተሳ ታፍነት ዜጋታት ኣብ ምክልኻልን ህንጸትን ሃገር ዘረጋግጽ መንግስቲ።

2. ደሞክራሲያዊ –– ኣብ ልኡላውነት ህዝብን ፖለቲካዊ ማዕ ርነት ኩሎም ዜጋታትን ዝተመስረተ፤ ንህዝቢ ተሓታቲ፣ ድሌቱ ዝፍጽምን ናብኡ ቀረባን፤ ኣብ ሓድሕዱ ብዝመዛዘንን ዝተኸፋፈለን ስልጣን ዝቖመ፤ ሰላማውን ደሞክራሲያውን ምስግጋር ስልጣንን ግዝኣተ-ሕግን ዘውሕስ፤ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ሓርነታትን መሰላትን ዜጋታት ዘኽብር፤ ኣብ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ከም ኣቓሚ መትከል ዝተመስረተ፤ ኣብ ረብሓን ርድየትን ህዝቢ ዝተሰረተን ኣብ ደገፉን ተሳታፍነቱን ዝምርኮስን፤ ውሑዳት ስልጣን ዝብሕትሉ ኩነታት ብምፍቃድ ህዝቢ ካብ ፖለቲካን ስልጣንን ከም ዝግለል ዘይገብር መንግስቲ ።

3. ማሕበራዊ ፍትሒ – ህዝቢ ተኻፋሊ ጸጋታት ሃገር ዝኾነሉ ምዕሩይ ምዕባሌ ዘረጋግጽ፤ ብግብሪ ናይ ሓባር ሃገር፣ ኩሉ ዝረብሓሉ ሃገር ዝምስርት፤ ንኹሎም ዜጋታት ምዕሩይ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ ዕድላት ዘውሕስ፤ ኣብ መንጎ ከተማ-ገጠር፣ ማእከል-ወሰናስን፣ ዕድል ዝረኸበ-ዕድል ዘይረኸበ ዘሎ ጋግ ብቐጻሊ ዘጽብብ፤ ቁጠባውን ማሕበራውን ባህላውን መሰላት ዘረጋግጽ መንግስቲ።

4. ብቑዕ ቅዋማዊ ትካላት –– ብመሰረት ቅዋም ብቑዕ ሓጋጊ፣ ፈጻሚ፣ ፈራዲ ኣካላት ዘለዎ፤ ትካላት ንኽብርታትን መትከላትን ነገራዊ ሓይሊ ዝህቦ ውዳቤታት ስለ ዝኾነ፣ ብቑዕን ኣድማዕን ትካላት ኣብ ኩሉ ዓውድታት ዝሃንጽ፤ ብቐጻሊ ዘበናዊ ጥበብ ምሕደራን ኣሰራርሓን ብምትእትታው ትካላዊ ዓቕሙ ዘደንፍዕ፤ ኣድማዕነት፣ ጽፈት፣ ንርእይቶን ድሌትን ህዝቢ መላሲ ምኳን፣ ግሉጽነትን ተሓታትነትን ዝመለለይኡ ማዕባሊ ሃገራዊ ትካላት ዘኾስኩስ መንግስቲ።

5. ርእሰ-ምርኮሳን ፖለቲካዊ ናጽነትን -- ኣብ ኩሉ ዓውድታት ርእሰ-ምርኮሳ፡ ማለት ናይ ኣብ ርእሽኻ-ምትእምማንን ዓቕምታትካ ምምዕባልን ክትገብር ምኽኣልን ኩነተ-ኣእምሮ ዝኹስኩስ፤ ናይ ኣተሓሳስባ ናጽነት፡ ዓበይቲ መደባት ናይ ምብጋስን ምፍጻምን ድፍረትን ዓቕምን ዘለዎ፤ ናይ ፖሊሲታትን ፕሮግራማትን ካብ ምንቃሉ ክሳብ ምፍጻሙ ሃገራዊ ዋንነት ዘረጋግጽ መንግስቲ።

6. ፖለቲካዊ ባህሊ -- ናይ ተኻፋልነት፡ ነቐፌታ፡ ተሓታትነት፡ ግሉጽነት፡ ሓባራዊ መረዳእታ... ደሞክራሲያዊ ባህሊ ዝሃንጽ፤ ባህሊ ምኽባር ሕጊ ዝኹስኩስ፤ ኣብ ክብርታት ሃገራውነት፡ ርእሰ-ምርኮሳ፡ ማዕርነት፡ ፍትሒ፡ ሓርነት፡ ሰብኣውነት... ዝተመስረተ ፖለቲካዊ ባህሊ ዘማዕብል፤ ንኣፍራስን ኣሉታውን ናይ ምጉጅጃልን ምንቛትን ቅርሕንትን ምትህልላኽን ዝንባሌታት ብምውጋድ፡ ኣብ ኣወንታውን ሃናጽን ናይ ሓድነትን ልዝብን እምነትን ምጽውዋርን ክብርታት ዝተመስረተ ፖለቲካዊ ባህሊ ዝሃንጽ፤ ትካላትን ሰብ-ስልጣንን ብግሉጽነትን ተሓታትነትን ዝሰርሑ፡ ካብ ህዝቢ ከይንጸሉ ናብ ህዝቢ ቀረባ ዝገብሮም ባህሊ ዘማዕብል መንግስቲ።

7. ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር -- ሃገራዊ ረብሓን ናጽነትን ዘኽብር፤ ኣብ ማዕርነትን ሓባራዊ ረብሓን ዝተመስረተ ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር ዝሃንጽ፤ ኣብ ሰላማዊ ሓባራዊ ህላዌን ሓድሕድ ምክብባርን ዝተሰረተ ሰፊሕ ዝምድናታት ዘማዕብል፤ ንምህናጽ ሃገርን ቁጠባውን ባህላውን ምዕባሌን ዝድርኽ ናይ ንግድን ወፍርን፡ ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ምትሕብባር ዘስፍሕ መንግስቲ።

እዚ ቀንዲ መለለይ ባህርያት ናይ’ቲ ኣብ ኤርትራ ክንሃንጾ ተበጊስናሉ ዘሎና ሃገራዊ መንግስቲ’ዩ። ብሓጺሩ፣

- ጸጥታን ቅሳነትን ሃገር ዘውሕስ፤
- ሰላምን ድሕነትን ዜጋታት ዝሕሉ፤
- መሰል ዜጋታትን ግዝኣተ-ሕግን ዘኽብር፤
- ኣብ ርድየትን ተሳትፎን ህዝቢ ዝተመስረተ ሕጋውነት ዘለዎ፤
- ማሕበራዊ ስኒት ዘደንፍዕ፤

ርጉእን ድልዱልን ሃገራዊ መንግስቲ ክንሃንጽ ተበጊስና ኣ ሎና።

ናብኡ ንምብጻሕ ግን ነቲ ኣብ’ቲ መስርሕ ዝገጥመና ብርቱዕ ብድሆታት ክንገጥሞን ክንስዕሮን ኣሎና። እቲ ቐንዲ ብድሆታትና ከኣ እዚ ዝስዕብ’ዩ፡-

1. ትሕተ-ሃገራውነት -- እቲ ቀንዲ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ብድሆ ንምህናጽ ሃገራዊ መንግስቲ፣ እቲ ፈጺሙ ዘይበለየን ጸጺኒሑ ዝደግስን ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታትን ተግባራትን እዩ። ትሕተ-ሃገራውነት ብዅሉ መልክዓቱ -- ትምክሕቲ፣ ዕብለላ፣ ጸቢብነት... -- ቀንዲ ውሽጣዊ ዕንቅፋት ንሃገራውነት’ዩ። ከም ኣብ ታሪኽና ብተደጋጋሚ ዝረኣናዮ ኸኣ፣ ትሕተ-ሃገራውነት፣ ሓድነት ህዝቢ ከፋፊሉ ናብ ምጉጅጃልን ጽልእን ሓድሕድ ምንቋትን ዝመርሕ፣ ንረብሓ ጸላኢቲ ዘገልግል ሰራም ተርእዮ’ዩ። ስለ’ዚ ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ንምህናጽ፣ ንትሕተ-ሃገራውነት ፈጺሙ ዘይጻወር፣ ንዅሉ መርኣያታቱ ብዘይ ንሕስያ ዝምክት ቀጻሊ ቃልሲ ክካየድ ኣለዎ። ሓያል ውሽጣዊ ስምረትን ማሕበራዊ ስኒትን ኣብ ዘለዎ ሕብረተሰብ ዝተሰረተን ብመትከል ሓድነት ኣብ ብዙሕነት ዝምራሕን ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ንምህናጽ፣ ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሂወትን ትካላትን ትሕተ-ሃገራውነት መእተዊ ፈቓቕ’ውን ቶኹን ንኸይረክብ ብጽንዓትን ትኩርነትን ምቅላስ የድሊ።

2. ግዳማዊ ተጻብኦ -- ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ንምህናጽ ኣብ እንካይዶ ዘሎና ጻዕሪ ካብ ግዳም ዝመጽእ ተጻብኦታት ዓቢ ብድሆ ምዃኑ ብሕልፊ ድሕሪ 1998 ተሞኩርናዮ ኣሎና። ኤርትራ ከም ናጻ መንግስቲ ካብ እትቐልቀል ኣትሒዛ፡ ብህርፋን ዕብለላ ዝድረኽ ቀጻሊ ዞባዊ ተጻብኦታት ክገጥማ ጸኒሑ'ሎ። ካብኡ ሓሊፉ ድማ፡ ብርእሰ-ምርኮሳ ዝምራሕ ናጻ ጎደና ምዕባለ ምምራጽና ዘይማእምኦም ገለ ኣህጉራዊ ሓይልታት ጸቕጥን ምትእትታውን ክገብሩ ተራእዮም። እዚ ብስም ደሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ዝተጎልበበ ምትእትታው'ዚ፣ ብምርጫናን ኣስጉማናን ንኸይንኸይድ ዕንቅፋት ክኸውን ጸኒሑ'ዩ። ስለ'ዚ ካብ ርሑቕ ይኹን ቀረባ ንዝመጽእ ግዳማዊ ተጻብኦታት ገጢምና፡ ሃገራዊ ረብሓናን ናጽነትናን እናተኸላኸልና ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ክንሃንጽ ኣሎና።

3. ጸቢብን ጽግዕተኛን ረብሓታት -- ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ፡ ኣብ ናይ ውሑዳን ጉጅለታት ሕብረተሰብ ጸቢብን ጽግዕተኛን ረብሓታት ክምስረት ከም ዘይክእል ተመክሮ ብዙሓት ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ኣረጋጊጽዎ'ዩ። ኣብ ኩነታት ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ናይ ውሑዳት ሃብታማትን ሰበ-ስልጣንን ጸቢብ ረብሓታት ጽግዕተኛ ኣብ ባዕዳዊ ረብሓታት ስለዝኾነ፡ ብስሩ ኣንጻር ሃገራዊ ረብሓ'ዩ። ብውሽጢ ብሰሪ ጽበቱ ሃገራዊ መሰረት ስለ ዘይብሉ ምስሌነ-ባዕዲ ኮይኑ ንባዕዳዊ ረብሓታት ዘሳሲ ጽግዕተኛን ድኹምን'ዩ። ስለ'ዚ ሃገራዊ ረብሓ ዝሕሉን ዘደንፍዕን ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ክሃንጽ ዘኽእሎ ዓቕሚ የብሉን። ከምዚ ዝኣመሰለ ጸቢብን ጽግዕተኛን ረብሓታት ዓብላሊ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት ከኣ፡ ንባዕዳዊ ረብሓን ምትእትታውን ዘገልግልን ሃገር ዘዕኑን ብልሽውናን ምክፍፋላትን ይነግስ። ስለ'ዚ ሃገራዊ ረብሓ ዝሃንጽን ዘደንፍዕን ኣብ ረብሓ ዝበዝሕ ክፍልታት ሕብረተሰብ ዝተመስረተ ሰፊሕን ተሪርን ማሕበራዊ ሰረት ዘለዎን ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ንምህናጽ እምበኣር ኣንጻር ጸቢብን ጽግዕተኛን ረብሓታትን ኣረኣእያታትን ብጽኑዕ ምቅላስ የድሊ።

4. ዕንቅፋታት ንደሞክራሲያዊ ስርዓት -- ኣብ ሕብረተሰብና ንምህናጽ ኣሳታፊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ዝጻረርን ዝዕንቅፍን ዝተፈላለየ ረብሓታትን ዝንባሌታትን ኣሎ። እናተዳኸመ ይኸይድ'ኳ እንተሎ፡ ኣብ ያታዊ ባህሊ ሕብረተሰብና፡ ንተራ ሓፋሽ ዘቒናጽብን ንልዕልና ውሑዳት ርኹባት ዘረጋግጽን መስፍናዊ ኣረኣእያታት፡ ንማዕርነትን ተሳታፍነትን ደቀንስትዮ ዝጻረር ኣባታዊ ባህሊ፡ ንስነ-ፍልጠታውን ገስጋስን ኣረኣእያታት ዝጻባእ ኣብ ማሪትን ድሑር እምነታትን ዝተመስረተ መስፍናዊ ባህሊ፡ ... ኣቃሊልካ ዘይረአ ዕንቅፋታት ንደሞክራሲያዊ ምዕባሌ'ዩ። ብኻልእ መዳይ፡ ንደሞክራሲ ከም ቅጥዕታት ጥራይ ብምርኣይ ንትሕዝቶ ዘለዎ ኣሳታፊ ደሞክራሲ ዝጻባእ ብቐንዱ ብደገ ዝድፋእ ኣብ ገለ ክፍልታት ሕብረተሰብና ጽልዋ ዘለዎ ጸቢብ ኣረኣእያታት'ውን ኣሎ። ንትርጉም ዘለዎ ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ህዝቢ ዝድርት ቢሮክራሲያዊ ኣጠማምታን ኣሰራርሓን'ውን ካልእ ዕ ንቅፋት ንደሞክራሲያዊ ምዕባሌ'ዩ። ስለ'ዚ ነዚ በበይኑ ዕንቅፋታት'ዚ ብቐጻሊ እናተቓለስካ ኣሳታፊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ንምህናጽ ምጽዓር ቀሊል ዕማም ኣይኮነን።

5. ሓፈሻዊ ድሕረት -- ካብ ብድኽነትን ድንቁርናን ሕማምን ዝግለጽ ሓፈሻዊ ድሕረት ኣብ ዘይተገላገለ ሕብረተሰብ ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ምህናጽ ስለዘይክኣል፡ ሓፈሻዊ ድሕረት ከቢድ ብድሆ ንምህናጽ መንግስቲ'ዩ። ስለ'ዚ ምህናጽ ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ጎድኒ-ጎድኒ ምምካት ድኽነትን ድንቁርናን ሕማምን ክሰላሰል ኣለዎ። እዚ ማለት ድልዱል መንግስቲ ካብ ድሕረት ንምውጻእ ዘገልግል ሓያል መሳርሒ'ውን ስለ ዝኾነ፡ ልምዓት ዝድርኽ ሃገራዊ መንግስቲ ምህናጽ የድሊ።

6. ክብደት ዕማም -- ኣብ ሃገራት ምዕራብ ሃገራዊ መንግስታት ዘበናት ኣብ ዝወሰደ ደፋእታዊ መስርሕ፡ ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ዕማም እናተሰላሰለ'ዩ ተሃኒጹ።

ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን ግን፣ እቲ ኣብ ዘበናት ዝተሰላሰለ ዕማማት ምህናጽ መንግስቲ ብሓንሳብን ኣብ ሓጺር ግዜን ክፍጸም ዘገድድ ኩነታት'ዩ ዘሎ። ነዚ ብግዜን ዕማማትን ዝተሰገደ መስርሕ ብዓወት ንምክያድ ዝሕተት ጻዕርን ጽንዓትን ጸጋታትን ጥበብን ከኣ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። ስለ'ዚ ነዚ ብድሆ'ዚ ገጢምና ኣብ ሓጺር ግዜ ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ክንሃንጽ ብቑዕ ውዳቤን ቀራጽነትን ዘይስልኪ ጻዕርን ከም ዝሓተና ብሩህ'ዩ።

7. ድሩትነት ዓቕሚ ውዳቤ -- ምስ ሓፈሻዊ ድሕረት ዝተኣሳሰር ኣብ ሕብረተሰብና ድሩትነት ዓቕሚ ውዳቤን ምሕደራን ኣሎ። ኣብ'ዛ ቅልጡፍን ዝተወሳሰበን ለውጥታት ዝረኣያ ዘበናዊት ዓለም ተወዳዲርካ ንምንባርን ንምስሳንን ግዚፍን ዝተሓላለኸን ውዳቤታት ምህናጽን ምክያድን፣ ዝተራቐቐ ጥበብ ምሕደራ ምምላኽን ከም ዘድሊ ፍሉጥ'ዩ። ቀንዲ ካብኡ ኸኣ ምህናጽን ምክያድን ድልዱልን ኣድማዕ ን መንግስትን ትካላቱን ስለ ዝኾነ፣ ነዚ ዘገልግል ዓ ቕሚ ውዳቤን ምሕደራን ምምዕባል የድሊ። ስለ'ዚ ኣብ ሓርነታዊ ሰውራን ምህናጽ ሃገርን ከነማዕብሎ ክኢልና ዘሎና ዓቕሚ ውዳቤ መበገሲ ብምግባር፣ ሰፊሕ ዓቕሚ ውዳቤ ንምጥራይን ዘበናዊ ጥበብ ምሕደራ ንምምላኽን ቀጻሊ ጻዕሪ ምግባር ይግባእ።

ነዚ ዝዘርዘርናዮን ካልእን ብድሆታት ከይገጠምናን ከይሰገርናን ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ክንሃንጽ ኣይንኽእልን ኢና። እዚ ብድሆታት'ዚ ግን ሓንሳብ ምስ ተገጥመን ምስ ተሳዕረን ዘብቅዕ ከም ዘይኮነ ምስትውዓል የድሊ። ምኽንያቱ፣ ኣብ መስርሕ ምዕባሌ ኣብ በበይኑ መድረኻት ብበበይኑ መልክዓት እዩ ዝግሃድ። ስለ'ዚ ነዚ ብድሆታት'ዚ ብቐጻሊ ንምልላዩን ንምቅላሱን ንምእላዩን ዘኽእል ትካላዊ ፖለቲካዊ ውሕስነት ክረጋገጽ ኣለዎ። ነዚ ንምርግጋጽ ከኣ እቲ መሰረታዊ መሳ ርሕን ውሕስነትን ህዝባዊ ግንባር ዝማእከል-ስሕበቱ ኣሳታፊ ደሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ መሳርሒ ምህናጽ'ዩ።

ብሓጺሩ፣ ከም ዝለዓለ ፖለቲካዊ ውዳቤ መጠን፣ ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ፣ ምስ እንሃንጽ ጥራይ’ዩ መጻኢ ህዝቢ ኤርትራ ዘተኣማምን ዝኸውን።